# መቓልሕ ትግራይ

ብቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ በብኽልተ ሰሙን ዝሕተም ጋዜጣ 15 ሓምለ 2012 ዓ/ም ሕታም 635 ብነፃ ዝዕደል




## ኮሚሽን መረፃ ትግራይ ስርሑ ብዕሊ ጀሚሩ

ብይርጋ ኣብርሃ

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣዋጅ መረፃ ትግራይ 2012 ዓ/ም ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቑፅሪ 351/2012 ብመሰረት ዘሕለፎ ውሳነ ኣመራርሓ ስራሕ ኮሚሽን መረፃ ትግራይ ስርሑም ብዕሊ ጀሚሮም።

ህዝቢ ትግራይ መንነቱ ንምዕቃብን መእንተ ሰላም ልምዓት ዴሞክራሲን ብዝኸፈሎ ከቢድ መስዋእቲ ሉኣላዊ በዓል ዋና ፖለቲካዊ ስልጣን ክልሉ ክኸውንን ኣብ ውሽጢ ብሄራዊ ክልሉ መሰል ዓርሰ ውሳነን ምሕደራን ከይተሸራረፈ ክረጋገፀሉን ኣብ ሕገ መንግስቲ ብግልፂ ዝተደንገገ ከምዝኾነ እቲ ቤት ምኽሪ ኣፍሊጡ።

መሰል ዓርሰ ውሳነን ምሕደራን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ዘይግደብ ሕገ መንግስታዊ ውሕስና ዘለዎ መትከል ከምዝኾነ እውን እቲ ኣዋጅ ግልፂ ጌሩ።

ብመሰረት እዙይ ሕፁያት ኣባላት ኣመራርሓ ስራሕ ዝምልምል ዘይኣድላዊ ኮሚቴ ከጣይሽ ብመሰረት ዝወፀ ኣዋጅ ካብ ጉባኤ ትካላት ሃይማኖት ትግራይ ክልተ፣ ካብ ማሕበር ሰራሕተኛታት ትግራይ ሓደ፣ ካብ ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበረትን ትግራይ ሓደ፣ ካብ ሲቪል ማሕበራት ኣርባዕተ፣ ካብ ቤት ምኽሪ ዘፈር ማሕበራት ትግራይ ሓደ ሰብ ዘካተተ

ናብ ገፅ 4 ይዘውር



## ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብሄር መሰረት ዝገበረ ኩለመዳያዊ ጥቕዓት ደው ክብል ይግባእ ኢሉ

ብይርጋ ኣብርሃ

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ነቲ ብኣምር "ብድሕረይ ዳንዴር ኣይትብቆላ" እና ተመርሐ ብደምን ዓፅምን ጀጋኑና ዝተነደቐ ሕገ መንግስትናን ሕብረ ብሄራዊ ፌዴራላዊ ስርዓትናን ብዘይዕረፍቲ ሃደሽደሽ የብሎ ዘሎ ፅግዕተኛ ጉጅለ ብልፅግና የካይዶ ዘሎ ኩለ መዳያዊ መጥቃዕቲ ደው ክብል ውሳነ ኣመሓላሊፉ።

እቲ ቤት ምኽሪ ኣብዚ ቕነ ኣብዘካየዶ ጉባኤኡ ዘመሓላለፎ ውሳነ ቑፅሪ 05/2012 ህውከትን ዕግርግርን ከም መሳልል ተጠ ቒሙ ፖለቲካዊ ስልጣን መንግስቲ ፌደራል ዝተ ቖፃፀረ ፅግዕተኛ ጉጅለ ኢትዮጵያ ካብ ሃዲድ ልምዓት፣ሰላምን ዴሞክራስን ኣውፂኡ ናብ ዝተ ማልአ ፖለቲካዊ ቅልውላው ንኸትኣቱ ምስ ውሽ ጣውን ደጋውን ፀረ ሰላም ሓይልታት ተዋዲዱ ካብ ዝሰርሕ ዛጊድ ልዕሊ ክልተ ዓመታት ኣቝፂሩ ኣሎ። እዚ ፅግዕተኛ ጉጅለ ብኣምር "ብድሕረይ ዳንዴር ኣይትብቆላ" እናተመርሐ ኣብ ዝሓለፉ ልዕሊ ክልተ ዓመታት ፃንሒት ስልጣኑ ብደምን ዓፃምን ጀጋኑ ዝተሃነፀ ሕገ መንግስትን ሕብረ ብሄራዊ ስርዓት ፌደራሊዝምን ብዘይ ዕረፍቲ ሃደሽደሽ ከብሎ ፀኒሑን ይቕፅለሉን ኣሎ። ሙሉእ ትሕዝቶ፡-

ናብ ገፅ 9 ይዘውር



ሓላፊ ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን ክልል ትግራይ ዶክተር ኣትኩት መዝገቦ

## ኣብ ትግራይ "ወፍሪ መለስ ንሓምለዋይ ልምዓት" ብዝብል መሪሕ ቃል ልዕሊ 80 ሚልዮን ፈልስታት ምትካል ተጀሚሩ

ብ ብርሃኑ ታደለ

ብደረጃ ትግራይ ሎሚ ዘበን ከይዲ ተኸላ ልዕሊ 80 ሚልዮን ፈልስታት ከምዝካየድ ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን ክልል ትግራይ ኣፍሊጡ።

እቲ ተኸላ ፈልሲ ንምክያድ ህዝቢ ካብ ሰናይ ሓጋዩ ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ፈልስታት ዝትከልሉ ጎዳጉዲ ኣብ ምኹዓትን ተፀሚዱ ሃፍቲ

ናብ ገፅ 4 ይዘውር



መረፃ 2007 ዓ/ም ብከፊል (ፋይል)

## ኩሉ ነገር ትሕቲ ህዝቢ ትግራይ ብምኳኑ መረፃ ትግራይ ዕውት ክንገብሮ ኢና ክብላ ተናሓናሕቲ ፖለቲካዊ ውድባት ገሊፀን

ብመስፍን ገ/ትንሳኤ

ህዝቢ ትግራይ ብቃልሱ ዘረጋገፆ መግለፂ ዓርሰ ውሳኒኡ ዝኾነ 6ይ ዙር ክልላዊ መረፃ 2012 ዓ/ም፣ ንምዕዋት ዝገብሮ ዘሎ ምርብራብ ኣብ ሽትኡ ንክበፅሕ እጃምና ክነወፊ ኢና ክብላ ብሕጋዊ መንገዲ ዝቃለሳ ኣርባዕተ ውድባት ገሊፀን።

ናብ ገፅ 2 ይዘውር

ዝኸበርኩም ተገልገልትና

እዋናውን ተኣማንን ዜና ካልኦት ዓበይቲ ሓበሬታታት ህዝብን ክልል

ትግራይን ሃገርን ዓለምን ተኸታቲልኩም like, share comment ብምግባር ንክትሳተፉ ንዕድም ።

Facebook: https://www.facebook.com/TigrayCAB/

Youtube: Tigray Communication Affairs Bureau

Twitter: https://twitter.com/TigrayCAB

ወጋሕታ ምዕራፍ ብራኸ ትግራይ ንኪጋሃድ፣ ኮሮና ቫይረስ ንመክት !

# ቅንያት ወረዳታት

## ኣላማጣ

**ኣብ ከተማ ኣላማጣ ፀገም ቁጠባ ንዘለዎም 320 ተመዛበልቲ መራሕቲ ስድራ 2.1 ሚልየን ብር ሓገዝ ከምዝተወሃበ ቤት ፅሕፈት ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ጉዳይን እታ ከተማ ኣፍሊጡ።**

ኣብቲ ቤት ፅሕፈት ኣተሓባባሪት ጉጅለ እንዳስትሪያላዊ ሰላም ወ/ሮ ፀጋ ገ/ማርያም ከምዝበለኦ፣ እቲ ዝተገበረ ደገፍ፣ ካብ ሰብ ሃፍቲ ትግራይ ዝተረኸበ ኮይኑ፣ ካብ 2010 ዓ/ም መወዳእታ ክሳብ 2011 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ጊዜ ኣብ ሃገርና ኣጋጢሙ ብዝነበረን ዘሎን ፖለቲካዊ ቅልውላውን ዘይምርግጋዕን ኣብ ካልኦት ክልላት ሰሪሖም ንዓርሶም ኮይኖም፣ ሃገሮም ኣብ ምልማዕ ዝነበሩ ተጋሩ ብዘርኦም ዘጋጠሞም ምግላል፣ ምብስባስ፣ ወራር ንብረትን መቅተልትን ሂወቶም ንምድሓን ንብረቶም ራሕሪሖም ናብ ክልሎም ዝተመለሱ ወገናት ዝተወሃበ እዩ፡፡

ገለ ተሓገዝቲ ብወገኖም፤ ዝተገበረሎም ሓገዝ ዓለም ብቫይረስ ኮሮና ኣብ ትፍተነሉን ኩሉ ዓይነት ስራሕ ኣብ ዝተሓተሉ ጊዜ፣ ሰብ ሃፍቲ ካብታ ዘለቶም ነክዮም መንግስቲ እውን ካብዙይ ዝዓቢ ንድሕንነት ሃለዋትን ትግራይን ህዝባን ዝፈታተነኒ ፀላኢ ኣለኒ ከይበለ ፈለማ ንምድሓን ሂወት ፅጉማት ወገናት ሂቡ ኣብ ጎንኩም ኣለና ምባሎም ከምዘሐጎሶምን ንቑፃሊ ንዓርሶም ኮይኖም ንህዝቦም ንምኽኣን ዝካኣሎም ኩሉ ከምዝሰርሑን ገሊፆም፣ ክትብል ክኢላ ፕረስ ቤት ፅሕፈት ርክብ ህዘብን መንግስትን ከተማ ኣላማጣ መናል ኢብራሂም ፀብፂባ፡፡

## ዞባ ደቡብ

ኣብ ዞባ ደቡብ ትግራይ ሎሚ ዘበን 144 ሽሕ ተሓራሲ መሬት ብዘራእቲ ብምሽፋን 4 ነጥቢ 2 ሚልዮን ኩንታል እቶት ንምሕፋስ ይስራሕ ምህላው ቤት ፅሕፈት ሕርሻን ገጠር ልምዓትን እቲ ዞባ ኣፍሊጡ፡፡

ሓላፊ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣይተ ሃይለ ታደለ ከምዝበልዎ፤ እቲ እቶት ንምሕፋስ ካብ ሓደ ሄክታር 29 ኩንታል ንምርካብ ዝተተለመ ኮይኑ፤ እዚ ንምርካብ 76 ሽሕ ኩ/ል መዳበርያ ተዳሊዉ ካብዚ ልዕሊ 40 ሽሕ ኩንታል ኣብ ጥቕሚ ዊዒሉ፡፡ ኮይኑ ግና ኣብ ራያ ኣላማጣን ራያ ዓዘቦን ሓረስታይ ዘበናዊ ድኹዒ ንክጠልብ ይስራሕ ኣሎ፡፡

ብመዳይ ሙሩፅ ዘርኢ እውን ካብ ሓረስታይ ናብ ሓረስታይ ዝቀባበሎም ዘርእታት ፅሬቶም ዝሓለዉ ሙሩፃት ዘርእታት ክኾኑ ከምዘለዎምን ሓረስታይ ማዕዳ ክኢላታት ክቕበል ከምዘለዎን እቶም ሓላፊ ብምሕባር፤ መንግስቲ ዝሓሸ እቶት ዝርከበሎም ሙሩፃት ዘርእታት ስርናይ 580 ኩንታል ኣዳሊዉ፣ ገሊኡ ሙሉእ ብሙሉእ ዝተጠለበ እንትኾን ገሊኡ ኣብ ጠለብ ክፍተት ብምህላው ክኢላታትን ዝምልከቶም ኣካላት ክሰርሕሉ ይግባእ ኢሎም፡፡

ኣብ ቆላታት ዞባ ደቡብ ዝሓሹ ስራሕቲ ጠሊ ምዕቃብ ይስርሑ ኣለዉ ዝበሉ እቶም ሓላፊ ብፍላይ ኣብ ራያ ዓዘቦ ከም ክልል ተመኩሮ ዝኾን ስራሕቲ ጠሊ ምዕቃብ ይስራሕ ከምዘሎን እዚ ብምኺኑ ክልል እውን ነዚ ሓጋዚ ምኺንን ናብ ኩሉ ክሰፍሕ ንምግባርን ብማሽናት ዝስርሑ ስራሕቲ እንተሃልዮም ሓገዝ ንክገብርሎም ከፍልጥዎም ከምዝገለፅሎም ኣረዲኦም፡፡

## ማልት

ማሕበር ልምዓት ትግራይ 1 ነጥቢ 2 ሚልዮን ኣባላት ብምፍራይ ኣብ ዓለምና ተመሳሳሊ ተግባር ካብ ዝዓማ ማሕበራት ሓንቲ ምኺና ቤት ፅሕፈት ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡

ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበር ልምዓት ትግራይ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ርክብ ህዝቢ ኣይተ ሙሉጌታ በላይ ከምዝበልዎ፤ እታ ማሕበር ብኣባላታ ዝተጣየሸት ካብ ፖለቲካውን ሃይማኖታዉን ዘርእን ናፃ ዝኾነት ዘይመንግስታዊ ትካል ማልት፣ ዉራያት ስራሕቲ መሰረተ ልምዓት ትምህርትን ጥዕናን ንምውጋን ካብ ኣባላታን ደገፍታን ገንዘብን ንዋትን ኣኪባ ንህዝባ ተጠቀምቲ ትገብር ትካል እያ፡፡

ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣብ ሃገርና ካብ ዝርከቡ ተመሳሰልቲ ማሕበራት ዝፈልያ ልዕሊ 1 ነጥቢ 2 ሚልዮን ስሩዓት ኣባላት ኣብ ጎና ክስለፉ ብምግባራ እዩ፡፡ እዚ ድማ ኣብ ዓለም ካብ ዝርከባ ዓበይትን ጠንካራታትን ተመሳሰልቲ ዘይመንግስታዊ ትካላት ሪጋ ከምትስለፍ እቶም ዳይሪክተር ገሊፆም፡፡

በዝሒ ስሩዓት ኣባላት እታ ማሕበር ምስ በዝሒ ህዝቢ ትግራይ እንትነፃፀርን ኢሉ እውን ዓመታዊ ክፍሊት እናኸፈለ ግቡኡ ዝዋፃእ ዘሎ ኣዝዩ ትሑት እዩ፡፡ እዚ ንምዕባይን እቲ ዘሎ ኣባል ብዕፅፊ ከውስክ ንምግባርን ምስ ህዝቢ ትግራይ ብምኺን ብዕቱብ ከምዝስራሕ ኣይተ ሙሉጌታ ኣመላኺቶም፡፡

ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ኣብ ምስታፍ ዘሎ ህዝቢ ትግራይ ከም ተምሃራይ፣ ሰራሕተኛታት መንግስትን ውልቀ ትካላትን፣ ነጋዶ፣ ሰብ ሃፍቲ፣ ሓረስታይን ነበርቲ ከተማታትን ብሓፈሻ መላእ ህዝቢ ትግራይ ምልክት ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ዝኾነት ማሕበር ልምዓት ትግራይ ስሩዕ ኣባል ብምኺን እታ ኩላትና ንብህጋ ምዕብልቲ ትግራይ ንምፍጣር ትዓሞም ዘላ ልምዓታዊ ንጥፈታት ብምድጋፍ ዜግነታዊ ግቡኡ ንክዋፃእ እቶም ዳይሬክተር ፃዊዒቶም ኣቕሪቦም፡፡

## ዕዳጋ ዓርቢ

**ማእኸል እታወታትን ግልጋሎትን ሕርሻ ምምሕዳር እንዳባፃሕማ ዕዳጋ ዓርቢ ስርሑ ጀሚሩ።**

**እቲ ማእኸል ፀገም እታወታትን ቀረብን ሕርሻ ሓረስቶት ክቐርፍ ትፅቢት ዝግበረሉ ማእኸል እታወታትን ግልጋሎትን ሕርሻ ምምሕዳር እንዳባፃሕማ ዕዳጋ ዓርቢ ብዕሊ ተመሪቑ ንግልጋሎት ክፉት ከምዝኾነ ቤት ፅሕፈት ርክብ ህዝብን መንግስትን እታ ወረዳ ኣፍሊጡ።**

**ነቲ ማእኸል ብዕሊ ዝኸፈቱ ምኽትል ከንቲባ ምምሕዳር እንዳባፃሕማ ዕዳጋ ዓርቢ፣ ኣይተ ፍረ ዘለቀ እቲ ማእኸል ግልጋሎት እታወታት ሕርሻ ኣብቲ ከባቢ ንዘለዋ ወረዳታት እውን ዘገልግልን ኣብ ሓረስታይ ስግግር ሕርሻ ንከረጋግፅ ዝሕግዝን ከም ዝኾነ ተዛሪቦም።**

**ኣመሓደርቲ ዝተፈላለያ ጣብያታት ማእኸላውን፣ ምስዕማን ኣይተ ተጠምቀ ገ/መድህንን ሓለቓ ሓምሳ ሙሉ ግርማይን ኣብ ዝሃቡዎ ሪኢቶ ቅድም ክብል ሓረስታይ ከባቢኦም ቀረብ ፅሬት ዘለዎ እታወታት ሕርሻ የጋጥሞ ከምዝነበረ ብምሕባር፣ እቲ ዝተመረቐ ማእኸል ግልጋሎት እታወታት ሕርሻ ዕዳጋ ዓርቢ ነቲ ፀገም ክፈትሕ ትፅቢት ከምዝግበረሉን ነተን ብሓዱሽ ውዳበ ዝተጣየሻ ወረዳታት እውን ግልጋሎት ዝህብ ከምዝኾነን ከምዘሐጎሶም ኣመልኪቶም።**

**ወናኒ እቲ ትካል ኣይተ ኤርሚያስ ኣለምሰገድ ብወገኖም እቲ ማእኸል ምስ ኤጀንሲ ትራንስፎርሜሽን ሕርሻ ብምትሕብባር ምጥያሹ ኣብ ወረዳ ወርዒ ለኸ ዝህሉ ፀገም ቀረብ እታወታት ሕርሻ ዝፈትሕ ከምዝኾነን ቀረብ ምሩፅ ዘርኢ፣ ዝተፈላለዩ ፀረባልዕ ኬሚካላት፣ መድሓኒት እንስሳትን ቀረብ ናውቲ ሕርሻን ብምምላእ ኣብ ሓረስታይን ሕርሻን ትራንስፎርሜሽን ንምርግጋፅ ዝሕግዝ ምኺኑ ኣረዲኦም። እቲ እታወታት ምስቲ ዝህልዎ ፅሬት ንዓቕሚ ምግዛእ ሓረስታይ እቲ ከባቢ ዘገናዘበን ብተመጣጣኒ ዋጋ ዘቕርብን ከምዝኾነ ሓቢሮም።**

**ኣብቲ ስነ ስርዓት ምጅማር ስራሕ እቲ ማእኸል ካብ ኤጀንሲ ትራንስፎርሜሽን ሕርሻ ትግራይ፣ ካብ ምምሕዳር ዞባ ማእኸልን ሓረስቶትን ኣመራርሓን እቲ ከባብን ዝተረኸቡ ዕዱማት ተሳተፍቲ ምንባሮም ኪኢላ ፕረስ ምምሕዳር እንዳባፃሕማ ዕዳጋ ዓርቢ ወልደሃዋርያ ግደይ ፀብፂቡ።**

## ኩሉ ነገር ትሕቲ ህዝቢ ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

እተን ውድባት ኩሉ ነገር ትሕቲ ህዝቢ ትግራይ ምኺኑ ተገንዚብና፣ 6ይ ዙር መረፃ ሰላማዊ፣ ነፃ ፣ ግልፂ፣ ዴሞክራሲያዊ፣ ሕጋውን ተኣማንን ኾይኑ ንክዛዘም እጃምና ክነወፊ ኢና ክብላ ንልሳን መቓልሕ ኣፍሊጠን።

ሓላፊ ዘርፊ ህንፀት ኣባላት ፕሮፖጋንዳ ቤት ፅሕፈት ህወሓት ኣይተ ኣብራሃ ኣማረ፣ ባዓል ዋና መረፃ ህዝቢ ትግራይ እዩ፡፡ ቃልሲ እንትፍልም ባዕልኻ ንባዕልኻ ንምውሳን ዘረጋገፆ ዕላማታት መሰል ዓርሰ ውሳንኡ ናብ ዘተኣማምን ሓድሽ ምዕራፍ ክሰጋገር ይሰርሕ ኣሎ። ህዝብና ዝተዓወተሎምን ኣብ ከይዱ ብቃልሲ ከረጋግፆም ዝደሊ ረብሓታትን በየናይ መንገዲ ከይዱ፣ ኣብ ሽቶኦም ንምብፃሕ ክልላዊ መረፃ 2012 ዓ/ም ምዕዋት ወሳናይ እዩ። ካብቶም ዝሓለፉ መረፃታት ፍሉይ ፍፃመን ስለዝኾነ ፖለቲካዊ ውድባት ኩሉ ነገር ትሕቲ ህዝቢ ትግራይ ምኺኑ ተገንዚበን ካብዚ መሰረታዊ መርኣዩ ክብገሳ ይግባእ ኢሎም፡፡

ከም ኣገላልፃ ኣይተ ኣብርሃ እዚ መረፃ ንሓሙሽተ ዓመት ከመሓድሮ ዝመርፆ ኩንትራት ጥራሕ ኣይኮነን። ክንወዳደር ከለና ህዝቢ ትግራይ ሒዝና ስለ ዝኾነ መሰል ዓርሰ ውሳነ ትግራይ፣ ንዳሓር ናብ ዘይምለሰሉ ብርኪ ክነብፅሕ ዘቕመጥናዮ መድረኽ መኸተ ብዕዉት መንገዲ ንዛዝመሉ እዩ። መረፃ ኣካል እዚ ጌርካ ክውሰድ ከም ዝግባእ፣ ብሕጋዊ መንገዲ ዝቃለሱ ተናሓናሕቲ ፖለቲካዊ ውድባት ትግራይ ብፍላይ ኣብ ትሕቲ ሃለዋትን ድሕንነትን መኸተ ህዝቢ ትግራይ ኣሚኖም እጃሞም ከወፍዩ እንትሰርሑ ካብዚ መሰረታዊ ጉዳይ ክብገሱ ኣለዎም ኢሎም፡፡

ልዕሊ ኩሉ መለለዪ ህወሓት፣ ኣብ ህዝቢ ዘለዎ ፍፁም ዘይንቕነቕ እምነት እዩ። ኣብዚ ክፍጠር ዝኽእል ምሽርራፍ ብዝኾነ ይኹን መለክዒ ዘይቕበል፣ ክሽራርፍ ንዝመፅእ ሓይሊ ክሳዕ ናይ ሂወት መስዋእቲ ንምኽፋል ድልዊ እዩ ክብሉ ዝበሉ ኣይተ ኣብራሃ ኣረጋጊፆም። ኣብ ወሳንነት ህዝቢ ምእማን ማለት ብኡ ኣቢሉ ስራሕቲ መረፃና ምዕዋት ስለ ዝኾነ ብመንፅር ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ክንሪኦን ንዕኡ ክንገድፈሉን ይግባእ ክብሉ ሓላፊ ዘፈር ህንፀት ኣባላት ፕሮፖጋንዳ ህ.ወ.ሓ.ት ኣብሪሆም። እዚ መረፃ ሰለማዊ፣ ናፃ፣ ግልፂ፣ ሕጋዊ፣ ደሞክራስያውን ተኣማንን እዩ ወይ ኣይኮነን ኢሎም ምስክርነት ዝህቡሉን ዝባርክዎን ግዳማዊ ሓይልታት ከይኮኑስ ባዕሉ ህዝቢ ትግራይ ምኺኑ ተናሓናሕቲ ውድባት እውን ኣብዚ መሰረታዊ ሽኻል ነኺሶም ክንቀሳቐሱ ድማ ኣይተ ኣብርሃ ኣማረ ፀዊዖም፡፡

ኣቦ መንበር ውድብ ባይቶና ኣይተ ኪዳነ ኣመነ ብወገኖም፣ ከም ባይቶና ዝካየድ መረፃ ካብቶም ሕሉፋት ብሰለስተ ምኽንያት ናይ መኸተ ምኺኑ ገምጊምና፤ ፈለማ ህዝቢ ትግራይ ብፀላእቱ ዒላማ ኣብ ዝተገበረሉ ሰዓት እዩ። እንተኾነ ዋላ እኳ ዝተፈላለዩ ፀገማት እንተሃለው እቲ መረፃ ህዝቢ ትግራይ ሒዝና ክነዐውቶ ኢና። በቲ መረፃ ሕጋዊ መንግስቲ ንክህሉ፣ ዝተረጋገፀ ብሕግን ስርዓትን ዝግዛእ ክልልን ክህልወና፣ ህዝቢ ትግራይ መዘና ዘይብሉ ናይ ሂወትን ንብረትን ዝኸፈለሉ መሰል ዓርሰ ውሳነ ንምሕንሻሽ ሕገ መንግስቲ ጢሒሶም ንዝንቀሳቐሱ ዘይሕጋዊ ሓይልታት ተቓሊስና ሕጋውነት ንምትካል፣ እቶም መረፃ ኣየድልየናን ኢሎም ብመንገዲ ፋሉል ዝኸዱ ሓይልታት ሕጋዊ ኮይንና ንካልእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ምኽንያታዊ ክንኸውን ክንሰርሕ ኢና ክብሉ ኣቦ ወንበር ባይቶና ኣፍሊጦም፡፡

ናብ ገፅ 9 ይዘውር

ኣእዳውና ብፅሬት ብምሕላው፣ ምንኽኻእ ብምውጋድን፣
ካልኦት ሓበሬታታት ፀረ ቫይረስ ኮሮና ብውነ ብምጭባጥን
ናብ ተግባር ነሽርድ!!



# ርእሰ ዓንቀፅ

## ደመር ጥፍኣት ኣሃዳውያን

ህንፀት ብሄረ መንግስቲ ኣብ ከይዲ ምዕባለ ርእሰማላዊነት ዝመፀ'ዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ዴሞክራሲያዊ ብሄርተኝነትን ብዙህነት መሰረት ዝገበረ ዴሞክራሲያዊ ሓድነት ዘጠናክር ፌዴራላዊ ስርዓት ናይ ምህናፅ ከይዲ'ዩ። ብሄር ብሄረ ሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ርእሰማላዊ ብሰላም፣ ብማዕርነት፣ ከምኡ'ውን ኩሉ በቢ ደረጃኡ ተጠቃማይ ኮይኑ ዝነብሩላ ምዕብልቲ ርእሰማላዊት ሃገር ከይዲ ምፍጣር'ዩ። እዚ ከይዲ ድማ ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ኣፀገምቲ ዕንቅፋት ዘለውዎ እዩ። ዛጊድ ድማ ሙብ ዛሕትኣን ሃገራት ዓለም ብፍላይ ላቲን ኣሜሪካ፣ ኤሽያን ዘይዐወትኦ ከይዲ እዩ። ዚያዳ ድማ ኣብ ዘመነ ግሎባላይዜሽን ፅዑቕ ዓቐበትን ቁልቁለትን ዝበዝሖ ከምዝኾነ ብጭቡጥ ዝረአ ሓቂ እዩ።

ኣብ ዓለምና ዘለዋ ዘመናዊ ሃገራት ካብ መበል 18 ክ/ዘመን ጀሚረን ዝተፈጠራ እየን። እዚ ሕ/ሰባዊ ከይዲ ድማ ሕዚ'ውን ብዘይምቁራፅ ይቕፅል ኣሎ። ቀዲመን ይኹን ድሒረን ዝተፈጠራ ሃገራት ከይዲ ኣፈጣጥርአን ዝተፈላለየ እዩ። ብሓደ ብሄር ወይ ድማ ብቡዝሓት ብሄራት ዝቖማ እየን። ብሓደ ብሄር ዝቖማ ሃገራት ሓደ ሃገር ይኾና። እቲ ዝህነፅ ብሄረ መንግስቲ ብተነፃፃሪ መሰላት ዜጋታት ዘረጋግፅ እምነት፣ ፆታን ዘኽብር ይኸውን። ኣብ ሓደ ብሄራዊ ፅላል ዝህነፅ ዴሞክራሲ ስለዝኸውን እቲ ዝህነፅ ብሄራውነት ሊበራል ናሽናሊዝም ወይ ድማ ሲቪክ ናሽናሊዝም ይኸውን።

ሲቪክ ናሽናሊዝም ክብርታት ሊበራሊዝም /ናፅነት፣ ምክእኣል ማዕርነትን ውልቀ መሰልን /ዝኣምንን ዝቕበልን ብሄራውነት'ዩ። መብዛሕትኡ እዋን ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ብሄራት ሓደ ሃገር ዝፈጥራሉ ከይዲ ብዕብለላን ጐበጣን እዩ። መብዛሕትኣን ሃገራት ድማ በዚ ከይዲ ሓሊፈን ብዓፈናን ኣውያትን ዝተፈጠራ፣ ሓደ ከባቢ ነቶም ዝተረፉ ከባብታት ብምግባት ኣብ ትሕቲ ብሄራዊ ወፅዓ ብምእታው ዝተፈፀመ እዩ። ብሄራዊ ወፅዓ ድማ ብሄራዊ ሕቶን ቃልስን ወሊዱ። እዚ ድማ ኣብ ህንፀት ሃገረ መንግስቲ ገዚፍ ፈተና ብምዃን ይቕፅል ኣሎ።

እንተኮነ ካብ ተሞኩሮ ህንፀት ሃገረ መንግስትን ብሄረ መንግስትን ሃገራት ነዚ ፈተና ዝፈትሐሉ ኣገባብ ኣብ ሰለስተ መቒልካ ምርኣይ ይከኣል። ቀዳማይ ኣፈታትሓ፣ ብሄራዊ ሓርነታዊ ቓልስታት ተጠናኺሮም ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝነበሩ ብሄራት ነናይ ባዕሎም ሃገር ፈጢሮም። ህንፀት ብሄረ መንግስትን ሃገረ መንግስትን ኣብ ምክያድ ይርከቡ። በዚ መንገዲ ድማ ሕቶ ብሄር ዝፈትሓ ሃገራት ምዕራብ ኣውሮጳ ምጥቃስ ይከኣል። ንኣብነት ብ1905 ኣቆፃፅራ ፀዓዱ ኖርወይ ካብ ሲዊድን ተነፂላ። (ሪፈረንደም ኣካይዳ) ስለዚ ዝነበረን ፀገማት ብዴሞክራሲያዊ ኣገባብ ፈቲሐን፣ ሎሚ ኣብ ዝሓሸ ምዕባለን ቁጠባን በሪኸን ሊበራል ዴሞክራሲ ሃኒፀን ይርከባ።

ካልኣይ ኣፈታትሓ ሕብረብሄራዊ መሰል ርእሰ ወሳነ ብሄራት ተኺቢሩ፣ ኣብ ሓደ ሃገር ህንፀት ብዙሓት ብሄራዊ መንነታት ንዴሞክራስን ዝሳለጣሉ ህንፀት ሃገረ መንግስቲ'ዩ። ብሄር፣ ብሄረሰባት ኣብ ክልለን ናይ ባዕለን ዕድል ዝውስናሉ፣ ኣብ ሃገራዊ ጉዳያት ብማዕረ ዝሳተፍሉ ሕብረ ብሄራዊ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ይህሉ። መሰላት ብሄርን ውልቀን ዝቕበልን ዘተግብርን ሊበራል ዴሞክራሲ ይህሉ። ናይ ካናዳን በልጂምን ኣካይዳ ብሙሉእነት ነዚ ይመስል።

ሳልሳይ ኣፈታትሓ ድማ ተሞኩሮ ፈረንሳይ እዩ። ሓያሎ ብሄራዊ ቃልስታትን ምንቅስቓሳትን ተሳዒሮም። ሓደ ብሄር ገቢሉ ይነግስ። ህንፀት ብሄረ መንግስቲ መንነት ሓደ ብሄር ኣብ ልዕሊ እቶም ካልኦት ብሄራት ናይ ምፅዓን፣ ካልኦት ብሄራዊ መንነት ምጥፋእ ከይዲ ይኸውን። ኣብ መወዳእታ ብሄራት ጠፊኦም፣ ተዋሒጦ ሓደ ዓይነት ብሄራዊ መንነት ትሕዝ። እዚ ተርእዮ ኣብ መበል 19 ክ/ዘመን ኣብ ብርኽት ዝበላ ሃገራት ምዕራብ ኣውሮጳ ዝነበረ ከይዲ'ዩ። ኣብ ዓድናውን ን 100 ዓመት ዝኣክል ብሓይልታት ትምክሕቲ ተፈቲኑ ብከቢድ መስዋእቲ ሓመድ ድበ ዝተኸደነ ርኩስ ኣረኣእያን ተግባርን እዩ። እዚ ኣልፉ ኦሜጋ ሸቶኡ ኣሃዳውነት ምንጋስ ዝኾነን መንቀሊ ደማዊ ኲናትን ስደትን ኮይኑ ዝፀንሐን ሕዚ'ውን ሓመዱ ነጊፉ ዓገርገር ዝብል ዘሎን "ንዓና ምሰሉ፣ ሕብርናን ሃይማኖትናን ተቐበሉ ዝብል ድሕረትን ድንቁርናን ዝተቐበለ ዜማ ቅድሚ 27 ዓማውቲ ብቀንዱ ህዝቢ ትግራይ ብህ.ወ.ሓ.ት እናተመረሐ፣ ብድማር ኣብ ፅላል ነበር ኢህወደግ ዒላማን መስመርን ብዝተጠመሩ መሪሕነት ሓይልታት ዴሞክራሲያዊ ወያነ ኢትዮጵያ፣ 20 ጉንበት 1983 ዓ.ም ተሳዒሩ መቓብር ወሪዱ ነይሩ እዩ።

ይኹን ድኣ'ምበር ኣተሓሳስባን ተግባርን ትምክሕቲ ሎሚ ዳግማይ ህይወት ሰሪዑ፣ መልክዕን ሕብሪ ለዊጡ፣ ኣብ ውሽጢ ነበር ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ዝዓምበበ ሓይሊ ፀረ ወያነ ዝኾነን፣ ብሓይልታት ትምክሕቲ ዝዝወርን ኣምባ ገነናዊ ጉጅለ ኣብይ ኣሕመድ ነዚ እከይ ግብሪ ንምዕዋት ብዘይዕረፍቲ ኣብ ምስራሕ ይርከብ። ብሮጀክት ኢምፐርያል ወይ ድማ ኣሃዳውነት ንምትካል ምስጒይተቱ ይሰርሕ ኣሎ። ከዳዕ ኣምባ ገነናዊ ጉጅለ ውልቀ መላኺ ኣብይ ኣሕመድ ክንዲ ፍረ ኣድሪ ሃገራዊ ክብሪ (ፍቕሪ ዘይብሉ ደመኛ ፀላኢ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ እዩ። ነዚ'ውን'ዩ ኣሃዳውያን ደመር ጥፍኣት ተባሂሎም ዝፅውዑ። ስለዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ተወዲቡ፣ ጣብይኡን ቁሸቱን ከባቢ እምቢታ ጌይሩ ንፀጉረ ለወጥን ተለኣኣኽትን ኣምባ ገነናዊ ጉጅለ ኣብይ ኣሕመድ ዝኾኑን ንገንዘብ ክብሉን ህዝቢ ትግራይ ንፀላኢ ኣሳጢሖም ንምሃብ ቀትርን ለይትን ብዘይዕረፍቲ የማን ፀጋም ምስ ዝላግዑ ዘለው ጠላማት ቖቋሕ ኮይኑ ብምሕላው፣ ሕዚ'ውን ትውይ ምልስ እናበሉ ካባ ከባቢያውነት፣ ሃይማኖትን ዝተፈላለዩ ድሕረታትን ተጎልቢቦም ሓድነቱ ንምሽርሻር ዘካይድዎ ዘለው እከይ ምንቅስቓስ ብዘይ ምሕረት ንምቅላስ ዓቅምታቱ ከም ዓረ ብምጥንካር፣ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ግጥም ዝካየደሉ መድረኽ ምስ ካልኦት ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ቀላፅሙ ጠሚሩ፣ ምእንተ ድሕንነትን መንነትን ትግራይና ንክሕሎ፣ እቲ ብውዲት ስልጣን ፌዴራል መንግስቲ ተቆፃፂሩ ዘሎ ኣምባ ገነናዊ ጉጅለ ኣራት ኪሎ ብሓያል ህዝባዊ ማዕበል ቀራሲምካ ሓመድ ድበ ክኣቱ ብምግባር፣ መሰረት ዘለዎን ንድሕሪት ዘይምለስን ሕብረ ብሄራዊ ፌደራላዊ ስርዓት ዳግም ሂወት ንክዘርእ እጃሙ ኣብ ምውፋይ ግዘ ዘይህብ ውራይ ክኸውን ይግባእ።

# ብርዒ ኣንበብቲ



## "መባዕ እንዳ ኣባገሪማያ ዝበልዐስ ባዕሉ ይለፋለፍ"

ሰላም መሰናዳእቲ ጋዜጣ መቓልሕ ትግራይ ስራሕቲ ርክብ ህዝቢ ምስ ኹሉ መዳይ መኸተ ከመይ ኣሎ ?

ብርግፅ መልስኹም ልባም ህዝቢ ትግራይ ሒዝና ዘይንሰግሮ ፀገም የለን ፅቡቕ ኣለና ከምትብሉኒ ጥርጥር የብለይን ብምባል ናብቲ መበገሲ ሓሳበይ ክመልሰኩም፡፡

እሞ ድሕሪ ሞት ፍሉጥ ከያኒን ድምፃዊን ሃጫሉ ሁንዴሳ ኣብታ ሃገር ብፍላይ ኣብ ህዝቢ ኦሮሞ ብዝተፈጠረ ቑጠዐ ሲዒቡ ዝተርኣየ ነውፂ ግዳይ ብዙሓት ንፁሃት ዜጋታት ከምዝስዐበ ሚድያታት ውሽጢ ዓድን ዓለምን እናተቐባበለኦ ከምዘለዋ ዘይካሓድ ሓቂ'ዩ። ኣመራርሓ ፅግዕተኛ ፓርቲ ብልፅግና ንቕትለት ሃጫሉ ከም ኣመሎም ናብ ሳልሳይ ወገን ንምልጣፍ ኣብዘይ ሞይኦም ተዋስኦ ንምስራሕ ቀንደብደብ ይብሉ ከምዘለዉ ንዕዘብ ኣለና፡፡

እቲ ዝገርም ላዕለዋይ ዓቃቢት ሕጊ ፌደራል ወ/ሮ ኣዳነች ኣበቤ ብዛዕባ ኣብ ቐይዲ ኣውዒልናዮ ኣለና ዝበለኦ ተጠርጣሪ ውልቀ ሰብ ሓበሬታ መግለፂ ነቶም ብኣብይ ኣሕመድ ሳንባ ንዝትንፍሱ ሚድያታት ሃገርና መግለፂ ኣብዝሃባሉ እዋን "መባዕ እንዳ ኣባገሪማ ዝበልዐስ ባዕሉ ይለፋለፍ" ግዲ ኮይኑ መልሓሰን ተለኹቱ ዘባዕባዕ እናበላ ምዝራብ ኣብይወን ዓሊሙ ቶኲሱ ቐታሊ ሃጫሉ "ኣብ ሓደ ርዕሲ ክልተ መልሓስ" ከምዝበሃል ሓደ ጊዜ ጥላሁን ዋሚ ተመሊሰን ጥላየ ዋሚ ተመሊሰን ኣብ ሰከንድታት ኣብዘይመልአ ጥላየ ዋሚ እናበላ ኮሜዲ ተዋስኦ ብምስራሕ ንተኸታተልቲ መደረአን ጉድ ኣቢለን ኣብ ህይወተን ፀሊም ነጥቢ ኣንቢረን ኣለዋ፡፡

እንተ ንሕና ግና ኣብ ውሽጥና ዝኾነ ይኹን ፀገማት ይሃልዉ ብዲስፕሊን ኣገባብን ብውሕሉል መንገዲ እናኣለና ብዓርሰ መንነትናን ብህዝብና ንዝመፅእ ዝኾነ ይኹን ሸርሕን ጥቕዓትን ኣሜን ኢልና ዝተቐበልናሉ እዋን ኣይነበረን ኣይህል'ውን። ብሓደ ገፅ ግጥም ስነ ሓሳብ ቓልስና ብምጥንኻር በቲ ካሊእ ገፅ ድማ ሕማም ቫይረስ ኮሮና ብኣግባቡ እናተኸላኸልና ጐና ጐኒ ድማ ብመስዋእትን መቑሰልትን ኣሻሓት ደቂ ህዝቢ ዘረጋገፅናዮ ዓንዲ ሕቖ ሕገ-መንግስቲ ሃገርና ዝኾነ መሰል ዓርሰ ምሕደራና ንምርግጋፅ 6ይ መረፃና ሰላማዊ፣ፍትሓዊ፣ዲሞክራሲያዊ ተኣማኒን ኾይኑ ንክዛዘም ክንምረፅን ክንመርፅን ዕድመና ዝፈቕደልና ብዘይ ኣፈላላይ ብሓባር ወፂና ካብ ምዝገባኡ ክሳብ ምድማፁ ህልኽ ሰኒቕና ክንረባረብ ይግባእ ይብል፡፡

እንተ ብኻሊእ መልዕኽቲ ካሊእ ጊዜ መሊሱ የራኽበና፡፡ ኣሜን!

**ኣስረስ ኣረሩ /ጫሕማይ/**
**መቐለ**


**ም/ዋና ኣሰናዳኢ- ስብሓት ገ/እግዚኣብሄር**

**ኣሰናዳእትን ኣረምቲ ፅሑፍን**
- ይርጋ ኣብርሃ
- መስፍን ገ/ትንሳኤ
- ኣሸናፊ ዘውዴ

**ኣሰናዳእቲ**
- ግርማይ ተ/ብርሃን
- ተስፋልደት ገ/ማርያም
- ብርሃን ገ/መድህን
- ተሻለ ገ/እግዚኣብሄር

ዲዛይን፣ ለይኣውትን ግራፊክስን - ስንዳዮ ኣፅብሃ
- ፀሃይ ገብረ

ክትትልን ምክፍፋልን ውፅኢት ሕትመት - ዕፃይ ሓጎስ
ልምዓት ምልክታን ኣድቨርታይዝመንትን - ሃ/ሚካኤል ከበደ
ቑፅሪ ሞባይል 0932349104 - 0344-41-90-25



477 መቐለ
ፋክስ/Fax 40 74 62

03 44 40 26 26
03 44 40 93 44


## ሓበሬታ

ክቡራት መንበብቲ፣ ኣብ ዓምድታት፣ ዜናታት፣ ፅሑፋት ወይ ፎቶ ግራፋትን ዘለኩም ርኢቶ ብኣድራሻና Webmail info@tig-gpr.org ወይ Gmail tiggpr1120gmail.com ንክትልእኹልና እናሓበርና ስለእቲ ተሳትፎኹም ኣቐዲምና ነመስግን።


**መቓልሕ ትግራይ**
ሓምለ 1985 ዓ.ም ተጣይሹ
መበል 27 ዓመት ፤ ቁፅሪ 635
15 ሓምለ 2012 ዓ.ም


**ጉንበት 20 እምነ ሰረት ማዕርነትን ብዙሕነትን እያ !**

# ጠመት



## ስሙናዊ መልእኽቲ ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ

## ኣብ ቀንዲ ዋኒና ዓሲልና - ውራያትና ነዕውት!!

ኣብዚ ዘለናሉ ወሳኒ ናይ ቃልስን ዓወትን መድ ረኽ፣ ኣብ ትግራይናን ካብ ትግራይና ወፃኢ፣ ኣብ ዝተፋላለዩ ከባቢታት ሃገርናን ወፃኢ ዓድታትን ዘሎ ህዝቢ ትግራይ ሓድነቱ ከምዓረ ኣጠናኺሩ፣ ብቓልሱ ዘረጋገፆ መሰል ዓርሰ ውሳኔኡ ኣኽቢሩ ፣ሃለዋትን ድሕንነትን ትግራይና ብዝበለፀ ውሑስ ንምግባር ፣ ከይሰልከየ፣ ሎሚ እውን ከምትማሊ ብዘይ ዕረፍቲ ፣ቀትርን ለይትን ይረባረብ ኣሎ።

ኣብዚ እዋን እዚ፣ ህዝቢ ትግራይ ፣ ኣብ ሰለስተ ግን ባራት ዓሲሉ ፣ ሰላሙ ውሑስ ብምግባር ፣ኣብ ኩሉ ዓውደ ስራሕቲ ብውነ ዝነጥፍ ዘሎ ፣ ዕድሉ ብባ ዕሉ ጥራሕ ዝውስን ምኻኑ ኣሚኑ እዩ።ብምኻኑ 1 ሓምለ 2012 ዓ/ም ፣ መደብ ግብሪ ምእካብ ንምዕዋት ምንቅስቓስ ጀሚሩ ኣሎ። ሃለዋት ትግራይና ውሑስ ንምግባር ፣ ግን ባሩ ዓፂፉ ዘይፈልጥ ህዝብና ፣ ሎሚ እውን ከም ወትሮ መሰሉን ግዴ ትኡን ፈሊጡ ፣ ዝግበኦ ግብሪ ብእዋኑ ከፊሉ ከም ዘወንዝፍ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ይኹን ዳኣ እምበር፣ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣ ካብ ቫት ክረኽቦ ዝግባእ ኣታዊ ኣይረከብን ዘሎ እንተተብሃለ ምግናን ኣይኮነን። ንኣብነት ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፣ ካብ ቫት ክረኽቦ ዝግባእ ዝነበረ ልዕሊ ብር ሓደ ቢልዮን /1/ ኣታዊ ክገብር ኣይከኣለን። እዚ ፀገም ተፈጢሩ ዘሎ ፣ብቐንዱ ሕድሕድ ተጠቃማይ ፣ብኣጉል ሰኸፈት ደረሰይ ቅብሊት ስለዘይሓትትን ዘይቅበልን እዩ። ኣገልግሎት ወሃቢቲ ትካላት ድማ ደረሰይ ከይቆረፁ ካብ ቫት ኣታዊ ዝገብርዎ ገንዘብ ንባዕሎም ስለ ዝወስድዎ እዩ። እንተኾነ ከምዚ ዓይነት እከይ ተግባር ክብርታት ትግራይና ዝሸርሸርን ውሑዳት ጥራሕ ተጠቀምቲ ዝገ ብርን ብምኻኑ ክኹነን ይግባእ። ስለዙይ ልዕሊ ኩሉ ሕድሕድ ተጠቃማይ፣ ኣብ ባዕሉ ናይ ኣረኣእያ ለውጢ ገይሩ፣ ዝረአይ ዘሎ ፀገምን ምጭብርባርን ነውሪ እዩ ኢሉ ኣብ ምስትኽኻል እጃሙ ከውፊ ግደታ ኣለዎ። ኣገልግሎት ወሃብቲ እውን ዘይግበኦም ናይ ቫት ኣታዊ፣ ሕጋዊ ብዘይ ኮነ ኣገባብ ናብ ጅበኦም ምእታዎም ንህዝቢ ትግራይ ምጭብርባር ምኻኑ ተገንዚቦምን፣ ፀወታ ሕቢ ሕቢኢተይ ገዲፎምን ፣ህዝብን መንግስትን ትግራይ ዝሃብዎም ሓደራ ብእምነት ክፍፅሙ ግዴታ ኣለዎም። ተቖፃፃራይ መንግስታዊ ኣካል እውን ዝተውሃቦ ሓላፍነት ብዘይ ምንም ሰጋእ መጋእ ክፍፅም ኣለዎ። ሲቪክ ማሕበራትን ሚድያታትን ድማ ግብሪ ብእዋኑ ምእካብ ናይ ሞትን ሕየትን ጉዳይ ምኻኑ ተረዲኦም ህዝባውን ሞያዊ እጃሞም ከውፍዩ ይግባእ።

ኣብዛ ቁርፂ እዋን ወዓል ሕደር ከይበልናን ቅድሚ ኩሉ ሰሪዒናን ክንረባረበሉ ዝግባእ ጉዳይ፣ ኮረና ቫይረስ ምምካት ምኻኑ ክስመረሉ ይግባእ። ዋላካ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣ ነዚ ተላባዒ ሕማም ንም ምካት ክገብሮ ዝግባእ ነገር እንተገበረ ዝድለይ ውፅኢት ይምዝገብ ኣሎ እዩ ዘብል ኣይኮነን። ፍልፍል እዚ ፀገም ድማ፣ ብሓፈሻ ኣብ ህዝቢና፣ ብፍላይ ኣብ ኩለን ከተ ማታት ዝነብር ህዝብን መንእሰይን ዘሎ ሸለልትነትን ናይ ኣተሓሳስባ ፀገምን እዩ። ብምኻኑ ኣብዚ ሰዓት እዙይ እቲ ሕማም ልሙሉም ባይታ ረኺቡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ትግራይና ንኽላባዕ ዕዱል ረኺቡ ኣሎ።ቁፅሪ ግዳያት እቲ ቫይረስ ድማ በቢዕለቱ ብዓሰርተታት ይውስኽ ኣሎ። ስለዚ እዚ ሸለልትነት፣ ኣራት ኪሎ ዓሪዱ ዘሎ ውልቀ መላኺ ጉጅለ፣ ኣብ ህዝቢ ትግራይ የብፅሖም ንዘለው ማእለያ ዘየብሎም ፀገማት ተወሳኺ ድኹዒ ኮይኑ ንከገልግሎ ምቸው ባይታ ይፍጥር ከም ዘሎ ድማ ሕድሕድና ክነስተውዕል ይግባእ።እዚ ኣብ ልዕለይና የንፀላሉ ዘሎ ፀገም ብገንኡ ተዘይዓጊትናዮ ድማ ውፅኢቱ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሓደጋ ብምእታው ትግራይና መዐንደሪ ደመኛታት ፀላእ ትናን ባንዳታትን ክትኸውን ምግባር እዩ።ስለ ዝኾነ ቅድሚ "መስሐቒ ጓህማማት" ምኳና እቲ ተላባ ዳይ ሕማም ኣብ ሕድሕድና ዘብፅሖ ሓደጋ ተረዲእና ሎሚ እውን ከምትማሊ ዓቕም ታትና ኣጣሚርና ኮረና ቫይ ረስ ንም ምካት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣ ደጊሙ ፃዊዒቱ እንተቐርብ ህዝብና ወጊድ ሸለልትነት ኢሉ ኣብ ምምካት ኮረና ቫይረስ፣ እጃሙ ክም ዘውፊ ብምት እምማን እዩ።

ካብቶም ኣብዚ እዋን እዚ እንዓሞም ዘለና ቀንዲ ውራያት ሓደ፣ 6ይ ዙር ክልላዊ መረፃ እዩ።ብምኳኑ ህዝብና ኣብ ብጣዕሚ ሓፀርቲ መዓልትታት ኣባላት ኮምሽን መረፃ ትግራይ ዝኾኑ ብኣማኢት ዝቑፀሩ ሕፁያት ንምጥቃም ዘርኣዮ ተወፋይነት፣ ዝነኣድ እዩ ጥራሕ ከይኮነስ ፣ብደሙን ኣዕፅምቱን ዘረጋገፆ መሰል ዓርሰ ውሳነ ንማንም ኣሕሊፉ ዘይህብ ምኳኑ ፀላእን ፈታውን ክፈልጦ ገይሩ እዩ።ነዚ ስዒቡ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ፣9 ነሓሰ 2012 ዓ/ም፣ ኣብ ዘካየዶ 5ይ ዘበን፣ 8ይ ህፁፅ ጉባኤኡ ንኮምሽን መረፃ ትግራይ ዝመርሑ ናይ ሓሙሽተ ሓለፍቲ ሹመት ብዕሊ ኣፅዲቑ ኣሎ።ነዚ ታሪኻዊ ናይ ህዝብናን ቤት ምኽርናን ዝዓበየ ፍፀመ፣ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣ ዝስመዖ ሓበንን ክብርን ዝለዓለ ምኳኑ እንትገልፅ ፣ህዝብና ብዝለዓለ ሞራልን ወነን ንምግልጋል ቆሪፁ ምልዓሉ ደጊሙ ቃል ይኣቲ። ስለዚ 6ይ ዙር ክልላዊ መረፃና ብውዑይ ተሳትፎ ህዝብና ፣ ሰላማዊ ፣ ነፃ፣ ግልፂ፣ ዴሞክራስያዊ፣ ሕጋውን ተኣማናይን ኮይኑ ንኽዛዘም ኣብ ሃላዋትን ድሕንነትን ትግራይና ከም ዘይደራደሩ፣ ዝገለፁን ብሕጋዊ መንገዲ ንምቅላስ ዝወሰኑን ኩሎም ተናሓናሕቲ ፖለቲካዊ ውድባትን ስቪክ ማሕበራትን እጃሞም ብምውፋይ፣ ተወሳኺ ሓዱሽ ቅያ ብምስራሕ ትግራይና ዓዲ ሕግን፣ ተምሳሌት ዴሞክራስን ምኳና ንዓለም ብተግባር ንኽነርኢ ፣ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣ ህዝቢ ትግራይ፣ዝሃቦ ሓደራ፣ ብሓ ለፍነት መን ፍስ ከምዝፍፅም በዚኣጋጣሚ ይገልፅ።

ብሓፂሩ ዝግበኣና ግብሪ ብእዋኑ እናኸፈልና ፣ ቫይረስ ኮረና እናመከትና፣ 6ይ ዙር ክልላዊ መረፃና ሸትኡ ንኽወቅዕ ምስ ምርብራብ ጎናጎኒ ዝለዓለ ትኹረት ሂብና ክንወድቀሉ ዝግበኣና ወሳናይ ተግባር ናይ ክራማት ስራሕትና እዩ።ብምኳኑ ካብቲ ዓሚ ዝተርአየ ኣብ ሎሚ ዘበን ክረምቲ ማእቶት ምድ ንፋዕ ጥራይ ከይኮነስ ብዕፅፊ ንኽስስን ኩሉ ዓቕምና ፀንቂቕና ክንሰርሕን እቲ ኩነታት የግድደና ምህላውን ክስመረሉ ይግባእ። ስለዝኾነ በቢደረጃኡ ዘሎ ኣመራርሓን በዓል ሞያን ፣ ናይ ዩንቨርስቲን፣ 2ይ ደረጃ ተምሃሮን፣ ብሓፈሻ መንእሰይ ትግራይና ተወዲቡ ብወለንተኡ ፣ ንሓረስታይ ትግራይና ኣድላይ ሓገዝ ክገብር ይግባእ።ብፍላይ ኣብ ዝሓለፈ 70 ዓመ ታት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ፣ተራእዩ ዘይፈልጥ ማለት እውን ካብቲ ዓሚ ዝተርአየ ኣብ ናይ ሎሚ ዘበን ክረምቲ ብ500 ዕፅፊ ይዛይድ ተባሂሉ ተገሚቱ ዘሎ ዕስለ በረኻ ኣንበጣ ከይጫጨሓ ፣ ዕልምልሙ ክጠፍእ፣ ባርኖስ ኣሜሪካ እውን ዝኾነ ጉድኣት ከይኣብፀሐ ክንምክቶ ግቡእ ምድላው ገይራና ክንፀንሕ ኣለና። ከምኡ እውን ኣብ ናይ ሎሚዘበን ክረምቲ "ወፍሪ መለስ ንሓም ለዋይ ልምዓት" ብዝብል መሪሕ ቃል ኣብ መላእ ትግራይ ዝትከል 80 ሚልዮን ፈልሲ ብእዋኑ ኣብ ምትካል፣ ብፍላይ 14 ሓምለ 2012 ዓ/ም ኣብ ሓደ መዓልቲ ዝትከል 6ሚልዮን ፈልሲ ብዕውት ኣገባብ ንምትካል ሕደሕድ ወዲ ትግራይ ክረባረብ ይግባእ።

ኣብ መወዳእታ ፣ ኣብ ኣራት ኪሎ ነቒጡ ዘሎ መላኺ ጉጅለን፣ ተላኣእኽቱ ባንዳታትን ፣ ኣብ ትግራይና ህውከትን ዕግርግርን ንምፍጣር ዓበርበር ምባሎም ኣይተርፍን። ኣብዚ እዋን እዙይ እውን ካብ ጎይቶም ውልቀ መላኺ ጉጅለ ኣራት ኪሎ ዝተውሃቦም ትእዛዝ ንምፍፃም ብዋናነት መረፃና ንምዝራግ፣ ብሓፈሻ ካብ ቀንዲ ውራይና ንምዝንጋዕ ዘኽእሉ ዝተፋላለዩ እከይ ተግባራት ንምፍፃም ትውይ ምልስ ይብሉ ኣለው። ብሓፂሩ ንገንዘብ ክብሉ ህዝቢ ትግራይ ዝጠለሙ ከዳዓት ገሊኦም ኣብ ኣዲስ ኣባባ ኮይኖም፣ውሑዳት መሻርኽቶም ተላኣእ ኽቶምን ድማ መራሒ ውልቀ መላኺ ጉጅለ ኣራት ኪሎ ፣ እንቃዓ ቅርሺ ኣስኒቑ ናብ ትግራይ ዘዋፈሮም ጠላማትን ፣ ባንዳታትን ብከባብያውነት፣ ሃይ ማኖትን ዝተፋላለዩ በለካ ለኸዐካ ወረታትን ፣ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንምሽርሻር ላዕልን ታሕትን ይብሉ ኣለው። እዚ እከይ ተግባሮም ከም ዝቅፅ ልሉ እውን ሓደን ክልተን የብሉን። ስለ ዝኾነ ህዝብና ተወዲቡ ጣብይኡን ቁሽቱን ከባቢ እምቢታ ገይሩ ቆቓሕ ኮይኑ ብምሕላው ፣ ጠላማትን ባንዳታትን ብም ቅላዕን ብዘይምሕረት ብምቅላስን ፣ ኣራት ኪሎ ዘሎ ውልቀ መላኺ ጉጅለ፣ መልሓሱ ንኽሓይኽን ስዕረቱ ንኽጉምጎምን፣ ኩሉ ቀልብና ኣብ መሰረታዊ ጉዳይ ከድህብ ገይርናን፣ ኣብ ቀንዲ ዋኒንና ዓሲልናን ውራይና ንምዕዋት ከም ንረባረብ ፣ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ይኣምን ።ሎሚ እውን ወፅዓን ባርነትን ከም ዘይንቕበል ፣ ንኻሊእ ህዝቢ እውን ከምዘይንምነየሉ፣ ክጎብጠና ንዝደሊ ዝኾነ ሓይሊ ፍፁም ከም ዘይንምብርከኽ ናይ ትማሊ ናይ ፅባሕ ናይ ወትሩን ነቕ ዘይብል ቃል ኪዳና እዩ፣ዝብል ሕድሪ ኩሎም ዝኾነ ጉርዲ ዘይለግቦም ስውኣት ተጋደልትን ሃርበኛታት ትግራይን ዕላማ ኣብ ሸትኡ ከም ዝወቅዕ ንፃት እውን ዘጠራጥር ኣይኮነን።

**ሕዚ እውን መስመርና ኣፅኒዕና ንመኸተ !!**

**ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ**

**መቐለ፡**

## ኣብ ትግራይ "ወፍሪ መለስ ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ተፈጥሮኡ ዘላቐን ዘተኣማምንን ንምግባር ህዝቢ እንዳሰርሐ ምምፅኡ እዩ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን ክልል ትግራይ ዶክተር ኣትኩት መዝገቦ 8 ሓምለ 2012 ዓ/ም ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃብዎ መብርሂ ኣብዚ ዓመት ብብርኪ ክልል ልዕሊ 80 ሚልዮን ፈል ስታት ንምትካል ናብ ተግባራዊ ምንቅቓስ ከም ዝትኣተወን 14 ሓምለ 2012 ዓ/ም ድማ ብፉልይ ብብርኪ ክልል "ወፍሪ መለስ ንሓምለዋይ ልም ዓት"ብዝብል መሪሕ ቃል ኩሉ ሕብ ረተሰብ ዘሳ ተፈ መደብ ተኸላ ፈልሲ ከምዝተጀመረን፤ ኣብ ሓደ መዓልቲ ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ ዝሳተፈሉ ሹድሽተ ሚልዮን ፈልሲ ተተኺሉ እዩ።

እቲ ተኸላ በቢ ጣብይኡን ቁሸቱን እቲ ዝህሉ መጠን ዝናብን ኩነታት ክራማትን መሰረት ተጌሩ ዝትከል ከምዝኾነን፤ ኣብ ትግራይ ብሽም ብሉፅ መራሒና ተጋዳላይ መለስዜናዊ ዝተኸለሉ 303 ፓርክታት መለስ ሓዊሱ ኣብ ዝተፈላለዩ ክካየድ ምኳኑ ኣመልኪቶም።

ብብርኪ ሃገር ኣብዚ ዓመት ኻልኣይ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን እንፍፅመሉ እኳ እንተነበረ ምስቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋዕን ፀቕጥን፣ ክባን ግና ክፍፀም ከምዘይካኣለን ዝሓበሩ ዶክተር ኣትንኩት፤ እዛ ሃገር ነዳዲ ዘይብላ ግን ድማ ሓምለዋይ ስትራቴጂ ልምዓት ተኸቲላ ኣብ ሓፂር እዋን ቁጠባዊ ዕቤት ዘመዝገበት ኢሉ ዝመስከረላ ምንባራ ብምዝኽኻር፤ ይኹን እምበር እቲ ሕዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው እዛ ሃገር ሒዛቶ ዝነበረት ሕርሻ ዝመርሖ ምዕባለ ኢንድስትሪ ንምትእጉዃል ምኽንያት ከም ዝኾነ ዝሓበሩ ዶክተር ኣትኩት፣ ይኹን እምበር ህዝቢ ትግራይ ጎናጎኒ እቶም ኣጋጢሞምዎ ዘለው ተጓንፎታት ሃገራዊ ፖለቲካዊ ኩነታት፤ ፤ክባ፣ ዕስለ ኣንበጣን ቫይረስ ኮረናን ኣብ ግምት ብምእታው ብንቕሓት ሓምለዋይ ከባቢ ብፍጣር ብመግቢ ዓርሱ ክኽእል ዝጀመሮ ወነን ህልኽን ኣጠናኺሩ ክቕፅለሉ ከምዝግባእ ሓቢሮም።

ኣብዚ ዓመት ኣብ ፓርክታት መለስን ካልኦት ከባብታትን ዝትከሉ ፈልስታት ከም ሕሉፍ ዓመታት ቁፅሪ ተኮር ዘይኮነስ ዝተተኸሉ ተኽ ልታት ብኣግባቡ ዝፀድቅሉን ዝዓብይሉን ኩነታት ኣብ ምፍጣር ትኹ ረት ተጌይሩ ይስራሕ ከም ዘሎ ዶክተር ኣትኩት ገሊፆም።

እቶም ዝትከሉ ኣግራባት ንረብሓን ቁጠባዊ ዕቤትናን ኮንስት ራክሽንን ነዳዲድ እንዳተጠቕምና፣ እናተኸልናን እንዳተካእናን እንጥ ቀመሉ ባህሊ ክምዕ ብል ከምዝግባእ ዘመልከቱ እቶም ሓላፊ፤ ኣብዚ ዓመት ብፍሉይ ብዉልቅኡ ኣብ ግራቱ ተኽልታት ዝተኸለሉ ኩነታት ከም ዝፍጠርን ነባሪ ከተማ ሕብረተሰብ ድማ ብተመሳሳሊ ኣብ ከተማታት ዝተኽሎም ተኽልታት ንፅባቐ ከተማን መጠን ዋዒ ኩነታት ኣየር ንምንካይ ዘኽእሉ ተኽልታት ክተክል ከምዝኾነ ሓቢሮም።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ትግራይ ኩሉግዜ ተኸላ ፈልሲ ኣብ ዝካየደሉ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ትግራይ ኾይኑ ደገፍ መጓዓዝያ ብምግባር ኣብ ጎድኒ ህዝቢ ትግራይ ተሰሊፉ ልዑል ኣበርክቶ እናገበረ ዝርከብ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር እዚ ሰሜን ምስግና ይግበኦ ዝበሉ ደከተር ኣትንኩት ሕዚ እዉን ይገብሮ ንዘሎ ሓገዝ ሎጂስቲክስ መጎዓዝያ ኣመስጊኖም።

ብተመሳሳሊ ህዝቢ ወራር ባልዕ ኣብ ምክልኻልን ብፍላይ ድማ እቲ ከጋጥም ዝኽእል ወራር ዕስለ ኣምበጣ ንምክልኻልን ብቢሮ ዝወፁ መምርሕታት ብምክትታልን ባዕሉ ኣብ በቢ ከባቢኡ ዳህሳስ ብምግባር ፣ እቲ ዕስለ እንተጋጥም እዉን ከም ወትሩ ብስምረት ክምክቶን ዶክተር ኣትንኩት ኣገንዚቦም።

## ኮምሽን መረፃ ትግራይ ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ኮሚቴ ብርእሰ ምምሕዳር ትግራይ ተጣይሹ ስርሑ እንዳወገነ ፀኒሑ እዩ።

እቲ ኮሚቴ ህዝቢ ትግራይ ነፃ፣ ዴሞክራሲያዊ፣ ሰላማዊ፣ ፍትሓውን መረፃ ንኽካየድ ኣባላት ኣመራርሓ ስራሕ ኮሚሽን መረፃ ትግራይ ክኾኑ እዮም ዝብሎም ካብ ዝኾነ ውድብ ፖለቲካ ኣባልነት ነፃ ዝኾኑ፣ ንሕገ መንግስቲ ዝቕበሉ፣ ብመዳይ ትምህርቶም ድማ ምስ ዋኒን መረፃ ርክብ ዘለዎ ሞያ ዘለዎም ማለት ብሕጊ፣ ብፖለቲካል ሳይንስ፣ ወይ ብምምሕዳር ብስታስቲክስ፣ ብኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ ወይ ካልኦት ርክብ ዘለዎም ዝለዓለ ሞያ ዘለዎም ወገናት ብስልኪ እዚኦም ኣባላት ኮሚሽን መረፃ ትግራይ ይኹኑለይ ኢሉ ህዝቢ ዝሓረዮም ሕፁያት መልሚሉ እዩ።

እቲ መልማሊ ኮሚቴ ካብ ህዝቢ ብዝረኸቦ ሓበሬታ ካብ ዝተሓረዩ 700 ዝፅግው / ድግግም ኣስማት/ ዘለዎም ወገናት ተመልሚሎም እቶም 100 ዝኾኑ ነቲ ረቛሒ ዘማልኡ ምስተሓረዩ እቶም 10 ናብቲ መወዳእታ መፃረዪ ተመልሚሎም ብመቕረባይነት ዶክተር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል ምስ ተናሓናሕቲ ውድባት ባይቶና፣ ሳልሳይ ወያነን ውናትን እቶም 8 ክሕረዩ ተጌሩ ናብ ቤት ምኽሪ ምስ ቀረቡ፣ እቲ ቤት ምኽሪ 9 ሓምለ 2012 ዓ/ም ኣብ ዘሳለጦ ኣኼባ እቲ ቤት ምኽሪ መምህር ሙሉወርቅ ኪዳነማርያም ኮሚሽነር ኮምሽን መረፃ ትግራይ ክኮኑ ሸይምዎም እዩ። ንምክትል ኮሚሽነር ወ/ሮ ፅጌረዳ ዲበ ኩሉ ሓዊሱ ኣይተ መረሳ ፀሃየ፣ ኣይተ መሓመድ ስዒድ ፣ ዶክተር ፀጋ ብርሃነን እቲ ቤት ምኽሪ ኣባላት እቲ ኮሚሽን ክኾኑ ሸሙቶም ብሙሉእ ድምፂ ኣፅዲቑ እዩ። ብመሰረት እዙይ ኣባላት እቲ ኮሚሽን ዕላዊ ስርሖም ብምጅማር መረፃ ትግራይ 2012 ነፃ፣ ፍትሓዊ፣ ተኣማኒ፣ ዴሞክራሲያዊን ሰላማውን ኮይኑ ክዛዘም ህዝብ ትግራይ ዝሃቦም ሓላፍነት ብግቡእ ንምፍፃም ዝኣተውዎ ቃል ኣኽቢሮም ስርሖም ብዕሊ ጀሚሮም ከምዘለዉ ንምፍላጥ ተኻኢሉ።

ቃለ መሓልኦም እንትፍፅሙ ኮሚሽነር ኮምሽን መረፃ ትግራይ ኣይተ ሙሉወርቅ ኪዳነማርያም ከምዝበልዎ ህዝቢ ትግራይ ዝሃቦም ሓላፍነት ተሸኪሞም ተኣዘዝቲ ህዝቢ ትግራይ ኮይኖም ንምስራሕ ድሉው ከምዝኾኑ ምግላፆም ዝዝከር ኮይኑ ስርሖም ብሙሉእ ተኣማንነት ንምፍፃም ብዕሊ ምጀማሮም ንምፍላጥ ተኻኢሉ።

ልሳነ ጥበብ

ትሕዝቶታት ኪነ ጥበብን ስራሕቲ ከየንትን ዘተኣናግድ መደብ

# ኢደይ ኢድካ ንማእገርና

**ብይርጋ ኣብርሃ**

ጥበብ ኣከሱማውያን ተጋሩ ኣብ ፅኑዕ ሰረት እንተዘይህነፅ ነይሩ ሎሚ ኪነ ትን ጥበብን ትግራይ ንምርኣይ፣ ንምኪያድ ኮነ ንምምሃዝ ዝተዓደለ ወለዶ ኣይምሃለወን። እቶም ከውሒ ነዲሎም፣ እምኒ ፀሪቦም፣ ኣኻውሕ ፈልፊሎም ዘይሃስስ ቅያ ጥበብ፣ ስልጣነን ምህዞን ዝፈጠሩ ኣክሱማውያን ተጋሩ ኩርዓት ወለዶ ሕሉፋት ኣማኢት ኣሽሓት ዓመታት፣ ሓበን ህሉውን መፃእን ወለዶ ኮይኖም ኣለው። ካብ ማህሌታይ ያሬድ ዝተወረሰ ቅኔን ዜማን ትግራይ ንከብርታትን ፀጋታትን ህዝቢ ትግራይ ዓቂቦም ናብ ወለዶ ካብ ምስግጋር ብዝ ዘለለ፣ በቢ እዋኑ ዘጋጥሙ ዓፀቦታት፣ ድርቂ፣ ወራር ባዕዳዊ ሓይልን እንምከተሎም ቀንዲ መሳ ርሕታትና ኮይኖም ሓሊፎም።

ካብ ጥበብ ወለድና ዝወረስናዮም ኪናዊ ሃፍትታት ንምዕባለ፣ ቀፃልነትን ህልውናን ተጋሩን ትግራይን ተጠቒምና ኣብ ኩሎም መዋእላት ንማሕበረ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካውን ባህልታትን መጎልበቲ፣ ከም ቀንዲ መዋግኢ ስልቲታት ብምጥቃም ሰራዊትና ንምልዕዓል፣ ህዝብና ንምንቃሕ፣ ንምውዳብን ንምዕጣቕን፣ ኣብ ግንባርን ደጀንን ኮይኑ ኣንፃር ፀላእቱ ክቃለስ ኣኽኢሉ እዩ ጥበብ ትግራይ።

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ዝባኑ ቸቸ ዝብሉ ዝነበሩ ፀላእቱ ክዕምፅ፣ ምዝመዛ ጉልበት ደው ክብል፣ ቃልሲ ቀዳማይን ካልኣይን ወያነ እንትውላዕ ቃልሲ ክጎሃሃር፣ ኣብቲ ቃልሲ ህዝብና ብስፍሓት ክዓስል ኪነ ጥበብ ርኡይ ግደ ኣበርኪቱ እዩ። ስርዓት ደርግ ንምድምሳስ ኣብ ዝተኻየደ መሪር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ፣ ኪነት ምረት እቲ ቃልሲ ጥራሕ እንተይኮነስ ፍረ እቲ ቓልሲ ከመይ ከምዘስተማቕሮ ንህዝብና ብጥበብ ኣሰንዩ ዘበን ዘይስዕሮ ቅያ ተፃዊቱ እዩ።





**ሓላፊት ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ወይዘሮ ብርኽቲ ገብረመድህን**

ኣብ 1977 ዓ/ም ዘጋጠመ ሓደጋ ድርቂ ንምምካት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝመሰረቱ ባንድ ኤይድ/ ጉጅለ ሙዚቃ ሓገዝ ንኢትዮጵያ ንምሕጋዝ እቶም ሰብ ሞያ ኪነ ጥበብ ዝገበርዎ ደገፍ ዝለዓለ ነይሩ። ሰብ ሰራሕን ተፈጥራውን ሓደጋታት እንተ ጓንፉ ኪነት ቅድሚት ተሰሊፉ ኣብ መኸተ ይዓስል፣ ነቲ ድኻ ህዝቢ ወይ ግዳይ እቲ ሓደጋ ዝኾነ ክፋል ማሕበረሰብ ፍልፍል እቶት ፋይናንስ ኮይኑ እንትዋሳእ እዩ ዝፍለጥ።

ኣብዚ ቕነ ግና ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ኣብ ልዕሊ ከየንቲ ትግራይ ይርአ ዘሎ ፋይናንሳዊ ፀገም ዘተሓባስቦ ይመስል። ከየንቲ ተረባሪቦም ፀገም ማሕበረሰብ ብምፍታሕ ዝፍለጡ እንትኾኑ፣ ከየንቲ ትግራይ ግና ብምኽንያት ኮቪድ-19 ኣብ ከቢድ ፋይናንሳዊ ፀገም ምህላዎም ተረዲኡ ኣሎ። እዚ ኣብ ልዕሊ ከየንቲ ትግራይን ጥበብ ትግራይን ኣንፀላልዩ ዘሎ ሓደጋ ንምፍታሕ ናይ ሓፂር፣ ማእኸ ላይን ነዊሕን እዋን ስትራቴጂ ሓንፂፁ ኣሎ።



**ኣብ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ክልል ትግራይ መተሓባበሪ ልምዓት ባህሊ ኣይተ ዳዊት ትካቦ**

ከየንትና ኣብዚ እንርከበሉ መድረኽ መኸተ እውን ሓይልታት ትምክሕትን ተለኣኣኽቲ ባንዳታትን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝሃቀንዎ ሽርሕን ተንኮልን ክፍሽል ይፃወትዎ ዘለው ግደ ኣሸምባይዶ ፈታውስ ፀላኢ እውን ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ኣብቲ ዓለም ኣጨኒቑ ዘሎ ቫይረስ ኮረናን ህዝቢ ትግራይ ብዛዕባ ክገብሮ ዝግባእ ጥንቃቐ፣ ምክልኻልን መኸተን ብተመሳሳሊ ብሰንኪ እቲ ለበዳ ህዝቢ ብቑጠባዊ ዓቕሚ ከይህሰ ብምሕጋዝ እውን ኪነት ትግራይ የበርከቶ ዘሎ ግደ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ።

ኣብ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ክልል ትግራይ መተሓባበሪ ልምዓት ባህሊ ኣይተ ዳዊት ትካቦ ኣብቲ ንፍርቂ መዓልቲ ዝተዳለወ መድረኽ ዘተ፣ ኣብ ኢንዳስትሪ ኪነ ጥበብን ባህልን ዘሎ ቁጠባዊ ፀገም በቲ ዝነበረ ልሙድ ኣካይዳ ምፍታሕ ስለዘይከኣል ምስ መድረግቲ ኣካላትን ማሕበራትን ዝምልከቶም ኣካላትን ብምዝታይ መፍትሒ ንምቕማጥ ዝዓለመ ምዃኑ ይገልፅ።

ዘፈራት ባህሊ፣ ስእሊ፣ ተዋስኦ፣ ቅርፃ ቅርፂ፣ ሙዚቃ፣ ሰርከስን ካልኦት ስራሕቲ ኪነ ጥበብን ብምኽንያት ቫይረስ ኮሮና ገጢምዎም ኣብ ዘሎ ምዝሕሓል ዕዳጋ፣ ብሰንኪ እቲ ለበዳ ዝተሓደገ ምትእኽኻብ ህዝቢ እቶም ከየንቲ ምስ ስድርኦም ንቁጠባዊ ቅልውላው ተሳጢሖም ኣለው።

ነቲ ከያናይ ምክንኻንን ምሕጋዝን ብቑጠባ ክተባባዕ ምግባርን ማለት ክብርታትን ባህልን ህዝቢ ትግራይ ንምዕባይ ዝተጣየሸ ኢንዳስትሪ ባህሊ ዓርሱ ኪኢሉ ጠጠው ክብል ባይታ ምንፃፍ እዩ ይብሉ ኣይተ ዳዊት። ኢንዳስትሪ ባህልን ጥበብን ክዓቢ ድማ ሰለስተ ዓምድታት መሰረት ጌሩ ክስራሕ ስትራቴጂ ተቐሪፁ ኣሎ። ኣፍረይቲ፣ ኣቕረብትን ግልጋሎት ወሃብቲ፣ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኣብ ኢንዳስትሪ ባህሊ ዝዋስኡ ኩሎም ኣካላት በቲ ቫይረስ ካብ ዝበፅሖም ቁጠባዊ ሃሰያ ምድሓን ወይ ምክልኻል ዝብል እዩ። እቲ ካልኣይ ዓንዲ ምሕዋይ እንትኾን እቲ ዘርፊ ጥበብ ናብቲ ዝነበረሉ ብርኪ ብራኽ ምዕባይ እዩ። እቲ ሳልሳይ ባህልን ጥበብን ትግራይ ኣበርቲዕኻ ምውፃእ ዝብል እዩ።

እቲ ከያኒ ቁጠባ ፋይናንሳዊ ቅልውላው ኣጋጢምዎ ኣሎ። ሰብ ሞያ ኪነ ጥበብ ምስ ደገፍቶምን ማሕበረሰብ ኪነ ጥበብን እውን ክራኸቡ ኣይከኣሉን። እቲ ዝዓበየ ስነ ልቦናዊ ሃሰያ ተፈቲሑ ናብ ንቡር ንምምላስ፣ እቲ ከያኒ ነቲ ኣጋጢምና ዘሎ ፖለቲካዊ ፀቕጥን ሕማም ኮሮናን ዝጀመሮ መኸተ ኣጠናኺሩ ንክቕፅል እቲ ስነ ልቦናዊ ጥንካርኡ ናብ ቦትኡ ምምላስ የድሊ ይብሉ ኣይተ ዳዊት።

ኣብ ትግራይ ልዕሊ 2 ሽሕ ሰብ ሞያ ኪነ ጥበብ ዝርከቡ ኮይኖም 90% ህይወቶምን መነባብሮኦምን ኣብ ፍርያት ኪነ ጥበብ ዝተደረኸ ብምዃኑ መዓልታዊ እቶት ስኢኖም ኣብ ፀገም ይርከቡ። ነዚ ንምፍታሕ ድሕንነትን ሃለዋትን እቲ ከያኒ ንምውሓስ ኮሚቴታት ብምጥያሽ ግብረ ሓይሊ ሚዲያ፣ ፋይና ንስን እቶትን፣ ዝምልከቶም መንግስታውን ዘይ መንግስታውን ትካላትን ማሕበራትን ነቶም ዝለዓለ ጉድኣት ዝበፅሖም ሰብ ሞያ ኪነ ጥበብ ብቕልጡፍ ዝሕገዝሉ ናይ ነዊሕ እዋን ስትራቴጂ ብቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ቀሪቡ ኣሎ።

ብቀፃልነት ድማ ዲጂታላይዜሽን ስራሕቲ ኪነ ጥበብ፣ ምጉልባት፣ ትካላዊ ዓቕሚ ኪነ ጥበብ ንምዕባይን ንምጥንኻርን ፋይናንሳውን ቴክኒካውን ደገፍ ምግባር፣ ውሕስና ድሕነት ሰብ ሞያ ኪነ ጥበብ ውሑስ ምግባር፣ ስርዓት ርክብን መረዳእታን ምዝ ርጋሕ ከምዘድልዮ ኣብቲ ስትራቴጂ ተነፂፉ ኣሎ። ብዓይነትን ብፋይናንስን እቶት ዝረኽቡ መድረኽ ምትእኽኻብ ብምኪያድ ጥበበኛታት ተጋሩ ኣብ ፀገሞም ኣለኹ ልኩም ምባል ከምዘድሊ እቲ ስትራቴጂ የመልክት።

ሓላፊት ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ወይዘሮ ብርኽቲ ገብረመድህን እቲ ሓደጋ ተረዲእና ንምክ ልኻልን ካብቲ ፀገም ንምውፃእን ነቲ ሰነድ ኣጎልቢትካ ምውሳድ የድሊ ኢለን። እቲ ፀገም ንሰብ ሞያ ኪነ ጥበብ ጥራሕ እንተይኮነስ ንኹሉ ህዝቢ ሃስዩ እዩ ዝበላ ወይዘሮ ብርኽቲ፣ እቲ በዓል ሞያ ኪነ ጥበብ ተሃስዩ ማለት ድማ ናይቲ ማሕበረሰብ ስነ ልቦናዊ፣ ቁጠባዊ፣ ባህላውን ፖለቲካውን ብራኽ ስነ ልቦና ዝነ ድቕ ኣካል ምስኣን ስለዝኾነ እቲ በዓል ሞያ ዝለዓለ ትኹረት ከምዘድልዮ ይሕብር።

ኣብቲ መድረኽ ዝተሳተፉ ሰብ ሞያ ኪነ ጥበብ ብርከት ዝበሉ ከየንቲ ምስ ስድርኦም ኣብ ከቢድ ቁጠባዊ ፀገም ስለዝርከቡ እቲ ናይ ሓፂር እዋን መፍትሒ ዝዓበየ ትኹረት ተዋሂቡዎ ክስርሐሉ ይግባእ ኢሎም። ኣብ ክልላዊ ጉዳያት ንነብሱ መስዋእቲ ጌሩ ይቃለስ ዘሎ ከያኒ ኣብ ከቢድ ቁጠባዊ ፀገም ወዲቑ ምርኣይ ከምዘሕዘኖም ብምግላፅ እቲ ስትራቴጂ ነቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ፋይናንሳዊ ፀገም ብዝፈትሕ መልክዑ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ክትግበር፣ ብደኣንትን ካልኦት ትካላት ፋይናንስን ዕድላት ልቓሕ፣ ብዝተ ፈላለዩ ትካላት ድማ ዕድላት ስራሕ ክመዓራረ ዝፀውዕሉ ዋዕላ ነይሩ።

ኪነት ትግራይ ክዓብን ክዕምብብን እንተኾይኑ እቲ ከያኒ ማእገር ናይቲ ማሕበረሰብ እምበር ተደጋጋፋይ ክኸውን ስለዘይግባእ ካብቲ ገጢሙዎ ዘሎ ፋይናንሳዊ ፀገም ወፂኡ ማእገር ህዝቢ ትግራይ ክኾን፣ ኣብ ኩለመዳያዊ መኸተ ከም ቀደሙ ንጡፍ ተዋሳኣይ ንክኾን ኩሉ እጃሙ ከበርክት እዮም ፀዊዖም።

ከየንቲ ትግራይ ፀገማቶም ብምቕራፍ ጥበብ ትግራይ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክትሰጋገር ኣድላዪ ሓገዝ ክግበረሎም፤ እቶም ህዝቢ ኣንቂሖም፣ ወዲቦምን ኣዕጢቖምን ናብ ብራኽ ዓወት ዘብ ፅሑ ከየንትን ኪነትን ትግራይ ብቁጠባ፣ ብስነ ልቦናን ብዓቕምን ከይህሰዩን ጥበብ ትግራይ ከይትመውትን ሕዚ ኩልና ኢደይ ኢድካ ኢልና ማእገር ባህልናን ጥበብናን ንዝኾኑ ከየንትና ክንሕግዞም ይግባእ።

ካብ ገፅ 13 ዝዞረ

## ዞባ ደ/ምብራቕ

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ኣይተ ብርሃኑ በርሀ ኣማረ ኣድረሻ ወረዳ ሕ/ወጀራት ጣብያ ኣራ ዓሰገዳ ቑሸት ኣራ ብዝተኸሰስኩምሉ ፈተነ ኣገድድኻ ምድፋር ገበን ክሲ ኣብ ቖፀሮ ዕለት 20/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዓድጉደም ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳየኹም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኻኑ ንክትፈልጡ ቤት ፍርዲ ዓድጉደም ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ዓድጉደም**

## ጨረታ

ኣፈ/ከሳሲት ፡- ወ/ሮ ኣበባ ወልዱ

ኣፈ/ተኸሳሲት ወ/ሮ ስንዳዮ ገ/ዋሂድ ኣፈፃፀም ተኸሳሲ ኣብ ቤት ፍርዲና ብዘለዎም ዕዳ ንምፍፃም ኣብ ከተማ ሒዋነ ቐጠና 1 ዝርከብ ብሽም ወ/ሮ ስንዳዮ ገ/ዋሂድ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ብጨረታ ምሻጥ ኣድላይ ኾይኑ ስለ ዝተረኸበ ዝኾነ ሰብ ንክጫረት ንገልፅ ፡፡

ዓይነት ንብረት

ኣብ ከተማ ሒዋነ ቐጠና 1 ዝርከብ ገዛ መዋሰኒኡ ፡- ብምብራቕ ፅርጊያ ፤ ብምዕራብ ኣማረ ኣበራ ፤ ብሰሜን ኣማረ ምትኩ ፤ ብደቡብ ዓፈራ ስብሓት ዘዋስኖ ገዛን ቦታን ዝሓዘ ኾይኑ

መበገሲ ዋጋ 1. 120,975.07 /ሓደ ሚኢትን ዕስራን ሽሕን ትሽዓተ ሚኢትን ሰብዓን ሓሙሽተን ምስ 7/100

**ረቛሒታት ጨረታ**

2.ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 15/12/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 – 6፡30 ንጎሆ

3.ቦታ ኣብ ከተማ ሒዋነ ኣብቲ ዝጫረት ገዛ ኣብ ባዕሉ

4.እቲ ጨረታ ብግልፂ ይካየድ

5.ናይቲ ጨረታ ውፅኢት ወድያውኑ ይንገር ፡፡

6.ነቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ናይቲ መበገሲ ዋጋ 25% ኣብቲ ጨረታ መዓልቲ ወድያው ከትሕዝ ኣለዎ ፡፡

7.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15ተ መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ገንዘብ ጠቕሊሉ ይኸፍል ፡፡

8.እቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ ሓሙሽተ መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ጠቕላላ ገንዘብ እንተዘይደኣ ኸፊሉ እቲ ኣቐዲሙ ዘትሓዞ 25% ገንዘብ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ተገይሩ እቲ ጨረታ ይስረዝ ፡፡ ነዞም ረቛሒታት ዘማልእ ሰብ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ዕለትን ሰዓትን ቦታን ቐሪቡ ንክጫረት ይኽእል ፡፡

9.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ እቲ ገዛን ቦታን ብናይ ሊዝ ደንቢ ናብ ሽሙ ዝዞር ይኸውን ፡፡

ውፅኢት ጨረታ መፍለጢ 18/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ከምዝኾነ

**ወረዳ ሕ/ወጀራት ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ዓ/ጉደም**

## ጨረታ

ኣፈ/ከሳሲ ፡- ህፃን ሸሓን ዕፉር መጉዚት ኣይተ ዕፉር ኣበሩ

ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ፅጋው ፀጋይ ኣፈፃፀም ተኸሳሲ ኣብ ቤት ፍርዲና ብዘለዎም ዕዳ ንምፍፃም ኣብ ከተማ ዓ/ጉደም ቐጠና 03 ዝርከብ ብሽም ኣይተ ፅጋው ፀጋይ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ብጨረታ ምሻጥ ኣድላይ ኾይኑ ስለ ዝተረኸበ ዝኾነ ሰብ ንክጫረት ንገልፅ ፡፡

**ዓይነት ንብረት**

ኣብ ከተማ ዓ/ጉደም ቐጠና 03 ዝርከብ ገዛ መዋሰኒኡ ፡- ብምብራቕ መንገዲ ፤ ብምዕራብ መ/ር ኣብርሃ ፤ ብሰሜን መም/ር ገ/መድህን ፤ ብደቡብ መም/ር ታደሰ ዘዋስኖ ገዛን ቦታን ዝሓዘ ኾይኑ ስፍሓቱ 250

መበገሲ ዋጋ 255267.061 /ክልተ ሚኢትን ሓምሳን ሓሙሽተን ሽሕን ክልተ ሚኢትን ስሳን ሸውዓተን ምስ 06/100 6ተ ክፍሊ ገዛ ዝሓዘ ኾይኑ እቲ ሓደ ክፍሊ ገዛ ናይ ኣፈ/ተኸሳሲ ምኧኑ ፈሊጥኹም በዓልኹም ወይ ሕጋዊ ወኪልኹም

**ረቛሒታት ጨረታ**

2.ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 20/12/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 4፡00 – 6፡00 ቀትሪ

3.ቦታ ኣብ ከተማ ዓ/ጉደም ኣብቲ ዝጫረት ገዛ ኣብ ባዕሉ

4.እቲ ጨረታ ብግልፂ ይካየድ

5.ናይቲ ጨረታ ውፅኢት ወድያውኑ ይንገር ፡፡

6.ነቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ናይቲ መበገሲ ዋጋ 25% ኣብቲ ጨረታ መዓልቲ ወድያው ከትሕዝ ኣለዎ ፡፡

7.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15ተ መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ገንዘብ ጠቕሊሉ ይኸፍል ፡፡

8.እቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15ተ መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ጠቕላላ ገንዘብ እንተዘይደኣ ኸፊሉ እቲ ኣቐዲሙ ዘትሓዞ 25% ገንዘብ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ተገይሩ እቲ ጨረታ ይስረዝ ፡፡ ነዞም ረቛሒታት ዘማልእ ሰብ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ዕለትን ሰዓትን ቦታን ቐሪቡ ንክጫረት ይኽእል ፡፡

9.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ እቲ ገዛን ቦታን ብናይ ሊዝ ደንቢ ናብ ሽሙ ዝዞር ይኸውን ፡፡

**ወረዳ ሕ/ወጀራት ቤት ፍርዲ ምድብ**
**መጋባእያ ዓ/ጉደም**

ኸሳሲት፡-ወ/ሮ ግደይ ኣፅብሃ ገ/የሱስ

ተኸሳሲ፡-ኣይተ ግደይ ምሓሪ ገ/ገርግስ ተኸሳሲ ብኸሳሲት ናይ ሓዳር ፍትሕን ቀለብ ቆልዓን ክሲ ኣመልኪቱ መልስኩም ብፅሑፍ ንዕለት 27/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ሒዝኩም ንክትቀርቡ ኣብዚ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቐሪብኩም መልሲ ብፅሑፍን ዝርዝር መረዳእታን ናይ ምቕራብ መሰልኩም ከምዝሓልፍ ቤት ፍርዲ ወረዳ ደጉዓ ተምቤን ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ደጉዓ ተምቤን**
**ምድብ መጋባእያ ሃገረ ሰላም**

## ጨረታ

ኣፈ/ከሳሲት ፡- ወ/ሮ ትክወት ሓዱሽ

ኣፈ/ተኸሳሲት፡- ወ/ሮ ብዘየ ሓዱሽ ኣፈፃፀም ተኸሳሲት ኣብ ቤት ፍርዲና ብዘለወን ዕዳ ንምፍፃም ኣብ ከተማ ዓድጉደም ቐጠና 01 ዝርከብ ብሽም እኒ ብዘየ ሓዱሽ 3ተ ሰብ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ብጨረታ ምሻጥ ኣድላይ ኾይኑ ስለ ዝተረኸበ ዝኾነ ሰብ ንክጫረት ንገልፅ ፡፡

**ዓይነት ንብረት**

ኣብ ከተማ ዓድጉደም ቐጠና 01 ዝርከብ ገዛ መዋሰኒኡ ፡- ብምብራቕ ቐሺ ጣዓመ ሃይሉ ፤ ብምዕራብ ኣይተ ሕሉፍ ኪዳኑ ፤ ብሰሜን መንገዲ ፤ ብደቡብ ኣይተ ኣባዲ ግርማይ ዘዋስኖ ገዛን ቦታን ዝሓዘ ኾይኑ ስፍሓቱ 164.5 ሜትር ካሬ፡

መበገሲ ዋጋ 1. 22,091.61 /ዒስራን ክልተን ሽሕን ቴስዓን ሓደን ቅርሽን/ ምስ 60/100 ብር

**ረቛሒታት ጨረታ**

2.ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 18/12/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 2፡30 – 6፡30 ቀትሪ

3.ቦታ ኣብ ከተማ ዓድጉደም ኣብቲ ዝጫረት ገዛ ኣብ ባዕሉ

4.እቲ ጨረታ ብግልፂ ይካየድ

5.ናይቲ ጨረታ ውፅኢት ወድያውኑ ይንገር ፡፡

6.ነቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ናይቲ መበገሲ ዋጋ 25% ኣብቲ ጨረታ መዓልቲ ወድያው ከትሕዝ ኣለዎ ፡፡

7.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15ተ መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ገንዘብ ጠቕሊሉ ይኸፍል ፡፡

8.እቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15 መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ጠቕላላ ገንዘብ እንተዘይደኣ ኸፊሉ እቲ ኣቐዲሙ ዘትሓዞ 25% ገንዘብ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ተገይሩ እቲ ጨረታ ይስረዝ ፡፡ ነዞም ረቛሒታት ዘማልእ ሰብ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ዕለትን ሰዓትን ቦታን ቐሪቡ ንክጫረት ይኽእል ፡፡

9.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ እቲ ገዛን ቦታን ብናይ ሊዝ ደንቢ ናብ ሽሙ ዝዞር ይኸውን ፡፡

**ወረዳ ሕ/ወጀራት ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ዓ/ጉደም**

## ዞባ ደቡብ

## ጨረታ

ብኣፈ/ከሳሲት ወ/ሮ ምፅላል መኮነን

ብኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ መትከል ኣስረሳሀኝ ኣብ መንነኦም ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክሲ ኣብ ከተማ መኾኒ ቁሸት ብዓድ ብምብራቕ - መንገድ ፤ ብምዕራብ - ዘርኣይ ወንድም ፤ ብሰሜን - ኪሮስ ይብራህ ፤ ብደቡብ - ገ/ሄር ገ/መኣንታ ዝዋሰን ስፍሓቱ 175 ካሬ/ሜትር ዝኾነ 5ተ ክፍሊ ገዛውቲ ምስ ናይ ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ቀራይ ዕዳ ምስ ወለድ ብር 320,372.02 / ሰለስተ ሚኢትን ዒስራን ሽሕን ሰለስተ ሚኢትን ሰብዓን ክልተን ምስ 02/100 ሳንቲም ሓዊሱ ብብር 1,300.000 /ሓደ ሚልዮንን ሰለስተ ሚኢትን ሽሕ ብር ክገዝእ ዝደሊ ተጫራታይ እንተሃልዩ ጨረታ መጫረቲ ዕለት 18/12/12 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቤት ፍ/ወ/ራ/ዓ/ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ዓዘቦ**
**ምድብ መጋባእያ መኾኒ**

ኸሳሲ፡- መሓመድ ፈራጅ

ተኸሳሲ፡-ዓብደልቓድር ረብሶ ኣ/ሻ ወ/ራ/ዓዘቦ ጣብያ ወረባየ ኣብ መንነኦም ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ጉዳይ ተኸሳሲ ናብ ቤት ፍርዲ ጉዳዮም ቀሪቦም ክካተዑ መፀዋዕታን ክሲን ብኸሳሲ ገይሩ ብኣድራሻኦም ከበፅሓም ብተደጋጋሚ ተኣዚዙ ክርከቡ ስለዘይኻኣሉ ዝብል ቃለ መሓላ ብኸሳሲ ስለዝቀረበ ንዕለት 20/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቆፀሮ ስለዘለኩም ኣብቲ ዝተገለፀ ስዓትን ዕለትን ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ምድብ መጋባእያ መኾኒ ንክትቀርቡ ተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምኻኑ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ዓዘቦ**
**ምድብ መጋባእያ መኾኒ**

ኸሳሲ፡-ቤት ፅሕፈት ለምለም ካርል ሆስፒታል ማይጨው

ወኪል ከተማ ማይጨው ፍትሒ

ተኸሳሲ፡- ኣይተ ኣስመላሽ ሽሙየ ብዝተኸሰሰሉ ናይ ገንዘብ ክትዕ ኸሳሲ ቤት ፅሕፈት ንተኸሳሲ ብኣድራሻኦም ኣልሹ ስለዝሰኣኖም ንዕለት 29/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ንክቐርቡ ዘይለዉ እንተኾይኖም ድማ ጉዳዮም ብዘየለዉሉ ከምዝርኣይ ከተማ ማይጨው ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ማይጨው ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ከ/ኣላማጣ ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ ፡- 1.ኣይተ ሃፈቱ እያሱ መረሳ ኣድራሻ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ንኡስ ወረዳ ጨርጨር ጣብያ ኮርመ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ኢ.ፌ.ድ.ሪ.ገበን ሕጊ ዓንቀፅ 669/3/ለ ዝተደንገገ ብምትሕልላፍ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ኣብ ከተማ ኣላማጣ ቤት ፍርዲ ክሲ ተኸሲስኩም ክትቐርቡ ስለ ዘይኽኣልኩም ንዕለት 20/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ናብ ከ/ኣላማጣ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኧኑ ቤት ፍርዲ ከተማ ኣላማጣ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ ኣላማጣ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

መመልከቲ፡- ገ/ህይወት በርዎ ኣለ እናተብሃልኹ ይፅዋዕ ነይረ ሐዚ ግና ንሱ ተሪፉ ገብርየት በርዎ ኣለ ተባሂለ ንክፅዋዕ ክብል ስለዘመልከቱ ዝቃወም ኣካል እንተሃልዩ ንዕለት 21/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክቐርብ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ዓዘቦ**
**ምድብ መጋባእያ ሞኾኒ**

## ዞባ ምብራቕ

ኣፈ/ኸሳሲ፡-ኣይተ ፅጋብ ኣረጋዊ ሓጎስ ኣ/ሻ ወረዳ ጋ/ኣፈሹም ጣብያ በዓቲ ማይ መሳኑ

ኣፈ/ተኸሳሲ፡-ኣይተ ክ/ማርያም ገ/ዩውሃንስ ኣ/ሻ ዓድግራት ቀበሌ 04 ንስኹም ተኸሳሲ በዚ ምልክታ ተፀዊዕኩም ብዉሳኔ መሰረት ፈፂምኩም ንዕለት 22/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ወረዳ ዓድግራት ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ወይ ከዓ ዘይትፍፅሙሉ ሕጋዊ ምኽንያት ሒዝኩም ንክትቐርቡ እንተዘይኾይኑ ግና ካብ ንብረትኩም ብጨረታ ተሸይጡ ከም ዝፍፀም ዓዲግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዙ ኣሎ፡፡

**ዓዲግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ ከተማ ውቕሮ

ተኸሰስቲ፡-1, ተምሃራይ ሱራፊኤል ፍቃዱ እያዩ ኣድራሻ ከተማ ውቕሮ ጣብያ ኣግኣዚ ዞን 1

2, ተምሃራይ ዮናስ ካሕሳይ ሃደራ ኣድራሻ ከተማ ውቕሮ ጣብያ ደደቢት ዞን 4 ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ጉዳይ ንምፅራይ ተኸሰስቲ ቀሪብሎም ዘሎ ኽሲ ገ/ሕ/ዓ 669/3/ለ/ ኮይኑ እዚ ድማ ብገ/ስ/ስ/ሕ/ ዓንቀፅ 161/1/ለ/ ብዘየለውሉ ዝርአ ስለዝኾነ ተኸሰስቲ ድማ ኣብ ኣድራሽኦም ከምዘየለዉ መረዳእታ ስለዝቐረበ ተኸሰስቲ ጉዳይኹም ቅድሚ ብዘየለኹምሉ ምርኣዩ ንዕለት 20/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡30 ናይ ቀትሪ ናብ ከተማ ውቕሮ ቤት ፍርዲ ቀሪብኩም ንክትከራኸሩ ቤት ፍርዲ ከተማ ውቕሮ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ከተማ ውቕሮ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሰስቲ ፡- እኒ ዳኒኤል በርሀ 4ተ ቁ/ሰባት

ኣፈ/ተኸሰስቲ ፡- እኒ ገ/መስቀል በርሀ 3ተ ቁ/ሰባት ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክሲ ክትዕ ጉዳይ ንምፅራይ 1ይ ኣብ ከተማ ውቅሮ ጣብያ ደደቢት ዞን 3ተ ዝርከብ መዋሰኒኡ ብምብራቅ - ወ/ሮ ታሪክ ገ/መድህን ፤ ብምዕራብ - ኣፈ/ከሰስትን ኣፈ/ተከሰስትን ፤ ብሰሜን - መንገዲ ፤ ብደቡብ መም/ር እቴነሽ ሓዱሽ ዘዋስኖ ገዛን ቦታን ስፍሓቱ 150 ሜትር ካሬ ዝኮነ ብመበገሲ ዋጋ ብር 30,184.9 /ሰላሳ ሽሕን ሓደ ሚኢትን ሰማንያን ኣርባዕተን ቅርሺ ምስ 90/100 ሳንቲም / ፤ 2ይ ኣብ ከተማ ውቅሮ ጣብያ ደደቢት ዞን 3ተ ዝርከብ መዋሰኒኡ ድማ ፡- ብምብራቅ - ኣፈ/ከሰስትን ኣፈ/ተከሰስትን ፤ ብምዕራብ መንገዲ ፤ ብሰሜን መንገዲ ብደቡብ መም/ር እቴነሽ ሓዱሽ ዘዋስኖ ገዛን ቦታን ስፍሓቱ 300 ሜትር ካሬ ዝኾነ ብመበገሲ ዋጋ ብር 95,632.5 /ቴስዓን ሓሙሽተን ሽሕን ሹዱሽተ ሚኢትን ሰላሳን ክልተን ቅርሺ ምስ 50/100 ሳንቲም / ዝኾኑ ገዛውቲ ንክጫረቱ ቤት ፍርዲ ከተማ ውቅሮ ስለ ዝኣዘዞ ክጫረት ዝደሊ ኣካል እንተሃልዩ ቀሪቡ ንክጫረት ፡-

ነዚ ጨረታ ከማልእዎም ዝግበኦም ረቋሕታት

- ተጫራቲ ክኾውን ዝኽእል በቲ ጨረታ ዝተሰዓረሉ ዋጋ መሰረት ሰዓሪ ዝኾነ ወድያው ንመጫረቲ ኮሚቴ 25% ከትሕዝ ዝኽእል ይኸውን
- እቲ ዝተረፈ 75% ድማ ኣብ ውሽጢ 15ተ መዓልቲ መሰሉ ምስተረጋገፀሉ ሙሉእ ብሙሉእ ከትሕዝ ዝኽእል ይኾውን፡፡
- እዚ ክፍፅም እንተዘይኪኢሉ ሰዓሪ ጨረታ ዘትሓዞ ናይ 25 % ገንዘብ ንዝወፀ ወፃኢ ተሸፊኑ ዝተረፈ ናብ ካዝና መንግስቲ ኣታዊ ይኾውን ፡፡ ዝህልዎ መልሲ ድማ ኣይህልን
- ን2ይ ግዜ ጨረታ ወፂኡ ካብ እቲ ዝተሰዓረ ዝቀነሰ እንተኾይኑ ድማ ተሓታቲ ይኾውን /ሰዓራይ ጨረታ /
- ጨረታ ዝካየደሉ ቦታ ኣብቲ ንጨረታ መበገሲ ዝኾኑ ቦታታት ኮይኑ ንዕለት 15/12/2012 ዓ/ም 1ይ ገዛ ካብ ሰዓት 2፡30 ንጎሆ ክሳብ ሰዓት 6፡30 ናይ ቀትሪ ፤ እቲ 2ይ ገዛ ድማ በቲ ዕለት ኮይኑ ካብ ሰዓት 8፡00 ናይ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት 11፡00 ናይ ኣጋምሸት ይኸውን ፡፡
- ውፅኢት ጨረታ ብመጫረቲ ኮሚቴ ዝቀርበሉ ዕለት 18/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናይ ንጎሆ ናብ ከተማ ውቅሮ ቤት ፍርዲ ምስ ሰዓራይ ጨረታን ተኸራኸርትን ንክቀርቡ ቤት ፍርዲ ከተማ ወቅሮ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ከተማ**
**ውቅሮ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ሮቤል ኣለም ሃ/ስላሴ ኣድራሻ ዓዲግራት ቀበሌ 06 ዞን 6 ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ኢ.ፌ.ድ.ሪ ገበን ዓንቀፅ 669 (3)ለ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ተኸሲስኩም ስለ ዘለኹም ንዕለት 23/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ከ/ዓዲግራት ገበን መጋባእያ ቁፅሪ 1 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኩም ግን ክስኹም

ናብ ገፅ 10 ይዘውር

# መቐለና ዘፀብቓ ፅቡቓት ኣዴታት

ብመስፍን ገ/ትንሳኤ

ኣብ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ዘፈር ልምዓት ከተማ፣ ሓምለዋይ ቆፅሊ ዝተሓነነት ፅርይቲ ርእሰ ከተማ ትግራይ ንምፍጣር ምስ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክታት ተኣሳሲሩ ይሰርሕ ኣሎ፡፡ ካብዚኣቶም ሓደ መደብ ምግቢ ውሕስና ከተማ እዩ፡፡ መንግስቲ ትግራይ ብግድኡ እዛ ተሃራፊት ከተማ ብፅርግያ ዓይኒ ዓራት ክትከውን ልዑል እጃም የበርክት ኣሎ፡፡

መደብ ምግቢ ውሕስና ድማ ወሰናወሰን ፅርግያታት ሓምላይ ግርማ ክለብስን ክፀርን ምስ ዘርፌ ፅሬትን ፅባቐን ከተማ ተዋዲዱ ክረባረብ ንዕዘብ ኣለና፡፡ ብምኽንያት እዚ ንምንባር ፅብቕቲ፣ ምጭውቲ፣ ተብሃጊትን ሳሓቢትን ከተማ መቐለ ትፍጠር ኣላ፡፡

እዛ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ሓቢሮም ዘውቅቡዋ ዘለዉ ከተማ መቐለ፣ ተወዳዳሪት፣ ዘበናዊትን ምዕርግትን ከም እትኸውን ዘጠራጥር ኣይብሉን ዝበላና ኣብቲ ዓውዲ ዝዋዓላ ገለ ደቂ ኣንስትዮ እየን፡፡

ከይሸርሸር ቆንጢጡ ከም ዝሕዝ ተገንዚብና ነልምዕ» ኢላትና፡፡

እወ ኣብ ዓበይቲ ጎደናታት፣ ከም ገበል ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ዝውርወሩ ነዋሕቲ ፅርግያታት፣ ብሓምለዋይ ተኽሊ መልኪያምን ለጥ ኢሎምን ትርኢ፡፡ ኣብ ወሰናስን ይኹን ብማእኸል ጨዲዶም ካብ ዝተተኽሉ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣትክልቲ ዝፍነዉ ንፋሳት ንጥዑም ኣየር ከተማ መቐለ መገብቲ እዮም፡፡

ካብኡ ዘይነኣኣሱ ልምዓት እኒሄ፡፡ ብግቡእ ተቐም ቂሞም ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ዝሓዙ ሳዕርን ፅሕድታትን ብፍላይ ንጎሆ ወርቃዊ ጮራ እንትዓርፎም ልብኻ ንኢዶም ዕዝር የብልዎ፡፡ ንወይዘሮ ኣለምነሽ ኲነታት ስራሕን ክፍሊትን ሓቲትናያ ኔርና፡፡

እየ፤ ኣብ ገዛይ ድማ መራሒት ስድራን ኣደ ሰለስተ ቆልዑትን እየ፡፡ ወግሐ ፀብሐ 15 ኣንስትዮ እናመራሕኹ፣ ኣንጊሀ ናብ ፅሬትን ሓምለዋይ ከባብን ይዋፈር፡፡

ኣብ ኣፍ ሩባ ተኽልታት ንተክል፡፡ መትሐዚ ዕሹግ ማይን ላስቲክ፣ ካልኦትን ነንበይኑ ፈላሊና ድሉው ንገብሮ እሞ ዃሓፍ ዘመላልሳ መካይን እናመፃ የግልሰኦ፡፡ ብምኽንያት እዚ ሓምለዋይ ከባቢ ክንፈጥር ፃዕርታትና ኣብ ምሕያል ንርከብ፡፡ ንሕና ኣብዚ ዓውዲ ምንጣፍ ካብ እንጅምር፣ ሕማም ኮረና ቫይረስ እናተኸላኸልና ኣብ ምፅባቕ ከተማ እወንታዊ ተራ ንፃወት ኣለና፡፡

ኮይኑ ግና ዝኸፈለና ማሃያን ንኸፍሎ ፃዕርን ዘይ መጣጠን እኳ እንተኾነ ብሱሩ እውን ንእቲ ስራሕ ዕቤት ከባቢና ወሳኒ ስለ ዝኾነ በዚ ነከሓሕሶ ኢና፡፡ ምስኡ ጎድና ጎድኒ ገንዘብን ሓጥያትን ተዋህላሊ ከም ዝባሃል፣ ሕድሕድና ካብተን ንረኽበን ወርሒ መፅኣ ብር 70 ንዓቁር ኣለና» ትብል፡፡

ሳሓቢ ከባቢታት፣ ናእሽቱ እኽብካብ ፅሩይ ከባቢ፣ ምስ ስሚንቶን ከርታመን ተዋሃሂዶም ብልጭልጭ ዝብሉ ጎደናታት ክፍጠሩ እጃመን ዕዙዝ እዩ፡፡

ኣብቲ ዓውዲ ስራሕ ብፍላይ ምስ ሕማም ኮረና ቫይረስ ተኣሳሲሩ፣ ናብ ሓደጋ ከይቃላዓ ብዝብል ኣንፈት፣ ኣብ ቀረባ ቁሩብ ምዝሕሓል ኣርእዩ ኣሎ፡፡ መሊኡ ዝተረፈ ግና ኣይኮነን፡፡ ክረምቲ ምስ ምኟኑ ዓብዩ ጥንቃቐ እናገበራ ይሰርሓ እየን፡፡ ኣብ ማዓልቲ ክልተ ግዜ ይሰርሓ፤ ግቡእ ክትትል ድማ ንገብረለን ኢና፡፡

ካብዚ ተበጊስካ እዛ ርእሰ መዲና ክልል ዝኾነት ከተማና መቐለ፣ ይትረፍ ውፅእ እትው ዝብል ሰብ ኣብ መቐለ ብቐዋምነት ዝነብር ተዓዛቢ ክሳዕ ዝደናገር ዕለታዊ ለውጢ ተርእየና ዘላ እያ፡፡ ብካልእ ኣዘራርባ፣ መዐቀኒ ከተማታት ዘበለ ኲሉ ክተማልእ ትሽባሸብ ኣላ፡፡


ተጠቃሚት ምግቢ ውሕስና ከተማ ወይዘሮ ኣለምነሽ በየነ


ወይዘሮ ትብለፅ ካሕሳይ

«ኣለምነሽ በየነ ይባሃል፡፡ ነባርነተይ ኣብ ክፍለ ከተማ ሰሜን መቐለ፣ ጣብያ መስፍን እዩ፡፡ መራሒት ስድራን ኣደ ክልተ ቆልዑትን እየ፡፡ ኣብ ስርሐይ ድማ መራሒት ልምዓት ጉጅለ እየ፡፡ ኣብ ጎደናታት እንዳባጋብር ቦታ ተዋሂቡና ተኽልታት ንተክል፡፡ ክሳዕ ሕዚ ኣነን መሳርሕተይን ኮይንና 32 ተኽልታት ሓብሒብና ኣፅዲቕና ኣለና» ትብል፡፡

እወ ብፍላይ ንውልቀን ሓባርን ዋኒን ኣንጊህኻ ተሲእኻ በቲ ፅርግያታት እንተተንቀሳቒስካ፣ ብመሸቀጢ ኣፍ፣ ኣፈንን ፍንጨኣንን ዓቢሰን ንፃዕሪ ጉምብሕ ጥልዕ ዝብላ ደቂ ኣንስትዮ ምርኣይ ንቡር እዩ፡፡ ቁሩብ ቅርብ ምስ በልካ ግዳ፣ ዃሓፉት ዝፀርጋን ኣትክልቲ ዝኹስኩሳን ኮይነን ትረኽበን፡፡

ወይዘሮ ኣለምነሽ በየነ «ስራሕትና ኣብ ወሰናስን ምዕሩግ ንፃፍ እምኒ ወይ ኮብል ስቶን ዝተመስረተ እዩ፡፡ ረብሓ ኣቓፅልቲ ልዕሊ ኲሉ እዩ፡፡ ፈለማ ልዑል መጠን ረስኒ የመጣጥን፣ ንፅላል ይኸውን፣ ሓመድ

«ክፍሊትና ክንድቲ ዝድለ ዘዕግብ ኣይኮነን፡፡ ካብ ዚኣን ብር 70 ንዓቑረን፤ እተን ዝተረፋ ብር 230 ቀለብና እየን፡፡ ብውልቀይ መንበሪ ገዛ እኳ እንተዘየጥረኹ፣ ካብ ሕሉፍ ዝተመሓየሸ ብርኪ መነባብሮ ወኒነ እየ፤ ጋዝ እንተሓረመኒ ፋሓም ገይረ የብስል፤ ምግቢ፣ ኣከዳድና፣ ሕክምና፣ ትምህርትን ካልኦትን ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናማሓየሽኩ ይርከብ» ክትብል ገሊፃትልና፡፡

ምሸት ኮይኑ ክትናፈስ ክትሳለ ድማ ቅደም ሳዓብ ረድፌ ዝሓዙ ዓበይትን ናእሽቱን ኣምፑላት መብራህቲ ደሚቖም ተወሊዖም፣ ምስ ሳዕርን ቆፅልን ሕብሮም ኣዋሃሂዶም፣ ውሽጥኻ ፍስሃን ታሕጓስን ክዓስሎ ይፍለጠካ፡፡ ካብ ፅርግያታት ተጠዊኻ ናብ መንደራት ቅልቅል ክትብል፣ ቆፅልታት ዝዓጀቦ ምዕሩግ ንፃፍ እምኒ ሓንጎፋይ ኢሉ ይቕበለካ፡፡

ወይዘሮ ትብለፅ ካሕሳይ ኣብ ተመሳሳሊ ክፍለ ከተማን ጣብያን ረኺብና ዘዘራረብናየን እየን፡፡ "ሓላፍነት ስርሐይ ኣደ መንበር ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ጣብያ መስፍን

ድሕሪ እዚ ምክትል ኣማሓዳሪ ጣብያ መስፍን ኣይተ ወልደኣረጋይ ሃይለስላሴ ብዛዕባ መደብ ምግቢ ውሕስና ከተማን እዘን ተጠቀምትን ዘሎ ምትእስሳር ሓቲትናዮ «እዘን ደቂ ኣንስትዮ ብመደብ ሴፍቲኔት ተወዲበን ኣብ ክልተ ዘርፊ ተመቒለን ይሰርሓ፡፡ ሓደ ኣብ ስራሕቲ ልምዓት ኣብ ተኽሊ ምትካልን ክንክንን እንትኸውን፣ ካልእ ኣብ መዳይ ፅሬት ጎደና ተዋፊረን እናሰርሓ ንህዝብን መንግስትን ዝረብሕ ግልጋሎት ዝህባ ዘለዋ እየን፡፡

ስረሐን ርኡይን ዝምስገንን እዩ፡፡ ዘይሩ ዘይሩ እዘን ኣባል ጉጅለ ሓምለዋይ ልምዓት ዝኾና ፃዕራማት ዝተማልኣን ዝተወደኣን ሂወት ወኒነን እየን እኳ እንተ ዘይበልና ዘይፅግዕተኛ ስድራ ግና ፈጢረን ብግቡእ ይመ ርሓ ኣለዋ፡፡ ውፅኢተን ኲሉ ነባሪ ከተማ ዓዲ ዝምስክሮ ሓደ ዓብዩ ታኣምር የበርክታ ኣለዋ፡፡

ሳላ ውፍይነትን ውዑይ ስምዒትን እዘን ዋዕሮታት መሐጎሲ ፍዮሪ፣ መሀንጠዊ ቆፃል ሕብሪ ዘለዎ ተኽሊ ወሰን ሩባ፣ ምዕሩይ ወራዲ ማይ፣ ደስ ዝብል ዝስማዕማዕ

ናብ ሓደ ጫፍ ኣንጎሎ ወፂእኻ ናብቲ ሓደ ፀግዒ ጫፍ ዓይንኻ ወርዊርካ እንክትጥምት ዝዓግ ተካ ሓበላ ውሑድ ወይ የለን ክባሃል ይካኣል፡፡

ስፍሓትን ንውሓትን ፅርግያታት ብራኸን በዝሕን ህንፃታት፣ኣህጉር ተሳጋሪ ድምቀት እናዋህለለት ትመፅእ ኣላ ኢና ንብል» ዝበለና ምክልት ኣማሓዳሪ ጣብያ መስፍን ኣይተ ወልደኣረጋይ ሃይለስላሴ እዩ፡፡

ኣብ መወዳእታ ቁሩብ ጎናዊ ጉድኣት ከተማ መቐለ ተባሂሉ ክግለፅ ዝካኣል፣ በቢ እዋኑ እናወሰኸ ዝመፅእ በዝሒ ህዝቢ፣ ፋብሪካታትን ተሽከርከርትን ዝወለዶ፣ እዞም ፃህያይ ከተማ ክንብሎም ንኽእል ብኽለት ድምፅን ኣየርን እዮም፡፡

እዘን ንፅባቐ መቐለና ዝለዓለ እጃም የወፍያ ዘለዋ ፅቡቓት ኣዴታትና ዝጀመረኦ ሓምሐወይቲን ምቸውትን ተሃራፊትን መቐለ ንምፍጣር ዝገብርኦ ፃዕሪ ከባቢና ብምክንኻን፣ብምልማዕን ብምክንኻንን ክንሕግዘን ይግባእ፡፡ ሰናይ ቕነ፡፡

# ከተማታትና

## ተመላጠጥ ብጊዜ

**ብኣሸናፊ ዘውዴ**

ኣብ ከተማ ዝነብሩ ወገናት ኣብ ዝተፈላለዩ ዘፈራት ማኑፋክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ተዋፊሮም ብምስራሕ ንባዕሎም ተረቢሖም ንካልኦት ወገናት ዕድል ስራሕ ንክፈጥሩ ጥጡሕ ባይታ ምህላውን መንግስት'ውን ኣብ በቢ ዘፈሩ ዝተፈላለዩ ክትትልን ደገፋትን ብምግባሩን ናይ ባዕሉ ትካል ንከጣይሽ በሪ ከም ዝኸፈተሉ ዝዛረብ ነባራይ ከተማ መቐለ ዝኾነን ንሎሚ ተረኛ ተረቋሓይ ዓምዲ ከተማታት፣ ኣይተ ኣርኣያ ኪዳነ እዩ።

ኣይተ ኣርኣያ ኪዳነ ኣብ ከተማ መቐለ ነባራይ ክፍለ ከተማ ሓወልቲ ጣብያ ዓዲ ሽምድሑን እዩ። ኣብ ስራሕቲ ሓፂነ መፂን ተዋፊሩ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ስራሕቲ ካብ 1990 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ። ክሳብ 1995 ዓ.ም ኣብ ዘሎ እዋን ኣብ እንዳሰብ ተቆፂሩ ይሰርሕ ነይሩ።

ካብ 1996 ዓ.ም ጀሚሩ ድማ ብሓሙሽተ ሽሕ ብር መበገሲ ካፒታል "ኣርኣያ ኪዳነ ጠቕላላ ስራሕቲ ሓፂነ መፂን" ዝብል ትካል ኣጣይሹ ናብ ስራሕ ኣትዩ። ፈለማ ገዛ ተኻርዩ ስራሕቱ ብምጅ ማር ቀፂሉ ድማ ኣብ 1998 ዓ.ም ብመንግስቲ ደገፍ ጊዜያዊ መስርሕን መሸጥን 250 ካሬ ቦታ ብምርካቡ ስራሕቱ ብግቡእ ምስራሕ ጀሚሩ። ጊዜ ከይተፀባፀበ ቐትርን ለይትን ብትግሃት ብምስርሑን ዝተፈላለዩ ደገፋት መንግስቲ ብምርካቡን ካብ እዋን ናብ እዋን ውፅኢታዊ ስራሕቲ ብምውጋንን ስራሕቱ ዘስፋሕፍሕሉ ኩነታት ፈጢሩ።

ልቓሕ ብናውቲ ካብ ካዛ ዝወሰደ ኮይኑ እተን ዝወሰደን መዕፀፍን መቐረፅን መሸናት ዋጋአን ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ብር ኮይነን ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ዓመት ተኸፊሉ ብዝውዳእ ልቓሕ ዝወሰደን እዩ። ዛጊድ ክፍሊት እቲ ልቓሕ ብምውዳእ እተን ዝተ ረፉ ድማ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት መሊኡ ከም ዝኸ ፍለንን ዛጊድ ድማ ንሸሞንተ ወገናት ዕድል ስራሕ ከም ዝፈጠረን ኣይተ ኣርኣያ ይዛረብ።

ኣይተ ኣርኣያ ኪዳነ ንዝተፈላለዩ ወገናት ዘለዎ ብሉፅ ተመኩሮን ክእለትን ካብ ምሕላፍ ንድሕሪት ኣይብልን። ንዓይ ጥራሕ ኣይብልን። ዝሕብኦ ፍል ጠት የለን። እታ ዘላቶ ብእዋኑ የመሓላልፍ እዩ። ብምኟኑ ቐድም ክብል ዝነበሩ ሰራሕተኛታቱ ኩሉ መዳያዊ ክእለቶም ክዓቢ ብምግባርን ናይ ባዕሎም ትካል ንክውፅኡን ዝድገፈሉ ኩነታት ኣሎ። ሐዚ ኣይተ ኣርኣያ፣ ወናኒ ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ብር ርእ ሰማል ብምኟን ስራሕቱ ንምስፋሕፋሕን ንብርክት ዝበሉ ወገናት ዕድል ስራሕ ንምፍጣርን ብትኹረት ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ። ዝሓሸ ምንቅስቓስ ከም ዘለዎን ሞዴል ምኟኑን ዝሕብሩ ብርክት ዝበሉ ወረቐት ምስክር ብዝተፈላለዩ ኣካላት ተበርኪ.ትሉ እዩ።

ልቓሕ ወሲዶኻ ክትውግኖ ኣብ ዝዓለምኻዮ ስራሕ ጥራሕ እንድሕር ኣውዒልካዮ ውፅኢታዊ ከም እትኸውን፣ ፍልጠትካን ዓቕምኻን ኣዋዲድኻን ደገፋት መንግስቲ ብዝግባእ ብምጥቃምን ቆሪፅካ ናብ ስራሕ ብምእታውን ከምኡ'ውን ዘለካ ጊዜ ብኣግባቡ መሊእኻ ብምጥቃምን ውፅኢታዊ ከም እትኸውን ካብቲ ሞዴል ምምሃር ይከኣል።

ብመንግስቲ ዝተፈላለዩ ደገፍን ክትትልን ከም ዝተገበረሉን እዚ ድማ መስርሕን መሸጥን ቦታ፣ ዓቕሚ መዕበዪ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ዘለዎም ስልጠናት፣ ካልኦት ደገፋትን ክትትልን ብምርካቡ ንምግፋሕ ስራሕቲ ዝለዓለ ብፅሒት ከም ዘለዎ ኣይተ ኣርኣያ ይገልፅ።



ሞዴል በዓል ሃፍቲ ፣ ኣይተ ኣርኣያ ኪዳነ

ኣብ ምሃብ ልቓሕ ድማ ብጥረ ገንዘብን ብናውትን ልቓሕ ከወስዱ ተገይሩ። 14 ትካላት ካብ ደደቢት ልዕሊ 3.7 ሚልዮን ብር ልቓሕ ክወስዱ ዝተ ገበረ ኮይኑ ካብ ካዛ ድማ 12 ትካላት ብዓይነት ልቓሕ ወሲዶም።

ንሓደሽትን ነባራትን ኢንተርፕራይዛት ዝተ ፈላለዩ ክትትልን ደገፋትን ብምግባር ብርኪ ስግ ግር ኣካይ ዶም እዮም። ኣብዚ ዓመት ሽውዓተ ኣናእ ሽተይ ማኑፋ ክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ሕድሕዶም ልዕሊ 1.5 ሚልዮን ብር ካፒታል ብምውናን ናብ ማእኸለዎት ኢንዳስትሪ ብርኪ ስግግር ከም ዘካየዱ ኣይተ ኪዳነ ይገልፁ።

ከም ኣገላልፃ ኣይተ ኪዳነ፣ ኣብ ትግራይን ዝተፈላለዩ ከባቢታትን ብዝተፈጠረ ምችው ሃዋህው ስራሕ ብምጥቓም ብርክት ዝበሉ ወገናት ኣብ ማኑፋ ክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ተዋፊሮም ኣብ ምስራሕ ዝር ከቡ ኮይኖም ካብ እዋን ናብ እዋን ውፅኢታዊ ስራሕቲ ካብ ምውጋን ብተወሳኺ ብር ክት ዝበሉ ሞዴላት እናተፈጠሩ እዮም።

ብሓፈሻ ኣብቲ ሐዚ በጺሖም ዘሎ ብርኪ ዕብየት ንምብፃሕ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ዘለዉ ኮይኖም ካብኣቶም ድማ ንእጠቃቕማ ጊዜ ዝሃቦ ትኹረት እቲ ሓደ እዩ። ስራሕቱ ብዝተትሓዘሎም ጊዜ ንምውዳእ ቀትሪ ብዝግባእ ብምጥቃምን ላይቲ'ውን ወሲኹ ዝሰርሓሉ እዋን ኣሎ። ስለ'ዚ ንጊዜ ዝለዓለ ጠመተ ብምሃቡ ውፅኢታዊ ከም ዝኾነ ኣይተ ኣርኣያ ወሲኹ ይገልፅ።

ሰራሕተኛ እቲ ትካል መንእሰይ ደጀን ኣርኣያ ከም ዝበሎ፣ ኣብቲ ትካል ልዕሊ ሰለስተ ዓመታት ተሓጋጊዝን ከኢላን ብምኟን ሰሪሑ። ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ፍልጠቱ፣ ዓቕሙ ከእለቱን ብምዕባይ ኣብ ስራሕቲ ሓፂን ውፅኢታዊ ስራሕ ኣብ ምውጋን ይርከብ።

መንእሰይ ደጀን ኣርኣያ፣ ኣብቲ ትካል ኣብ ስራሕቲ ሓፂን ዝሓሸ ሞያን ፍልጠትን ከም ዝቐሰመ ድሕሪ ምግላፁ፣ ካብ ምንቅስቓስ ኣይተ ኣርኣያ ብርክት ዝበሉ ተመኩሮታት ከም ዝተምሃረን ዝተፈላለዩ ተመኩሮታት ብምቕሳም ውፅኢታዊ ስራሕቲ ንክውግን ኣኽኢ.ዎ እዩ።

ኣብ ክፍለ ከተማ ሓወልቲ 370 ኢንተርፕራይዛት ኣለዋ። ካብዚ እተን 116 ኢንተርፕራይዛት ሞዴላት እየን። እተን ትካላት ሞዴል ክኾና ዝኸኣላ ካብ ናይ ባዕሎም ፃዕሪ ብተወሳኺ ብመንግስቲ ዝተፈላለዩ ክትትልን ደገፋትን ስለ ዝተገበረለን እዩ። ብክኢላታት ኢንዳስትርያል ኤክስቴንሽን ካብ ዝግበረለን ደገፋት እቲ ሓደ ኣርባዕተ ተግባረ ተኮር ስልጠናታት ምሃብ እዩ። እዚኣቶም ድማ ምትእትታው ካይዘን፣ ምሃብ ዓቕሚ መዕበዪ ስልጠና፣ ምትእትታው ቴክኖሎጅን ምሃብ ስልጠና ምህዞ ስራሕን ምኟኖም ኣብ ቤት ፅሕፈት ኣናእሽተይን ማእኸለዎትን ማኑፋክቸሪንግ ክፍለ ከተማ ሓወልቲ መተሓባበሪ ኢንዳስትርያል ኤክ ስቴንሽን ኣይተ ኪዳነ ካሕሳይ የረድእ፡፡

በቲ ቤት ፅሕፈት ምምችቻው ልቓሕ፣ ምትእስሳር ዕዳጋን ካልኦት ደገፋትን ይወሃቡ። ኣብዚ ዓመት 260 ኢንተርፕራይዛት ኣርባዕቲኦም ተግባር ተኮር ስልጠና ታት ብምሃብ ዓቕሞምን ክእለቶምን ክዓቢ ተገይሩ እዩ። ከምኡ'ውን ንመስርሕን መሸጥን ቦታ ዝኸውን 1.415 ሄክታር መሬት ን86 ተጠቀምቲ ተዓዲሎም።



ኣብቲ ትካል ዕድል ስራሕ ዝተፈጠረሉ መንእሰይ ደጀን ኣርኣያ

ኣይተ ኣርኣያ ኪዳነ ንዝተፈላለዩ ወገናት ዘለዎ ብሉፅ ተመኩሮን ክእለትን ካብ ምሕላፍ ንድሕሪት ኣይብልን። ንዓይ ጥራሕ ኣይብልን። ዝሕብኦ ፍልጠት የለን። እታ ዘላቶ ብእዋኑ የመሓላልፍ እዩ። ብምኟኑ ቐድም ክብል ዝነበሩ ሰራሕተኛታቱ ኩሉ መዳያዊ ክእለቶም ክዓቢ ብምግባርን ናይ ባዕሎም ትካል ንክውፅኡን ዝድገፈሉ ኩነታት ኣሎ። ሐዚ ኣይተ ኣርኣያ፣ ወናኒ ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ብር ርእሰማል ብምኟን ስራሕቱ ንምስፋሕፋሕን ንብርክት ዝበሉ ወገናት ዕድል ስራሕ ንምፍጣርን ብትኹረት ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ። ዝሓሸ ምንቅስቓስ ከም ዘለዎን ሞዴል ምኟኑን ዝሕብሩ ብርክት ዝበሉ ወረቐት ምስክር ብዝተፈላለዩ ኣካላት ተበርኪ.ትሉ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ንሞዴል ኣይተ ኣርኣያ ብመንግስቲ በቢ እዋኑ ዝተፈላለዩ ደገፋት ዝተ ውሃቡ ኮይኑ ንመስርሕን መሸጥን ዝኸውን ቦታ ብምርካቡ ስራሕቱ ብዝግባእ ኪጋፍሕ ኣኺኢ ልዎ። ብተወሳኺ ዝተፈላለዩ ዓቕሚ መዕበዪ ስልጠ ናታትን ኣርባዕቲኦም ተግባር ተኮር ስልጠናታትን ረኺቡ ናብ ተግባር ብምእታው ውፅኢታዊ ስራሕቲ ኣብ ምውጋን ይርከብ። ብናውቲ'ውን ልቓሕ ካብ ካዛ ክረክብ ብምግባር ስራሕቱ ብምስፍሕፋሕ ተወ ሳኺ ዕድል ስራሕ ንክፈጥርን ኣታዊኡ ንክውስኽን ኣኽኢልዎ ኢሎም ኣይተ ኪዳነ።

ኣይተ ኣርኣያ ኪዳነ ካብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር መበገሲ ካፒታል ተላዒሉ ናብ ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ብር ካፒታል ንምብፃሕ ዝተፈላለዩ ስራ ሕቲ ትኹረት ሂቡ ብምስርሑ እዩ። ብፍላይ ብጊዜ ተመላጢጡ ቀትርን ለይትን ብዘይዕረፍቲ ዝሰርሓሉን ዝልወጠሉን ጊዜ ንኹሉ ሰብ ብማዕረ ዝተዓደለ ሃፍቲ እንትኸውን ኣብ ህይወትና ዝህልዎ ትርጉም ምስቲ ዝተውሃበና ጊዜ ማዕረ ማዕረ ወይ ቅድሚኡ እንትንጎዩ እዩ።

# እዋናዊ ዛዕባ

## ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ ካብ ገፅ 1 ዝዞረ...

### ብፌደራል መንግስቲ ኣንፃር ህዝብና ብሄር መሰረት ገይሩ ዝፍፀም ዘሎ ኩለ መዳያዊ መጥ ቃዕቲ ደው ንኸብል ብቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝተመሓላለፈ ውሳነ ቁፅሪ 05/2012

ህዝቢ ትግራይ ኣንፃር ሓይልታት ትምክሕትን ውልቀ መላኺ ስርዓት ደርግን ገጢሙ ብዝኸፈሎ ከቢድ መስዋእቲ ንዘምፀኦም ኣንፀባረቕቲ ኩለ መዳያዊ ዓወታት ኣብ ክንዲ ሞሳን ክብርን እዚ ፅግዕተኛ ሓይሊ መዋፅኢ ቂም ዝተቐበሩ ስርዓታት ገይርዎ ይርከብ። እዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ፅግዕተኛ ጉጅለ ህዝብና ኣብ መላእ ሃገር ብምኽንያት ብሄራዊ መንነቱን ፖለቲካዊ እምነቱን ንኽቕተል፣ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ንኽእሰር፣ ኣብ ልዕሊኡ ንዝተፈፀመ ገበን ፍትሒ ንኽስእን፣ኣካላውን ስነ ልቦናውን መጉዳእቲ ንኽበፅሖ፣ ንኽንገላታዕ ፣ ንብረቱ ንኽውረርን ንኽቃፀልን፣ካብ ስርሑ ንኽፈናቐል ወዘተ ሃፍቲ ህዝብን ሃገርን ከምኡ እውን ዝተቖፃፀሮም ሚድያታት ተጠቒሙ እናመርሐን ከቢድ በደል እናፈፀመን መፂኡን ይቕፅለሉን ኣሎ።

ህዝብን መንግስትን ትግራይ ኣብ ልዕሊኦም እናተፈፀመ ንዝመፀ ከቢድ በደልን ክሕደትን ምእንተ ህልውና ሃገርን ህዝብን ንሓዊ ብማይ እናጥፍኡን ሕጋውን ሰላማውን ቃልሲ እናካየዱን መፂኦም እዮም። ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ ድማ ኣብዚ ሕጋውን ሰላማውን ቃልሲ መሪሕ ተርኡ እናተዋፅአ ዝመፀ ኮይኑ ኣብዞም ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ሕገ መንግስቲ ይከበር፣ጥሕሰት ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰል ህዝብታት ጠጠው ይበል፣መግለፂ ዴሞክራሲያዊ መሰል ዓርሰ ውሳነን ምሕደራን ዝኾነ መረፃ ይካየድ ዝብሉ ዓበይቲ ውሳነታት ኣሕሊፉ እዩ። እንተኾነ ግና እዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ፅግዕተኛ ጉጅለ ንህዝባዊ ፃውዒታትን ውሳነታትን ፀማም እዝኒ ሂቡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብኢዱ ካብ ዝፍፅሞም ቅሉዓት ገበናት ብተወሳኺ ለይትን ቀትርን ብዘይ ዕረፍቲ ዝተቖፃፀሮም ሚድያታት ተጠቒሙ ኣዋጅ ከተት ምጥፋእ ዘርኢ ተጋሩ ነጋሪት እናጎሰመ ፀኒሑን ይቕፅለሉ ኣሎን።

ብድምር ስልጣን ፌደራል መንግስቲ ዝሓዘ ፅግዕተኛ ጉጅለ ካብ እዋን ናብ እዋን ሓቀኛ ኣሃዳውን ውልቀ መላኽን ባህሪኡ እናተቓልዐ ኣብ ልዕሊ ብሄራት፣ብሄረ-ሰባትን ህዝብታትን ይፍፅሞ ንዘሎ ማእለያ ዘይብሉ ግፍዒ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ንዘጋጠሞ ተቓውሞ ህዝቢ ኣንፈት ንምልዋጥ ዝተለመደ ብዕራይ ወለደ ሽርሒ ተጠቒሙ ሚድያታት ትግራይ ብምዕፃው ተጋሩ ብምኽንያት ብሄራዊ መንነቶምን ፖለቲካዊ እምነቶምን ብኣልማሚት ንኽእሰሩ ይገብር ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ እዚ ፅግዕተኛ ጉጅለ ህዝቢ ትግራይ ብኹለ መዳይ ንምድኻምን ንምምብርኻኽን ትካላት ትእምት ማእኸል ዝገበረ ኣብ ልዕሊ ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቓስ ትግራይ መጥቃዕቲ ይፍፅም ኣሎ።

ስለዝኾነ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣብ 5ይ ዘበን መበል 8ይ ህፁፅ ጉባኤኡ ብመሰረት ደንቢ ኣሰራርሓን ስነ ምግባርን ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ ንምውሳን ተመሓይሹ ዝወፀ ደንቢ ቁፅሪ 103/2011 ዓ/ም ብፌደራል መንግስቲ ኣንፃር ህዝብና ብሄር መሰረት ገይሩ ዝፍፀም ዘሎ ኩለመዳያዊ መጥቃዕቲ ደው ንኽብል ብሞሽን ዝቐረበ ኣጀንዳ ብዝርዝር ድሕሪ ምዝታይ ዝስዕብ ውሳነ ኣመሓላሊፉ ኣሎ።

1. ኣብ ልዕሊ ሚድያታት ትግራይ ዝተፈፀመ ዓፈና ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይን ካልኦት ንሓቃዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ዝከታተሉ ህዝብታትን ዝተ ፈፀመ ዓፈና መሰል ምግላፅን ምቕባልን ሓሳብ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ዘለናሉ እዋን ሕማም ኮረና ቫይረስ እናተጋፍሐን ሂወት ዜጋታት ኣብ እንስእነሉ ዘለና እዋንን ዜጋታት ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣብ ሰዓታት ውሽጢ ሓበሬታ ክረኽብሉ ግድን ኣብ ዝኾነሉ እዚ ፋሽሽታዊ ዝኾነ ተግባር ምፍፃም ኣብ ልዕሊ ሂወት ዜጋታት ኢ-ሰብኣዊ ጭካነ ዝተሞልአ ተግባር ምዃኑ ግልፂ እዩ። እዚ ተግባር ጥሕሰት ሕገ መንግስታዊ መሰል ዜጋታት ጥራሕ ዘይኮነስ ጥሕሰት ኢትዮጵያ ዝተቐበለቶም ዓለም ለኻዊ ሰነዳት ሰብኣዊ መሰልን ናፃ ፕረስን እውን እዩ። ብድምር ህዝቢ ከይዛረብ፣ንሓቂ ከይሰምዕን ከይርእን ከምኡ'ውን ደሕንነቱ ውሑስ ከይኸውን ብምግባር ኣብ ኣርዑት መግዛእቲ ምእታው ቀንዲ መግለፂ ውልቀ መላኺ ስርዓት እዩ። ስለዝኾነ በዚ ፅግዕተኛ ጉጅለ ኣብ ልዕሊ ሚድያታት ትግራይ ዝተፈፀመ ዓፈና ብቕልጡፍ ንኽፍታሕን ንቕድሚት ካብ ከምዚ ዝበለ ዘይሕጋዊ ተግባር ንኽቑጠብን ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ የፍልጥ።

2.ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኢትዮጵያ ተጋሩ ብምኽንያት ብሄራዊ መንነቶምን ፖለቲካዊ እምነቶምን ጥራሕ ብኣልማሚት ክእሰሩ እናተገበሩ ፀኒሖም እዮም። ሕዚ ድማ እዚ ፅግዕተኛ ጉጅለ ኣብዚ ሃገር ንዘጋጠሞ ፖለቲካዊ ክሳራ ንምክሕሓስ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝፍፅሞ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ ኣጠናኺሩ ቀፂሉ ኣሎ። ስለዝኾነ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ኮነ ሕዚ ብኣልማሚት ዝተኣሰሩ ተጋሩ ብዘይ ምንም ቅድመ ኩነት ብህፁፅ ንክፍትሖ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ የፍልጥ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ዓረብ ዓድታት ብፍላይ ኣብ ስዑድ ዓረብን የመንን ኣብ ስደት ዝርከቡ ተጋሩ፣ፌደራል መንግስቲ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምዝርራብ ደሕንነቶም ተሓልዩ ናብ ዓዶም ክኣትው ክገብር ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ የፍልጥ።

3. ህዝቢ ትግራይ ብኢኮኖሚ ኣዳኺምካ ንምንብርካኽ ዝግበር ኣጉል ፃዕሪ እዚ ፅግዕተኛ ጉጅለ ሕዚ እውን ኣጠናኺሩ ቀፂሉ ኣሎ። ነዚ ከም መርኣያ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ኢትዮጵያ ብሕጋዊ መንገዲ ዝሰርሓ ኩባንያታት ትእምት፣ከም ሃገር ተንቀሳቒሰን ከይሰርሓ፣ንብረተን ክእገዳን ስርሐን ክዓፅዋን ንምግባር ዘይሕጋዊ ተግባራት ይፍፀሙ ኣለዉ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ትግራይ ኣትዮም ኣብ ምስራሕ ንዘለዉ ኢንቨስተራት ብነፃነት ከይንቀሳቐሱ ኣብ ልዕሊ ምግባሩ ኣብ ካልኦት ከባቢታት ካብዘለው ኢንቨስተራት ብዝተፈለየ መንገዲ ኣብ ትግራይ ኢንተርኔት ዓፅዩ ካብን ናብን ዕዳጋ ዓለም ዝነበሮም ምንቅስቓስ ንኽቋረፅ ዘይሕጋዊ ፃዕሪ ይገብር ኣሎ። ስለዚ ኣባል እዚ ፌደሬሽን ንዝኾነ ክልል ብፍሉይ ሽርሒታት ንምጥቃዕ ዝግበር ዘይሕጋዊ ተግባራት ብቕልጡፍ ጠጠው ንኽብል ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ የፍልጥ።

4. ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር እዚ ፅግዕተኛ ጉጅለ ዝኣተዋ ብሃፍቲ ህዝቢ ዝመሓደራ ሚድያታት ለይትን ቀትርን ብዘይ ዕረፍቲ የመሓላልፍኦ ዘለዋ ኣዋጅ ክተት ምጥፋእ ዘርኢ ተጋሩን ነጋሪት ኩናትን ብቕልጡፍ ጠጠው ንኸብላ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ የፍልጥ።

5. ህዝቢ ትግራይ ብዝኸፈሎ መሪር መስዋእቲ ዘረጋገፆ መግለፂ ሕገ መንግስታዊ መሰል ዓርሰ ውሳነን ምሕደራን ዝኾነ ሻድሻይ ዙር ክልላውን ከባቢያዊን መረፃ ኣሳታፊ፣ፍትሓዊ፣ሰላማውን ዴሞክራስያውን ኮይኑ ንኽፍፀም ኩሉ ህዝብን ፖለቲካዊ ሓይልታትን ትግራይ ግቡኦም ንኽዋፅኡን ነዚ ንምትዕንቃፍ ኣብ ውሽጥን ደገን ኮይኖም ዝንቀሳቐሱ ኣካላት ብቕልጡፍ ኢዶም ንኽስሕቡን ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ የፍልጥ።

6. እዚ ፅግዕተኛ ጉጅለ፣ህዝቢ ኦሮሞ የልዕሎም ንዘለዉ ትኽክለኛን ሕጋውን ሕቶታት ብኣግባቡ ኣብ ክንዲ ምምላስ ዝፍፀም ዘሎ ጭፍጨፋን መእሰርቲ ፖለቲካን ተሰጋጊሩ ኣሎ። እዚ ዘይሕጋዊ ተግባር ናብ ዝብኣሰ ህልቂትን ምብትታን ሃገርን ከምርሕ እምበር መፍትሒ ክኸውን ኣይኽእልን። ስለዚ ንሕጋዊ ሕቶታት ኣብ ክንዲ ብዴሞክራሲያዊ ኣገባብ ምምላስ፣እዚ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ዝግበር ዘሎ ጭፍጨፋ ብህፁፅ ጠጠው ንኽብልን ብዘይ ኣገባብ ዝተኣሰሩ ዜጋታት'ውን ብዘይ ምንም ቅድመ ኩነት ብህፁፅ ንክፍትሖን ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ የፍልጥ።

7. ህዝቢ ትግራይ ኣንፃር ደሕንነቱን ሃለዋቱን ኣጋጢምዎ ንዘሎ ኩለመዳያዊ ቃልሲ መኸተ ሕዚ እውን ብንቕሓት ንኽከታተልን ውዳበታቱን ሓድነቱን ኣጠናኺሩ ከም ልማዱ ንኽምክትን ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ፃውዒቱ የቕርብ።

8. ብሄራት፣ብሄረ-ሰባትንህዝብታትን ኢትዮጵያ ከምኡ እውን ማሕበረ ሰብ ዓለም፣ዓለም ለኻዊ ትካላትን ማሕበረ ሰብ ዲፕሎማስን ኣብ ኢትዮጵያ ይምዕብል ዘሎ ውልቀ መላኺ ስርዓት ነዛ ሃገር ናብ ሕድሕዳዊ ኩናት ኣእትዩ ክብትና ከም ዝኽእል ተረዲኦኹም ኣብ ምድሓን ሃገር ግቡእኹም ንኽትዋፅኡ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ፃውዒቱ የቕርብ።

**ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ**
**09 ሓምለ 2012 ዓ/ም - መቐለ**

## ኩሉ ነገር ትሕቲ ህዝቢ ...

### ካብ ገፅ 2 ዝዞረ

መረፃ ዘይዕፈን መሰል ህዝብናን ህዝቢ ኢትዮጵያን ምዃኑ ንማሕበረሰብ ዓለም ብቑዕ ምኽንያት ዘርእየሉ፣ ህዝቢ ትግራይ ደቁ ገቢሩ ዘምፀኦ መሰል ዓርሰ ውሳነ፣ መረፃ ክኾልፍን ከዐንቕፍን ዝተፈላለየ መንገዲ ዝፍትን፣ ብዝኾነ ተኣምር ንድሕሪት ከይምለስን ሓሳብ ልብና ዝመልእን ሕጋዊ መንግስቲ ንክህሉ ንደሊ ኢና ክብሉ ኣቦ ወንበር ባይቶና ኣስሚሮምሉ። ውድቦም ምስ ህወሓትን ካልኦት ውድባትን ዘሳንዮ ንናይ ንደገ ፀላኢ ብሓባር ኣብ ምምካት ኣብ መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝቢ ትግራይን ሓደ ዓይነት ቅዋም ምሓዝ ምዃኑ ኣይተ ኪዳነ ኣረዲኦም፡፡

ስለዚ ኣብዚ እዋን ብሰለማዊ መንገዲ ንቃለስ ስለ ዘለና፣ ፍሉይ ቅንዕናን ምትሕግጋዝን የድልየና፡፡ ፍትሓዊ መረፃ ንክኸውን ድማ ብሕጋዊ መንገዲ ንናሓናሕ ዘለና ፖለቲካዊ ውድባት፣ ኣብ ትግራይ ዘይተፈትሑ ፀገም ኮፍ ኢልና ኣብ ሓፂር እዋን ክንፈትሖ ይግባእ፡፡ ብኡ ኣቢሉ ካብ ህወሓት ንደልዮ፣ ምስ ህዝቢ ንራኸበሉ ባይታ ጥጡሕ ክኸውን፣ ብሚድያ ክንገልፆ ንደሊ ከይተሸራረፈ ናብ ህዝቢ ክቐርብ፣ ማሓውራት መንግስቲ ብዘይሻራውነት ማዕረ ከገልግሉናን ይግባእ ክብሉ ኣቦ ወንበር ባይቶና ኣይተ ኪዳነ ኣገንዚቦም።

ንሕና ተቓወምቲ ውድባት ድማ መድረኽ ክኽፈተልና ከሎ፣ ሓላፍነት ተሰሚዑና ሓሳብ መሰረት ጌርና፣ ህዝቢ ኣብ ዘይኸፋፍል ኣጀንዳ ጠመተ ሂብና ክንቐርብ ይግበኣና ክብሉ ኣይተ ኪዳነ ኣተሓሳሲቦም። ብፍላይ ሓደ ሓደ ውድባት ኣብ ከባብያውነት ዘሰጉምዎ ዘይጠቅም ሓሳባት ደው ከብሉ፣ ገሊኦም ድማ ንናይ ደገ ሓይልታት ተላኣኣኽቲ ኮይኖም ፀረ ህዝቢ ትግራይ ዘሰጉምዎ መትከል ከዐርይዎ፣ ብሓፈሻ ከም ባይቶና ኩሉ ነገር ትሕቲ ህዝቢ ትግራይ ኢና ንሪኦ፤ ኣቋራጭ መንገድን ካብ ደገ ዝመፀ ዕድልን ክንጥቀም ኣይንደልን ክብሉ ኣይተ ኪዳነ ተዛሪቦም፡፡

ክፍሊ ውዳበ ሓላፊ ውድብ ናፅነት ትግራይ ዶክተር ገብረመድህን ሮምሃ ድማ፣ ከም ውድብና ህርፋን ስልጣን ሃልዩና ከይኮነ፣ ህዝቢ ትግራይ ነዊሕ ዓመታት ናፅነቱ ንምዕታር ተቓሊሱ፣ ኢትዮጵያ ካብ ትባሃል ሃገር ዝበፅሖ ፅዕንቶ እምበር ዝረኸቦ ናፅነት የለን ኢልና ንኣምን ኢሎም። ህዝቢ ትግራይ ካብ ፅግዕተኝነት ሓራ ኮይኑ ባዕሉ ንባዕሉ ክውስን፣ መረፃ መሰል ዓርሰ ውሳነ ካብ ዘረጋግፁን ናብ ናፅነት ካብ ዝወስዱን ሜላታት ሓደ መረፃ ስለ ዝኾነ ካብ ዝኾነ ውድብ ንላዕሊ ክካየድ ዓብዪ ድፍኢት እናገበርና መፂእና ኢና ኢሎም፡፡

ሕዝውን ትግራይ መረፃ ከካይድ እየ ስለዝበለት፣ ትግራወይቲ ኣዶ ድማ ክመርፅ እየ ስለ ዝበለት ጥራሕ፣ በቲ ቀዳማይ ሚኒስትር ፀሊም ክትክደኒ ኢኺ ተባሂላ፤ ቅድሚኡን ድሕሪኡን እውን ከብፅሖ ዝፀንሐ ፅዕንቶ ንሪኦ ኣለና፡፡ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ ተፀጊዓ ልምምድ መሰል ዓርሰ ውሳነ ክትገብር ስለ ዘይትኽእል፣ ብመረፃ ናፅነት ክትረክብ ኣለዋ ኢልና ንቃለስ ኣለና ክብሉ ዶክተር ገብረመድህን ገሊፆም። 6ይ ዙር ክልላዊ መረፃ ሰለማዊ ክኸውንን ዝመፁ ሓደጋታት ከመይ ክንምክቶም ከም ንኽእልን ናብ ሚድያ እናወፃና ብፖለቲካ ንምክት፣ ይሕለፍ ኣይሕለፍ ናብ ሚድያ ንልእኾም ፅሑፋት እውን ኣለዉ፡፡ ካልኦት ውድባት እውን ኣብ ጎኒ ትግራዋይ ደው ክብላ ንፅውዕ ዝብል መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም፡፡

ኣብ መወዳእታ ሓላፊ ርክብ ህዝብን ሚድያን ሳልሳይ ወያነ ኣይተ ክንፈ ሓድሽ፣ ኣብ ትግራይ በቢ ሓሙሽተ ዓመቱ ዝካየድ መረፃ ፍትሓውን ተኣማንን ክኸውን ብወገንና ኣድላዪን ኣብ እዋኑ ክካየድን ቅድም ኢልና ቅዋም ኣነፂርና ኢና፡፡ ምስ ካልኦት ውድባት ተሓባቢርና ነዚ ዝኸውን ስራሕ ክንሰርሕ ፀኒሕናን ኣለናን። ከም መትከል ድማ ዓብዪ ስእሊ ህዝቢ ትግራይ ስለ ዝኾነ ኣብ ምክብባርን ሓሳብ ቃልስን ዝድረኽ ምዕቡል ምንቅስቓስ ክነካይድ ንፍትን ኣለና ኢሎም፡፡ ካብ ሕገ መንግስቲ ወፃኢ ዝስራሕ ስራሕ ኣትሪርና ንኹንን፡፡ በቢ ከባቢኡ ዘለዉ ኣባላትና ምስ ካልኦት ኣባላት ከይጋጨዉን መርኣያ ክኾኑን ህንፀት ነካይድ ክብሉ ገሊፆም። ሓላፊ ርክብ ህዝብን ሚድያን ሳልሳይ ወያነ ኣይተ ክንፈ ሓዱሽ ፖለቲካ ትግራይ ብምኽንያት ውሽጣውን ደጋውን ኩነታት ጥጡሕ ኣይኮነን ኢሎም።

ካብ ገፅ 6 ዝዞረ

ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኽኑ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓዲግራት ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዓዲግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ቤት ፅሕፈት ፖሊስ ከተማ ዓዲግራት ወኪል ቤት ፅሕፈት ፍትሒ ከተማ ዓዲግራት

ተኸሳሲ ኮንስታብል ይርጋ ኣለም በሪሁ ሃ/ ስላሴ ኣድራሻ ከተማ ዓዲግራት ቀበሌ 03 ዞን 2 ብዝተኸሰስኩምሉ ብዘይ ኣግባብ ምጥቃም / ምብልፃግ/ ፍታቢሄር ክርክር ንስኹም ብኸሳሲ ዝቀረበልኩም ክስን መረዳእታን ክትቅበሉ ከሳሲ ኣሊሾም ስለ ዝሰኣንኹም ቅድሚ ቆፀሮ ዕለት 26/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ኣብ ዘሎ ግዘ ካብ ከተማ ዓዲግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ ፍታቢሄር መጋባእያ ዝቀረበልኩም ክስን መረዳእታን ወሲድኩም ንዕለት 26/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ዘለኩም መልስን መረዳእታን ብ3ተ ቅዳሕ ሒዝኩም ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኩም ግን መልሲ ናይ ምቅራብ መሰልኩም ተሓሊፉ ብዘየለ ኹምሉ ተራእዩ ክውሰን ከተማ ዓዲግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዓዲግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ፡- ኣይተ ፀጋይ ገ/ማርያም ኣድራሻ ከተማ ውቅሮ ጣብያ ኣግኣዚ

ተኸሰስቲ ፡- 1.ኣይተ ገ/ሂንስ ኣየለ ይግዛው ኣ/ሻ ወረዳ ሕንጣሎ ወጀራት ጣብያ ባሕሪ ፀባ ዞን ሓለ ፣ 2.ኣይተ ዳኒኤል ሓለፎም ግርማይ ኣ/ሻ ወረዳ ሕንጣሎ ወጀራት ጣብያ ባሕሪ ፀባ ዞን ሓለ ፣ 3.ኣይተ ካሕሳይ ድምፁ ኢታይ ኣ/ሻ ወረዳ ሕንጣሎ ወጀራት ጣብያ ባሕሪ ፀባ ዞን ሓለ ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ገንዘብ ክሲ ክትዕ ጉዳይ ንምዕራይ ኸሳሲ ንተኸሰስቲ ክረኽቦም ኣይኽኣልኩን ስለ ዝበሉ ተኸሰስቲ መልሲ ሒዝኩም ንዕለት 27/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ንጉሆ ናብ ከተማ ውቅሮ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኩም መልሲ ናይ ምቅራብ መሰልኩም ከምዝሕለፍ ቤት ፍርዲ ከተማ ውቅሮ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ከተማ ውቅሮ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ፡-ዓሕጊ ወረዳ ኢሮፕ

ተጠርጣሪቲ፡-1, ኣይተ ባራኪ ኣለማ 2, ኣይተ ጋይም ኣለማ መንጎ ብዘሎ ከቢድ ኣካል መጉዳእቲ ገበን ክርክር 1ይ ተኸሳሲ ኣይተ ባራኪ ኣለማ ንዕለት 21/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ኢሮፕ ንክቐርብ ተዘይቀሪቡ መዝገቡ ብዘየለሉ ተራእዩ ፍርዲ ዝዋሃቦ መኻኑ ቤት ፍርዲ ወረዳ ኢሮፕ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ኢሮፕ**

መመልከቲ፡-ኣይተ ሃይለ ደገፎም ኣሸብር

ተፀዋዒ፡-ወላዲየይ ተጋዳላይ ደገፎም ኣሸብር ተክለገርግስ ብ 1990 ዓ/ም ናብ ምግዳል ምስከደ ስለዘይተመለሰ ናይ ምጥፋእ ውሳኔ ይዋሃበኒ እሎም ስለዘመልከቱ ተጋዳላይ ደገፎም ኣሸብር ተክለገርግስ እንተሃለዮም ንክቐርቡ ወይ እውን ምህላዎም ዝርኣየ እንተሃልዩ ንዕለት 24/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክቐርብ እንተዘይቐሪቡ ግና ናይ ምጥፋእ ውሳኔ ከም ዝዋሃብ ወረዳ ወንበርታ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ወንበርታ ቤት ፍርዲ**

## ጨረታ

ኣፈ/ተኸሳሲት ወ/ሮ ግደይ ብርሃነ ረዳ ኣ/ሻ ወረዳ ሓውዜን 02 ቀበሌ፣ ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ሙኡዝ ሃ/ማርያም ወ/ገብርኤል ኣ/ሻ ሓውዜን 02 ቀበሌ ኣብ መንጎኦም ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ዕዳ መኽፈሊ ናይ ኣፈ/ተኸሳሲ መንበሪ ገዝኦም ኣብ ወረዳ ሓውዜን ከተማ ሓውዜን ቀበሌ 02 መዋሰኒኡ ብምብራቅ ሃይሉ ገ/ስላሴ ብምዕራብ መድህን ኣረጋዊ ብሰሜን ቀሺ ኪዳኑ ገ/ገርግስ ገዛ ብደቡብ ፅርጊያ ስፍሓቱ 175 ሜ.ካሬ መበገሲ ግምት ብር 1,105540.31 /ሓደ ሚልዮን ሓደ ሚኢትን ሓሙሽተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ኣርባዓን 31/100/ እንትኾን ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓውዜን ብሓራጅ ኣጫሪቱ ክሸየጥ ስለ ዝኣዘዘ ቀሪብኩም ክትጫረቱ እትደልዩ ሰዓራይ መኸበሪ ጨረታ ካብቲ ጠቅላላ ዋጋ 25% ከትሕዝ ዝኽእል እቲ ዝተረፈ ኣብ ውሽጢ 15 ናይ ስራሕ መዓልቲ ኣታዊ ዝገብር ውልቀ ሰባት ንዕለት 23/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 2፡00 ኣብቲ ቦታ ብኣካል ቐሪብኩም ክትጫረቱ ንሕብር ክብል ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓውዜን ምድብ መጋባእያ ክልተ በለሳ ኣዚዙ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓውዜን ምድብ መጋባእያ ክልተ በለሳ**

ኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ ወረዳ ኣፅቢ ወንበርታ

ተኸሳሲ፡-ኣይተ ግርማይ ኪሮስ ሓጎስ ወረዳ ኣፅቢ ወምበርታ ጣብያ ዓዲ መሳኑ ቁሸት ማይ መሳኑ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂን ከቢድ ኣካል ምጉዳልን ገበን ክሲ ተኸሳሲ ኣብ ዕለት ቆፀሮኡ 17/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክቐርብ እንተዘይቐሪቡ ጉዳዩ ብዘየለሉ ከምዝርአ ቤት ፍርዲ ወረዳ ኣፅቢ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ኣፅቢ**

ኸሳሲ፡- ዞባ ምብራቕ ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ፡- ኣይተ ቢንያም በርሀ ወሉ ኣድራሻ ወረዳ ጉሎመኸዳ ጣብያ ከተማ ዛላኣንበሳ መንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ክትራን ገበን ክትዕ ንስኹም ተኸሳሲ ኣብ ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዓዲግራት ቆፀሮ ስለዘለኩም ንዕለት 30/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ዓዲግራት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኺኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ።

**ዓድግራት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዞባ ዓ/ሕጊ፣ተኸሳሲ፡- ኣይተ ሽሻይ ደስታ ሓጎስ ኣድራሻ ወረዳ ሳዕሲዕ ፃዕዳ እምባ ጣብያ ሓዊለ ቁሸት ሓዊለ መንጎ ዘሎ ናይ ኣገዲድኻ ምድፋር ገበን ክትዕ ንስኹም ተኸሳሲ ኣብ ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዓዲግራት ቆፀሮ ስለዘለኩም ንዕለት 24/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ዓዲግራት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኺኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ።

**ዓድግራት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ፣ተኸሰስቲ፡- 1ይ, ኣይተ ክብሮም ደስታ ገብሩ 2ይ, ኣይተ ዓወት ሃይለ በርሀ 3ይ, ኣይተ ገ/መድህን ተስፋይ ሃይሉ 4ይ, ኣይተ ደስበለ ገ/ጨርቆስ 5ይ, ኣይተ ኣማንኤል ተካ በየነ 6ይ, ኣይተ መሓሪ ግደይ ደስታ 7ይ, ኣይተ ሃ/ስላሴ ኣብርሃ ወሊሃንስ መንጎ ዘሎ ናይ እምባጋሮ ገበን ክርክር ንስኻትኩም ተኸሰስቲ ኣብ ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓዲግራት ቆፀሮ ስለዘለኩም ንዕለት 21/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኺኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ።

**ዓድግራት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዞባ ምብራቕ ዓ/ሕጊ

ተኸሰስቲ፡- 1, ኣይተ መብራህቶም ሓጎስ ወ/ኤል ኣድራሻ ወ/ጉ/መኸዳ ጣብያ ፈረዳ ሹም ቁሸት ፈረዳ ሹም

2, ክብሮም ገ/ሚካኤል ወ/ሃንስ ኣድራሻ ወ/ጉ/መኸዳ ጣብያ ፈረዳ ሹም ቁሸት ፈረዳ ሹም

3, ገ/መድህን ገ/ዮሃን ወልዱ ኣድራሻ ወ/ጉ/መኸዳ ጣብያ ፈረዳ ሹም ቁሸት ፈረዳ ሹም

4, ኣይተ ሙሉ ሓዱሽ ገ/ሃወርያ ኣድራሻ ወ/ጉ/መኸዳ ጣብያ ፈረዳ ሹም ቁሸት ፈረዳ ሹም

5, ኣይተ ሓዱሽ ገ/መድህን ገ/ሄር ኣድራሻ ወ/ጉ/መኸዳ ጣብያ ፈረዳ ሹም ቁሸት ፈረዳ ሹም

መንጎ ዘሎ ናይ እምባጋሮ ገበን ክትዕ ንስኻትኩም ተኸሰስቲ ኣብ ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዓዲግራት ቆፀሮ ስለዘለኩም ንዕለት 22/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኺኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ።

**ዓድግራት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዞባ ምብራቕ ዓ/ሕጊ

ተኸሰስቲ፡-1, ኣይተ ደስታ ግደይ ኣፅበሃ ኣ/ሻ ወ/ኣፅቢ ወንበረታ ጣ/ገ/ኪዳን ቁ/ወቅሮ

2, ኣይተ ኣይናኣለም ደስታ ሓጎስ ኣ/ሻ ወ/ኣፅቢ ወንበረታ ጣ/ገ/ኪዳን ቁ/ወቅሮ

3, ኣይተ ገ/መስቀል ግደይ መስፍን ኣ/ሻ ወ/ኣፅቢ ወንበረታ ጣ/ገ/ኪዳን ቁ/ኣፅገበት

መንጎ ዘሎ ናይ እምባጋሮ ገበን ክርክር ጉዳይ ተኸሰስቲ ንዝቐረበለኩም ክሲ ንዕለት 01/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ውቕሮ ቀሪብኩም ክትከራኸሩ ተኣዚዙ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየ ለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኺኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ።

**ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ውቕሮ**

## ዞባ ማእኸል

ብኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ ወረዳ ኣበርገለ የጭላ

ተኸሳሲ፡- ኣይተ ገብረዋህድ ኪደ ደሳለይ ኣድራሻ ወረዳ ኣበርገለ የጭላ ጣብያ ተኸለወይኒ ቁሸት ምዝና ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ስርቂ ገበን ክትዕ ተኸሳሲ ኣብ ቆፀሮኡ ዕለት 21/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቐሪቡ ንእምነት ክሕደት ቃሉ ንክስማዕ እንተዘይቐሪቡ ብዘየለሉ ከምዝርአ ቤት ፍርዲ ወረዳ ጣ/ኣበርገለ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ጣ/ኣበርገለ**

ኸሳሲት ወ/ሮ ገነት ሓየሎም፣ተኸሳሲ ኣይተ ኒቀድሞስ ገ/ገርግስ መድሃንየ ወረዳ እሕፎሮም ጣብያ ሴሮ ቁሸት ማይ ወይኒ ኣብ ዘሎ ናይ ሓዳር ፍትሕን ቀ/ቆ ክሲ ተኸሳሲ ኣብ ኣደራሻኹም ክትርከቡ ስለዘይኻኣልኩም በዚ ምልክታ መቓልሕ ትግራይ ምስ ሰማዕኩም መልስኹም ንዕለት 17/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ምስ መርትዖታት ብ3ተ ኮፒ ኣዳልኹም ንክትቐርቡ ኣብ ዕለት ቆፀረኹም እንተዘይቐሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኻኑ እንትጮ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ኣሕፎሮም ምድብ መጋባእያ እንትጮ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲት ፡- ወ/ሮ ኣረጋይ ወ/ገሪማ

ኣፈ/ተኸሳሲ ፡- ኣይተ ታደሰ ወ/ገኤል

ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ኣብ ከተማ ዓድዋ ቀበሌ 08 ብሽም ኣፈ/ከሳሲት ዝፍለጥ ስፍሓቱ 250 ሜ/ካሬ መዋሰኒኡ፡- ብምብራቅ ናይ መንግስቲ ቦታ ፣ ብምዕራብ እስጢፋኖስ ፣ ብሰሜን ክፍቲ ቦታ ፣ ብደቡብ ገ/ሚካኤል ዘዋስኖ ገዛን ቦታን ኣብ ውሽጡ 7ተ ክፍሊ ገዛውቲ ብእምኒ ዝተሰርሐ ዘለዎ ተኻታዕቲ ወገናት ብስምምዕ ክካፈሉ ስለ ዘይኽኣሉ ቤት ፍርዲ ናይቲ ገዛን ቦታን ንተኻታዕቲ ወገናት ኣጫሪቱ ኣፈ/ኻሳሲት ካብቲ ጠቅላላ ገዛን ቦታን ቢታና 33.33 ሚእታዊ ብፅሒት ስለዘለዎን እዚ ብፅሒተን ከማቐላ ስለ ዝደለየ ብመበገሲ ዋጋ ብር 361,736.26/ሰለስተ ሚእትን ሱሳን ሓደን ሽሕን ሸውዓተ ሚእትን ሳላሳን ሹድሽተን ቅርሽን ምስ 26/100 ሳንቲም ብግልፂ ጨረታ ክጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 21/12/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ ሰዓት 6፡00 ናይ ቀትሪ ጨረታ ስለ ዝካየድ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ሰዓትን ገዛን ቦታን ተረኺብኩም ንክትጫረቱ ከተማ ዓድዋ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ ዓድዋ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ብኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ፣ብተኸሳሲ፡- ኣይተ ፀጋይ መረሳ ገብረመስቐል ኣብ ሞንጎ ዘሎ ብናይ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን ዝብል ተኸሳሲ ኣ/ሻ ወ/ታ/ማጨው ጣብያ ማይስየ ቁሸት ማይፃዕዳ ዝተብሃሉ ብተደጋጋሚ ትእዛዝ ወፅኢሎም ኣብ ኣድራሽኦም ክርከቡ ሰለዘይካኣሉ ሕዚ ግን ንዕለት 22/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቐሪቦም ጉዳዮም ክከታተሉ ተኣዚዙ ኣሎ ተዘይቀሪቦም ግን ብዘየለዉሉ ተሰሚዑ ዝዉሰን ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

**ወ/እ/ማርያም ምድብ መጋባእያ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ፣ተኸሳሲ፡-ኣይተ ገ/ሰላሴ በርሀ ገ/ሄር ኣድራሻ ከተማ ዓደዋ ቀበሌ 07 ቀጠና 03 ንዝተኸሰስኩምሉ ገበን ከቢድ እምነት ምጉዳል ገበን ንዕለት 27/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 እምነት ክሕደት ቃል ንምስማዕ ዝተቆፀርኩም ምኻንኩም ፈሊጥኩም ኣብ ቆፀሮኹም ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም በዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኻኑ ፈሊጥኩም ንክትቐርቡ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድዋ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድዋ**

ብኸሳሲ ፡- ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ን/ጨን ፈር ቕ/ተኸሊ ከተማ ወርቃምባ

ወዳኢ ነገር ኣይተ ገ/ዝሄር ወ/ኣብየዝጊ

ተኸሰስቲ፡- 1, ኣይተ ገብረንስአ ዘርኣበሩክ ገ/ሃወርያ ኣድራሻ ከተማ ወርቃምባ

2, ኣይተ ተኸላይ ሓዱሽ ገብረኣብየዝጊ ኣድራሻ ከተማ ወርቃምባ

ዝኾንኩም ንዘሎ ናይ ልቓሕ ገንዘብ ክሲ ጉዳይ ተመልኪቱ ብኸሳሲ ንዝቐረበልኩም ናይ ሓፂር ስነ ስርዓት ክሲ ምስ መረዳእታን ምስ ናይ ውክልናን ጥብቅናን መረዳእታ ትከላኸልዎ እንተኾይንኹም ናይ መፈቀዲ ማመልከቻ ብ3ተ ኮፒ ፀሑፍ ኣዳልኹም ኣብ ቆፆሮ ዕለት ሒዝኩም ንክትቐርቡ ዝተውሃበ ትእዛዝ ኸሳሲ ትካል ብጠበቕኡ ኣቢሉ ክረኽብኹም ከምዘይካሉ ብቃለ መሓላ ኣደግፎም ስለዘቕረቡ ንዝቐረበኩም ናይ ሓፂር ስነ ስርዓት ገንዘብ ልቓሕ ክሲ ናይ መፈቀዲ ፅሑፈ ሒዝኩም ንሓምለ 27/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ንጉሆ ናብ ዓ/ዓዲ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብ ቆፀሮ ዕለት ኣንተዘይቀሪብኩም ግና ናይ መፈቀዲ ፅሑፍ ምቕራብ መሰልኩም ተሓሊፉ ቤት ፍርዲ ናብቲ ዝቕፅል ሰነ ስረዓት ዝሐለፍ ሙኻኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ዓ/ዓዲ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲት፡- ወ/ሮ ለታይ ኣርኣያ ጠበቓ ፋዑምብርሃን ዮሃንስ

ተኸሳሲ፡- ሃለቃ ገ/ማርያም ለገሰ ዓድዋ ወረዳ ጣብያ 06 ቀበሌ ኣብ ዘሎ ናይ ሓዳር ፍትሕን ንብረት ክፍፍልን ክሲ ተኸሳሲ ኣብ ኣደራሻኹም ክትርከቡ ስለዘይኻኣልኩም በዚ ምልክታ መቓልሕ ትግራይ ምስ ሰማዕኩም መልስኹም ንዕለት 27/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 መልስኹም ምስ መርትዖታት ብ3ተ ኮፒ ኣዳልኹም ንክትቐርቡ ኣብ ዕለት ቆፀረኹም እንተዘ ይቐሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኻኑ እንትጮ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ኣሕፎሮም ምድብ መጋባእያ እንትጮ**

ኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ ወ/ኣምባሰነይቲ

ተኸሳሲ፡-ኣይተ ህንፃ ኪዳነማርያም ተስፋይ ኣድራሻ ወ/ወ/ለ/ኸ ጣብያ መሬቶ ቑሸት መሬቶ ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ስርቂ ገበን ንምዕራይ ተኸሳሲ ብተደገጋሚ ተኣልሹ ክቐርብ ስለዘይካኣለ ብጋዜጣ ተፀዊዑ ንዕለት 27/11/2012 ዓ/ም ስዓት 9፡00 ናብ ወረዳ እንባሰነይቲ ቤት ፍርዲ ይቐረብ ኣብቲ ዕለት ቆፀሮኡ እንተዘይቀሪቡ ግና ጉዳዩ ብዘየለሉ ዝረአ ምኻኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወ/እ/ሰነይቲ ቤት ፍርዲ**

መመልከቲት ወ/ሮ ኤልሳ ዘክረስ በዓል ገዛይ ኣይተ መብራህቶም ወለገብርኤል ኣድራሻ ወረዳ ኣሕፈሮም ጣብያ ደጎዝ ቁሸት ሓፂና ካብ ዕለት 27/8/2010 ዓ/ም ጀሚሩ ስለዝጠፉኣኒ ናይ ምጥፋእ ዉሳኔ ይዋሃበኒ ስለዝበላ ዝቃወም እንተሃልዩ ንዕለት 24/11/12 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ወረዳ እንትጮ ቤት ፍርዲ ንክቐርብ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ኣሕፎሮም ምድብ መጋባእያ እንትጮ**

ኸሳሲ 1.ቐ/ዳባስ በርሀ ገ/ዮሃንስ

ተኸሰስቲ ፡- 1.ኣይተ ኣርኣያ ዘሪሁን ኣድራሻ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ቀ/03 ፣ 2.ኣይተ ይርጋ ዳራሮ ኣድራሻ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ቀ/03 ፣ 3.ወ/ሮ ኣበባ ገ/መድህን ኣድራሻ ወ/ታ/ይ ቆራሮ ጣ/ዓ/ግዳድ ኣብ መንጎኹም ዘሎ ጉድኣት ካሕሳ ክሲ ክትዕ ዋኒን ብኣድራሻኹም ስለ ዘይተረኽብኩም ንዕለት 24/11/2012 ሰዓት 8፡00 ናብ ኣኽሱም ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም

ናብ ገፅ 11 ይዘወር

ካብ ገፅ 10 ዝቐፀለ

ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ኣኽሱም ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ተኸሳሲ ኣይተ ኪሮስ ኣረጋዊ ወ/ምህረት ኣድራሻ ን/ወረዳ እገላ ጣበያ ዕርዲ ጀጋኑ ቁሸት ኣንበረቂና መንጎ ብዘሎ ናይ ፈተነ ከቢድ ቅትለት ክሲ ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሻኹም ተደሊኹም ከትርከቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ንዕለት 05/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናይ ክሲ መዝገብኹም ናብ ዝርከበሉ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ እንትጮ ምድብ መጋባእያ ንኽትቐርቡ ክትቐርቡ እንተዘይኽኢልኩም ግና ኣብ ልዕሌኹም ዝቐረበ ክሲ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኺኑ ነፍልፐ ክብል እንትጮ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ።

**እንትጮ ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ፡- ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ፡- ተስፋንችኣል ገ/ኣሊፍ ገ/መድህን ነባርነት ወረዳ መረብለኸ ጣብያ ሓድሽ ዓዲ ቁሸት ወርወር ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከ/ኣ/ሙጉዳል ክትዕ ተኸሳሲ ንዕለት 30/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ንጎሆ ናብ ዓድዋ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቀሰ ዕለት እንተዘይቀሪብኹም ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ተፃርዩ ዝውሰን ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዓድዋ ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ፡- ዓ/ሕጊ፣ተኸሳሲ ፡- ሓድሽ ብርሃነ ወለገብርኤል ነባርነት ን/ወረዳ ኣሕሰኣ ጣብያ ኣብነት ቑ/ገ/ኪዳን ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ፈተነ ግ/ቅትለት ተኸሳሲ ንዕለት 16/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡30 ንጎሆ ናብ ዓድዋ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቀሰ ዕለት እንተዘይቀሪብኹም ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ተፃርዩ ዝውሰን ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዓድዋ ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ፡- ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ፡- ኣይተ ሮቤል ሞጎስ ተኽሉ ነባርነት ከተማ ዓድዋ ቀ/06 ቀ/03 ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ክትራን ክትዕ ተኸሳሲ ንዕለት 30/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንጎሆ ናብ ዓድዋ ምድብ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቀሰ ዕለት እንተዘይቀሪብኹም ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ተፃርዩ ዝውሰን ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዓድዋ ምድብ መጋባእያ**
**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ብኸሳሲ ፡-ዓ/ሕጊ፣ብተኸሰስቲ፡-1 ኣይተ ገብሩ ገ/መድህን ወ/ታ/ማይጨው ጣብያ ደ/ሸዊት ቁሸት ዓ/ተኽሊ

2 ኣይተ ገ/ሃንስ ግደይ ወ/ታ/ማይጨው ጣብያ ደ/ሸዊት ቁሸት ዓ/ሃፍቱ

3 ኣይተ ሓጎስ ተስፋይ ወ/ታ/ማይጨው ጣብያ ደ/ሸዊት ቁሸት ዓ/ሃፍቱ ኣብ ሞንጎ ዘሎ ብዝተኸሰስሉ ገ/ሕ/ዓ 32/1/ሀ ምስ 555/ሐ/ ብናይ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ዝብል ተኸሰስቲ ተደጋጋሚ ትእዛዝ ወፂኢሎም ኣብ ኣድራሽኦም ክርከቡ ስለ ዘይኻኣሉ ሕዚ ንዕለት 23/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 5፡00 ቐሪቦም ጉዳዮም ክካታተሉ ተኣዚዙ ኣሎ ተዘይ ቀሪቦም ግን ብዘየለዉሉ ተሲሚዑ ዝዉሰን ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

**ወረዳ እንዳማርያም ምድብ መጋባእያ**

## ንኻይ ጊዜ ዝወፀ ግልፂ ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲት፡-ወ/ሮ ንግስቲ ተ/መድህን

ኣፈ/ተኸሳሲ፡-ኣይተ ኪዱ ገ/መድህን ኣብ ሞንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ፍታብሄር ገንዘብ ክትዕ ኣብ ወረዳ ዓድዋ ዕሸል ከተማ ራህያ ዝርከብ ስፍሓቱ 170 ካሬ ሜትር መዋሰኒኡ ብምብራቕ፣ ሃይለ ወ/ገብሪኤል ብምዕራብ፣ ፅርግያ ብሰሜን፣ ሃ/ቃ ሰለሙን ተክሉ ብደቡብ ፣ የማነ ታረቀ ዝኾነ ኣብ ውሽጡ ሓደ ክፍሊ ገዛ ብእምኒ ተነዲቑ ብቆርቆሮ ዝተኸደነ ሓደ ክፍሊ ድማ ክሳብ ፍርቂ ተነዲቑ ጋና ዘይተወደአ ዘለዎ ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ኣፈ/ተኸሳሲ ንዘለዎ ብር 22,525 /ዒስራን ክልተን ሽሕን ሓሙሽተ ምእትን ዒስራን ሓሙሽተን/ ናይ ፍርዲ ዕዳ ብመበገሲ ዋጋ ብር 121,736.58 /ሓደ ሚኢትን ዒስራን ሓደን ሽሕን ሸውዓተ ሚኢትን ሳላሳን ሹድሽተን /58/100 ን 2ይ ግዜ ብዝወፀ ግልፂ ጨረታ ተሸይጡ ነቲ ናይ ፍርዲ ዕድኡ መፈፀሚ ክውዕል ስለዝተደለየ ጨረታ ንዕለት 18/12/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ 6፡00 ናይ ቀትሪ ጨረታ ስለዝካየደ ክጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ኣብቲ ዝተጠቀሰ ገዛን ቦታን ሰዓትን ተረኺብኩም ንክትጫረቱ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድዋ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ዓድዋ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ብኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ፡-ኣይተ ፍትዊ ገ/ሚካኤል ግደይ ኣድራሻ ወረዳ ዓድዋ ቀበሌ 07 ቀጠና 01 ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ኣብ ግዜ ቆፀሮኦም ክቐርቡ ስለዘይኻኣሉ ንዕለት 20/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንጉሆ ናብ ወረዳ ናዕዴር ቤት ፍርዲ ንክትቀርቡ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ናዕዴር ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ፣ተኸሳሲ፡- ሃ/ቃ ኪዳነ ኣበበ ፅሃየ ብዝተኸሰሰሉ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን ክሲ ኾይኑ ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለዝተሰኣንኩም ንዕለት 04/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቀሪብኩም እምነት ክሕደት ቃል ንክትህቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳኔ ዝወሃብ ምኻኑ ከተማ ኣኩሱም ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ኣኩሱም ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ኣይተ ብርሃነ ፅሃየ

ተኸሳሲ፡- ኣይተ ግርማይ መለስ ኪዳኑ ኣብ ሞንጎኦም ብዘለዎም ናይ ሓወላ ገንዘብ ክርክር ዝብል ክሲ ኾይኑ ኸሳሲ ንተኸሳሲ ብኣድራሻ ኣልሸ ክርክቦ ኣይክኣልኩን ክበል ብቃለ መሓላ ብፅሑፍ ስለዘመልከተ ተኸሳሲ ንዕለት 28/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቀሪቦም ጉዳዮም ንክከታተሉ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቐሪብኩም ግና መልሲ ብፅሑፍ ናይ ምትሕሓዝ መሰልኩም ተሓሊፉ ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኻኑ ከተማ ኣኩሱም ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ኣክሱም ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ፣ተኸሳሲ፡-ኣይተ ሰመረ ገ/ህወት ገ/ሄር ኣ/ሻ ወረዳ ኣሕፎሮም ጣብያ መዝብር ቁ/በለው እ/ገርግስ መንጎ ብዘሎ ናይ ከ/ስርቂ ክሲ ተኸሳሲ ተደሊኹም ክትርከቡ ስለዘይኻኣልኩምን ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ክትቐርቡ ስለዘይኻኣልኩምን ሐዚ ንዕለት 22/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 5፡00 ንክትቐርቡ ክትቐርቡ እንተዘይኪኢልኩም ግን ኣብ ልዕለኹም ዝቐረበ ክሲ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኺኑ ፈሊጥኩም ናይ ክሲ መዝገብኩም ናብ ዝርከበሉ ቤት ፍርዲ ወረዳ እንትጮ ንክትቐርቡ ቤተ ፍርዲ ወረዳ እንትጮ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ኣሕፎሮም ምድብ**
**መጋባእያ እንትጮ**

መመልከቲት፡-ወ/ሪት ኣረጋዊት ሃይለ ገ/ሚካኤል ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ሽም ኣቦሓጎ ይቀየረለይ ዝብል ኾይኑ ሐዚ ወ/ሪት ኣረጋዊት ሃይለ ጋይም ተባህለ ንክፅዋዕ ሰለዝበላ ዝቃወም ኣካል እንተሃልዩ ንዕለት 1/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክቐርብ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ኣሕፎሮም ምድብ**
**መጋባእያ እንትጮ**

ብኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ ወረዳ ናዕ/ዓዴት

ተኸሰስቲ፡- 1ይ, ካሕሳይ በላይ ኣየነው ኣ/ሻ ወ/ናዕ/ዓዴት ጣብያ ሑመር ቑሸት መናጭር

2ይ,ኣይተ ግደይ ዘነበ ኪዳነ ኣ/ሻ ወ/ናዕ/ዓዴት ጣብያ ሑመር ቑሸት መናጭር ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ኢ.ፌ.ድ.ሪ.ገበን ሕጊ ዓንቀፅ 669/3/ ዝብል ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ቀሪብልኩም ብኣደራሻኹም ተኣልሸኩም ስለዝተሳኣንኩም ንዕለት 22/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንጉሆ ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ናዕ/ዓዴት ንክትቀርቡ እንተዘየቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ ፈሊጥኩም ንክትቐርቡ ቤት ፍርዲ ወረዳ ዓዴት ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ዓዴት**

መመልከቲት፡-ወ/ሮ ትርሓስ ታፈረ ብዓል ገዛይ ኣይተ ኣብርሃ ገ/ስላሴ ገ/ማርያም ስለዝጠፈኣኒ ናይ ምጥፋእ ወሳኔ ይዋሃበኒ ክብላ ስለዘመልከታ ኣብ ዘለዎ ዝፈልጥ ናይ ምጥፋእ ውሳኔ ክዋሃብ የብሉን ዝብል ኣካል እንተሃልዩ ቅድሚ ዕለት 04/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ቀሪቡ ተቓውሞ ንከቕርብ ከተማ ዓድዋ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ፡፡

**ከተማ ዓድዋ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

መመልከቲ፡-ኣይተ ኣብርሃም ኣወጠህኝ ሓጎስ፣ ኣድራሻ ከተማ ዓድዋ ዓይነት ንግዲ እንዳስጋ /ልኺንዳ/ ቲን 0020318121 ዝተሰርሖሉ ከፉሊ ግብሪ ኢድብኢድ መሸጢ ደረሰይ ካብ ቁፅሪ 00001 ክሳብ 00050 ፓድ ቁፅሪ ዝተሰረሐ ስለዝጠፍኣኒ እዚ ተፈሊጡ፡ብካልእ ኣካል ንዝኾነ ረብሓ ከይውዕል ንሕብር፡፡

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ዓድዋ**

ኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ ወ/ወ/ለኸ

ተኸሳሲ፡-ኣይተ ካልኣዩ የማነ ኣረጋዊ ኣድራሻ ወረዳ ወርዒ ለኸ ጣብያ ከተማ ዕ/ዓርቢ ኣብ ሞንጎኦም ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ተኸሳሲ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ንክትቐርቡ ተኣዚዝኩም ብኣድራሻኹም ሰለዝተሳኣንኩም ንዕለት 12/12/2012 ዓም ሰዓት 3፡30 ናይ ቀትሪ ናብ ምድብ መጋባእያ ወረዳ እንዳባፃሕማ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝዋሃብ ምኺኑ ወረዳ እንዳባፃሕማ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ምድብ መጋባእያ ወረዳ**
**እንዳባፃሕማ ቤት ፍርዲ**

ኸሰስቲ፡-1, ዮናስ ሃይለ ሞግዚት ሃ/ሃይለ ኣባይ

2, ሸዊት ሃይለሞ ግዚት ሃ/ሃይለ ኣባይ

3, ገ/ንቾኤል ወ/ማርያም ወኪል ወ/ማርያም ወሉ

4, ኣድሓኖም ፀጋይ ሞግዚት ወ/ሮ ሓዳስ ኣባይ

ተኸሳሲ፡- በርሁ ገ/ሂወት ኣባይ ኣ/ሻ ወ/ወ/ለኸ ጣብያ ሰላም ነባሪ ዝኾንኩም ኣብ ሞንጎኹም ብዘሎ ብናይ ፍ/ውርሲ ሃፍቲ ክሲ ኣብ ዕለት ቆፀሮ 06/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ማይቅነጣል ብፅሑፍ መልሲ ኣዳልኻ ንክትቐርብ እንተዘይቐሪብካ መልሲ ብፅሑፍ ናይ ምቕራብ መሰልካ ከም ዝሓልፍ ፈሊጥካ ንክትቐርብ ወ/ማ/ቅነጣል ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ማይቅነጣል ቤት ፍርዲ**

## ዞባ ሰ/ምዕራብ

ኣብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ኣይተ ሃይለ በርሀ ኣየለ ዝተበሃሉ ብቑ/ቲን 0038560890 ብዘርፍ ንግዲ ኮንሰትራክሽን ዝፍለጡ ኸፋሊ ግብሪ ዝጠቀምሉ ዝነበረ ካብ 00015 ክሳብ 00050 ፓድ ኢድ ብኢድ ቅብሊት መሸጣ ጠፍኡኒ እሎም ብዕለት 24/10/2012 ዓ/ም ብዝሓተቱና መሰረት እቲ ኣብ ላዕሊ ዘተጠቐሰ ዝተጀመረ 1/ሓደ/ ፓድ ዝሓዘ ኣካል እንተሃልዩ ብጋዜጣ ካብ ዝተቓለሐሉ ዕለት ጀምሩ ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲታት ናብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ወይ ናብ ቤት ፅሕፈት ፖሊስ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ሓበሬታ ንክህብ ንሕብር።

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ሽረ እንዳስላሴ**

ኣብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ኣይተ ተስፋይ ምትኩ ሰዩም ዝተበሃሉ ብቑ/ቲን 0021147579 ብዘርፍ ንግዲ ዕሹገ ማይ መከፋፈሊ ዝፍለጡ ኸፋሊ ግብሪ ዝጠቀምሉ ዝነበረ ካብ 00101-00601 ክሳብ 00150-00650 ፓድ ወፃኢ ጠፍኡኒ እሎም ብዕለት 26/10/2012 ዓ/ም ብዝሓተቱና መሰረት እቲ ኣብ ላዕሊ ዘተጠቐሰ ዝተጀመረ ፓድ ዝሓዘ ኣካል እንተሃልዩ ብጋዜጣ ካብ ዝተቓለሐሉ ዕለት ጀምሩ ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲታት ናብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ወይ ናብ ቤት ፅሕፈት ፖሊስ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ሓበሬታ ንክህብ ንሕብር።

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ሽረ እንዳስላሴ**

ኣብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ኣይተ ፀጋይ ፍስሃ ወ/ምካኤል ዝተበሃሉ ብቑ/ቲን 0001628138 ብዘርፍ ንግዲ ሓፂንን ጣውላን ስራሕ ዝፍለጡ ኸፋሊ ግብሪ ዝጠቀምሉ ዝነበረ ካብ 00351 ክሳብ 00400 ፓድ ቅብሊት ጠፍኡኒ እሎም ብዕለት 26/10/2012 ዓ/ም ብዝሓተቱና መሰረት እቲ ኣብ ላዕሊ ዘተጠቐሰ ዝተጀመረ 00351-00355 ዘይተጀመረ 00356-00400 ፓድ ዝሓዘ ኣካል እንተሃልዩ ብጋዜጣ ካብ ዝተቓለሐሉ ዕለት ጀምሩ ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲታት ናብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ወይ ናብ ቤት ፅሕፈት ፖሊስ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ሓበሬታ ንክህብ ንሕብር።

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ሽረ እንዳስላሴ**

መመልከቲት ትዕግስቲ ደበስ

ተፀዋዒ ገብረኪዳን ኣለምሰገድ ስለ ዝጠፍኡ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይወሃበኒ ክብላ ስለ ዘመልከታ ተፀዋዒ ገብረኪዳን ኣለምሰገድ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 21/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንጉሆ ናብ ወ/ኣስ/ፅምብላ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግና ኣብ ልዕሌኹም ናይ ምጥፋእ ውሳነ ዝወሃብ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ወ/ኣስ/ፅምብላ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ኣስ/ፅምብላ ቤት ፍርዲ**

ኣፈ/ኸሳሲ፡-ኣዱኛ ኪዳነ ጠበቓ ይርጋ በርሀ ጋርድ

ኣፈ/ተኸሳሲ፡- ኣይተ ገ/ዋህድ ኣርኣያ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክሲ ክርክር ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ገ/ዋህድ ኣርኣያ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ቀበሌ 03 ዝርከብ መዋሰኒኡ በምብራቕ- ነጋሲ ብምዕራብ- ዮርዳኖስ በሰሜን- መንገዲ ብደቡብ ግደይ ስፍሓቱ 140 ካ/ሜ ዝሰፈረ ገዛን ቦታን 5 ክፍሊ ገዛውቲ ዝሓዘ ትሕዝቶ ዘለዎ ኾይኑ ብመበገሲ ዋጋ ብር 1,559,125.52 /ሓደ ሚልዮንን ሓሙሽተ ሚኢትን ሓምሳን ትሽዓተን ሽሕን ሓደ ሚኢትን ዒስራን ሓሙሽተን ብርን 52/100 / ቅርሺ ተጫሪቱ ንክሽየጥ እቲ ዝተገለፀ ገዛን ቦታን ዝጫረት ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 17/11/2012 ዓ/ም ተረኺብኩም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ 6፡00 ናይቲ ጨረታ ውዕእት ናብ ቤት ፍርዲ ዝቐርበሉ ሰዓት 8፡00 ምኻኑ ፈልጥኩም ክትጫረቱ ትኽእሉ ምኻንኩም ወረዳ ሽረ እንዳስላሴ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ሽረ እንዳስላሴ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዞባ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ

ተኸሰስቲ 1 ሓየሎም መረሳ ገ/መድህን ኣድራሻ ወ/ታማ/ጨው ጣ/ከዋኒት ቁ/ላ/ከዋኒት

2 ገ/ፃዲቕ ገ/ሂወት ገ/ሃንስ ኣድራሻ ወ/ታማ/ጨው ጣ/ጉሻ ቁ/ኣፍጉም ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ከ/ክትራን ክሲ መሰረት ተኸሰስቲ ጉዳይኹም

ናብ ገፅ 12 ይዘውር

ኳብ ፅ ፲ ዝዞረ

ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 23/11/2012ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ፡- ዞባ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ ሽረ እንዳስላሴ

ተኸሰስቲ 1 ኣይተ መንግስቱኣብ ምቻ ሽመንዲ ኣድራሻ ወረዳ ኣስ/ፅምብላ

2 ኣይተ ክብሮም መድሃንየ ሃይሉ ኣድራሻ ወረዳ ኣስ/ፅምብላ

ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ከቢድ ስርቂ ክሲ መሰረት ተኸሰስቲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 30/11/2012ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ፡- ዞባ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ፡- 1 መብራህቶም ኣሰፋ ገ/ኪዳን ኣድራሻ መ/ዛና ጣ/ኩሉፍርሃ

ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከ/ቅትለት ፈተነ ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 24/11/2012ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ፡- ዞባ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ፡-1 ኣይተ መርሃዊ ገ/ሄር ወ/ገብርኤል ኣድራሻ ወ/ሽ/እ/ስላሴ ቀበሌ 02 መንደር 2

ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ዘይ/ሕገ/ሰባት ዝውውር ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 23/11/2012ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ/ይግ/ባሃሊ፡- ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ/ይግ/መ/ወሃቢ፡- ኣይተ ሰገን ገ/ሂወት ኣድራሻ ከ/ሽራሮ ጣብያ ሙሴ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ይግባይ ክርክር መሰረት ይግ/መ/ዋሃቢ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ንቃል ክትዕ ተዳሊኹም ንዕለት 21/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽራሮ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ ከተማ ሽራሮን ታ/ኣድያቦን ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ፣ተኸሳሲ፡- ኣይተ ኣበራ በላይ ኣለሙ ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ኣካል ጉደኣት ገ/መ/ሕ/ቑ 32/1/ሀ ምስ 669/3/ /ለ/ ገበን ንዕለት 22/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቐሪቦም ንኽከራኸሩ እንተዘይቐሪቦም ግና ጉዳይኹም ብዘይቐረብኹምሉ ዝርአ ምኧኑ ፈሊጥኹም ንኽትቐርቡ ክብል ወረዳ ፀለምቲ ቤት ፍረዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ፀለምቲ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ ፣ተኸሳሲ፡- ይርጋ ሃፍቴ ገብሩ ብዝተኸሰስኩምሉ ገበን ስርቂ ገ/መ/ሕ/ቑ 32/1/ሀ ምስ 669/3/ /ለ/ ገበን ንዕለት 30/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቐሪቦም ንኽከራኸሩ እንተዘይቐሪቦም ግና ጉዳይኹም ብዘይቐረብኹምሉ ዝርአ ምኧኑ ፈሊጥኹም ንኽት ቐርቡ ክብል ወረዳ ፀለምቲ ቤት ፍረዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ፀለምቲ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ፣ተኸሳሲ፡- ኣይተ ረጠበ ኣታላይ ለገሰ ብዝተኸሰስኩምሉ ገበን ከቢድ ስርቂ ገ/መ/ሕ/ቑ 32/1/ሀ ምስ 669/3/ /ለ/ ገበን ንዕለት 06/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቐሪቦም ንኽከራኸሩ እንተዘይቐሪቦም ግና ጉዳይኹም ብዘይቐረብኹምሉ ዝርአ ምኧኑ ፈሊጥኹም ንኽትቐርቡ ክብል ወረዳ ፀለምቲ ቤት ፍረዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ፀለምቲ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዞባ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ፡-1 ደስታ ገ/ሄር ደስታ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከ/ስርቂ ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 22/12/2012ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ፡- ዞባ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ፡-1 መብራህቶም ኣሰፋ ገ/ኪዳን ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከ/ቅትለት ፈተነ ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 22/12/2012ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ከተማ ሽረ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ፡-1 ኣይተ ለምለም ካሕሳይ ኣ/ሻ ወ/ፀለምቲ ጣ/ዓ/ሓርሽ ማ/ዓስከር ኣገዲድካ ርክብ ግብረ ስጋ ምፍፃም ገበን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኽኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 23/11/2012ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፀለምቲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፀለምቲ**

ኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ፣ተኸሳሲ፡- ኣይተ ሰለሙን ኣዲሱ ሞንጎ ዘሎ ከቢድ ስርቂ ገበን ክርክር ገ/መ/ሕ/ቑ 03096 ስለዝኾነ ብመሰረት ገ/ስ/ሰ/ሕ/ቁ 162/ሀ/ ብዘየለኹምሉ ዝርአ ስለዝኾነ ንዕለት 05/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንጉሆ እምነት ክሕደት ቀሪብኩም ንክትህቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘይ ቐረብኹምሉ ዝረአ ምኧኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ ፍ/ውሃ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ፍየል ውሃ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

## ዞባ ምዕራብ

### ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ፡- ኣይተ መላኩ ያዘዘው

ኣፈ/ተኸሳሲ ፡- ኣይተ ግርማይ ተካልኝ ኣብ መንጎኦም ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክርክር መሰረት ኣፈ/ተኸሳሲ ብውሳነ መሰረት ከፈፅም ስለ ዘይኸኣለ ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲ እትፍለጥ ኤነትሬ መኪና ሰሌዳ ቁፅሪ ኢት 03-21901 ሻንሲ ቁፅሪ A 004552 ሞተር ቁፅሪ 8210-02 -05002 ዝኾነት ተሽከርካሪት ብመበገሲ ዋጋ 101,886.13 ብር /ሓደ ሚኢትን ሓደን ሽሕን ሽሞንተ ሚኢትን ሰማንያን ሽዱሽተን ብር ምስ 13 ሳንቲም / ኮይኑ ክጫረት ዝደሊ ኣካል ኣብቲ እታ መኪና ኣብ ትርከበሉ ከተማ ሑመራ ቀበሌ 04 ቀጠና 03 ዝርከብ ኣብ እንዳ መዓሾ ግቢ ይኸውን እታ መኪና ዘለዋ ናይ በሎ ክላውዶ ዕዳ መንግስቲ ብር 8580 ከም ናይ ኣፈፃፀም ዕዳ ተሓሲቡ ካብቲ ናይ ጨረታ ገንዘብ ዝኸፍል ይኸውን እቲ ጨረታ ዝተዓወተ ኣካል ናይቲ ብጨረታ ዝተዓወተሉ ገንዘብ 25% ሽው ንሽው ዘትሕዝ እቲ ዝተረፈ 75% ድማ እታ መኪና ናብ ሽሙ ምስተዛወረትሉ ጠቕሊሉ ዝኸፍል ኣካል ኣብቲ ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 23/11/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ 5፡00 ናይ ንጉሆ ኣብ ዘሎ ሰዓት ቀሪብኩም ንክትጫረቱ ክብል ዞባ ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ፍታብሐር ምድብ መጋባእያ ሑመራ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ተኸሳሲ ኣይተ ስዩም ብርሃነ ተ/ሃይማኖት ኣድራሻ ወረዳ ወልቃይት ጣብያ ደለሳ ቆቃሕ ቁሸት ማይ ሽተነ ኣብ ሞንጎ ንዘሎ ከቢድ ስርቂ ገበን ክትዕ ተኸሳሲ ንዕለት 20/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ቀትሪ ናብ ወረዳ መዘጋ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ መዘጋ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ወልቃይት ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ መዘጋ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ተኸሳሲ ኣይተ ተሾመ ሙላልይ በሪሁን ኣድራሻ ወረዳ ቃ/ሑመራ ጣብያ ማይ ቀይሕ ቁሸት ማይ ተመን ኣብ ሞንጎ ንዘሎ ከቢድ ስርቂ ገበን ክትዕ ተኸሳሲ ንዕለት 21/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናይ ቀትሪ ናብ ወረዳ መዘጋ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ መዘጋ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ወልቃይት ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ መዘጋ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ተኸሳሲ ኣይተ ገ/መድህን ግደይ ገብረኣብ ኣድራሻ ወረዳ ወልቃይት ጣብያ ላዕላይ ማይ ሑመር ቁሸት ድማ ኣብ ሞንጎ ንዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ምብፃሕ ገበን ክትዕ ተኸሳሲ ንዕለት 21/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናይ ቀትሪ ናብ ወረዳ መዘጋ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ መዘጋ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ወልቃይት ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ መዘጋ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ንኡስ ወረዳ መዘጋ

ተኸሳሲ ኣይተ ኣታላይ መንግስቱ ሃደራ ኣድራሻ ወረዳ ወልቃይት ጣብያ ማይ ጨዓ ቁሸት ጣኖ ኣብ ሞንጎ ንዘሎ ከቢድ ስርቂ ገበን ክትዕ ተኸሳሲ ንዕለት 22/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናይ ቀትሪ ናብ ወረዳ መዘጋ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ መዘጋ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ወልቃይት ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ መዘጋ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ ወ/ቃ/ሑመራ

ተኸሰስቲ፡- 1, ኣይተ ሃይላይ በሪሁ ተከለመድህን ኣ/ሻ ወ/ቃ/ሑመራ ጣብያ ኣዳባይ ቀጠና 04

2, መለስ ገ/ጨርቆስ ገ/ዮሃንስ ኣ/ሻ ጣብያ ራውያን ቀጠና 01 ተኸሰስቲ ብገበን ከቢድ ስርቂ ኣብ ወ/ቃ/ሑመራ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሑመራ ተኸሲሶም ኣብ ግዜ ቆፀርኦም ክቀርቡ ሰለዘይከኣሉ ብኣድራሻኦም ተኣልሾም እውን ሰለዘይተረኸቡ እዚ ምኻኑ ፈሊጦም ኣብ ቀፃሊ ቆፀሮኦም ንዕለት 21/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ንክትካታተሉ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳዮም ብዘየለዉሉ ከምዝሪአ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወ/ቃ/ሑመራ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሑመራ**

ብኸሳሲ፡-ወ/ፀገዴ ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ፡- 1ይ, ኣይተ ደገፋ ኣወቀ ገረነቸኤል ኣድራሻ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ዋልካ ቁሸት ዋልካ

2ይ, ኣይተ ገበያቸው ኣወቀ ገረነቸኤል ኣድራሻ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ዋልካ ቁሸት ዋልካ

3ይ, ኣይተ ኣስተጥቄ ኣወቀ ገረነቸኤል ኣድራሻ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ዋልካ ቁሸት ዋልካ ብዘሎ ናይ ብምትሕልላፍ ጓል ኣንስተይቲ ምጥላፍ ገበን ክሲ መሰረት ተኸሰስቲ ኣብ ኣድራሻኦም ዘየለዉ ምኻኖም መረዳእታ ስለዝቐረበ ኣብ ዕለት ቆፀሮኦም 08/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክቐርቡ እንተዘይቐሪቦም ግና ጉዳዮም ብዘየለውሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኻኑ ወረዳ ፀገዴ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ፀገዴ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ወ/ወልቃይት ዓ/ሕጊ

ተኸሰስቲ፡- 1ይ, ኣይተ ዘነበ ተስፋይ ተሸመ ኣድራሻ ወ/ወልቃይት ጣብያ ሽሬላ ቁሸት ዓ/ጢኖ

2ይ, ኣይተ ፍታለው ታፈረ ኣስካለ ኣድራሻ ወ/ወልቃይት ጣብያ ሽሬላ ቁሸት ዓ/ጢኖ

ብዝተኸሰስከምሉ ከቢድ ስርቂ ገበን መሰረት 1ይ ተኸሳሲ ኣብ ቀፃሊ ቆፀሮኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ንክረአ ቅድሚ ምውሳኑ ንዕለት 25/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ጉዳይኹም ቐሪብኩም ንክትከታተሉ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከምዝርአ ወረዳ ወልቃይት ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ወልቃይት ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓዲ ረመፅ**

ኸሳሲ - ዓ/ሕጊ ዞባ ምዕራብ ትግራይ

ተኸሳሲ ፡- ኮንስታብል ኢፍሬም ደሳለይ በርሀ ኣ/ሻ ክልል ትግራይ ዞባ ምዕራብ ወረዳ ፀጌደ ጣብያ እንዳስላሴ ቁሸት ዓዶ ይጦ

ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ተራ ቅትለት ሰብ ፈተነ ገበን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ንዕለት 28/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ ቀሪብኹም ንኽትከታተሉ እንተዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከምዝረአ ዝተኣዘዘ ምኧኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ፣ተኸሳሲ፡- ብርሃነ ገ/ኪዳን ደሞወዝ ኣድራሻ ወ/ሰ/ሑመራ ቀበሌ 04 ቀጠና 03 ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን መሰረት ተኸሳሲ ንዝቐረበልኩም ክሲ ቐሪብኩም ጉዳይኩም ንክትከታተሉ ንዕለት 20/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 2፡30 ናብ ወ/ሰ/ሑመራ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኻኑ ክብል ወ/ሰ/ሑመራ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ሰቲት ሑመራ ቤት ፍርዲ ገበን ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ፡- ዞባ ምዕራብ ዓ/ሕጊ

ተኸሰስቲ፡-1ይ, ኣይተ ሙሉ ጌትነት ኣበራ ኣ/ሻ ከተማ ሰቲት ሑመራ ቀበሌ 02 ቀጠና 07

2ይ, ኣይተ ሃይለ ሓጎሰ ሲሳይ ኣ/ሻ ዞባ ምዕራብ ወረዳ ቃ/ሑመራ ጣብያ ሰለ ቁሸት ምድረ መሰቀል ብዝተኸሰስኩምሉ ኮንትሮ ባንደ ገበን መሰረት ተኸሰስቲ ንዕለት 24/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 2፡30 ናብ ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባኣያ ሑመራ ንክትቐርቡ ኣንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኻኑ ፈልጥኩም ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ንክትቐርቡ ክብል ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሑመራ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ፣ተኸሰስቲ፡-1 ኣይተ ሰሎምን ግደይ ገ/ዝግሄር ኣ/ሻ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ወረዳ ስሓርቲ ሳምረ ጣብያ በረዝዋ ቁሸት ኣዋሊዕ

2 ኣይተ ሃይለ ኣፅበሃ ቡላ ኣ/ሻ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ወረዳ ስሓርቲ ሳምረ ጣብያ ለምለም ቁሸት ዓዲ ፀጋብና ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ መሰረት ተኸሰስቲ ቆፀሮኹም ፈሊጥኩም ንዕለት 19/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 9፡00 ናብ ከተማ ማይ ካድራ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኻኑ ፈልጥኩም ክብል ቤት ፍርዲ ማይካድራ ኣዚዙ ኣሎ።

**ቤት ፍርዲ ማይካድራ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ፣ተኸሳሲ፡- ኣይተ ሙዑዝ ንጉሰ መኮነን ኣ/ሻ ወ/ታ/ማ/ጨው ጣብያ ዓዲ ሑፃ ቁሸት ቀነፋ

ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ምብፃሕ ገበን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ቆፀሮኹም ፈሊጥኩም ንዕለት 19/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 9፡00 ናብ ከተማ ማይ- ካድራ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣንተ ዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ዝውሰን ምኻኑ ፈልጥኩም ክብል ቤት ፍርዲ ማይካድራ ኣዚዙ ኣሎ።

**ቤት ፍርዲ ማይካድራ**




ኸሳሲት፡-ወ/ሮ ብርዛፍ ገ/ሚካኤል ገብሩ

ተኸሳሲ፡-ኣይተ መሓሪ መኮነን ቦጋለ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ሓዳር ፍትሕ ገበን ጉዳይ ንምፅራይ ብተደጋጋሚ ትእዛዝ ተፃሕፊልኩም ክትሪከቡ ስለዘይኸኣልኩም ሐዚ እውን እዚ ጋዜጣ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 20/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡30 ናብ ዓ/ሓቂ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንክትቀርቡ እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኻኑ ክብል ወረዳ ዓ/ሓቂ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ዓዲ ሓቂ ምድብ መጋባእያ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ፡-ኣይተ ገ/መድህን ሰይፉ

ኣፈ/ተኸሳሲ፡-ኣይተ ልኡል ሓድጉ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክርክር ኣፈ/ተኸሳሲ በቲ ዝተወሰነሎም መሰረት ክፍፅሙ ስለዘይኻኣሉ ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ልኡል ሓድጉ ዝፍለጥ ባጃጅ ኣብ ከተማ መቐለ ክ/ከተማ ሓድነት ዝርከብ ብሰብ ሞያ ብዝገመትዎ መሰረት ብመበገሲ ዋጋ 75,518.06/ሰብዓን ሓሙሽተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ዓሰርተ ሾሞንተን ምስ 06/100/ቅርሺ ተጫሪቱ ንክሸወጥ ዝጫረት እንተሃልዩ ንዕለት 23/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ተረኺብኩም ክትጫረቱ ትኽእሉ ምኻንኩም ሓድነት ምድብ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

N.B -እቲ ጨረታ ዝካየደሉ ቦታ ኣብ ክ/ከተማ ሓድነት ቀበሌ18 መወዳእታ እተን ባጃጅ ጠጠው ዝብላሉ ፡፡

- ኣብቲ ጨረታ ዝሳተፍ ኣካል እቲ ጨረታ ስዓራይነቱ/መሸነፍ/ ምኻኑ ምስ ኣራጋገፀ ናይ ዘሸነፎ ዋጋ 25% ወድያዉኑ /ሽው/ የትሕዝ/ ይኸፍል/፡፡
- ናይ ጨረታ ሰዓት ካበ ሰዓት 3፡00-6፡00 ቅድሚ ቀትሪ ይኸውን፡፡
- እታ ንጨረታ ዝቐረበት ባጃጅ ኮድ 01-07831 ትግ እያ፡፡

**ሓድነት ምድብ መጋባእያ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ኣይተ ኣረጋዊ መስፍን

ተኸሳሲት ፡-ወ/ሮ ትምኒት ገ/ሚካኤል ኣድራሻ ከተማ መቐለ፣ ክ/ከተማ ሰሜን፣ ጣብያ መለስ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ቀለብ ቆልዓ ክትዕ ጉዳይ ተኸሳሲት በቲ ኣድራሻኽን ክትሪከባ ስለዘይክኣልክን ኣብ ቆፀረኽን ዕለት 20/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርባ እንተዘይቀሪብክን ግና ጉዳይኽን ብዘየለኽናሉ ከም ዝርአ ክ/ከተማ ሰሜን ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሰሜን ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ፡- ክ/ከ/1ይ ወያነ ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲት 1. ወ/ሮ ሒሩት ወ/ትንሳኤ ኣረጋዊ መንጎ ብዘሎ ናይ ምትላል ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብክን ተኸሳሲት ብኣድራሻኽን ተኣልሽክን ስለ ዝተሰኣንክን ንዕለት 20/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርባ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘ ይቀሪብኽን ግና ጉዳይኽን ብዘየለኽናሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ**

ኸሳሲ፡-1ይ ወያነ ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ 1. ኣይተ ተኽላይ ገ/መድህን ገ/ስላሴ መንጎ ብዘሎ ናይ ቼክ ምጭብርባር ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 20/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡30 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ**

ኸሳሲ - ዓ/ሕጊ ክ/ከ/ሰሜን

ተኸሳሲ -1, መሓሪ ኣባዲ ደስታ 2, ሳሚኤል ክብረት ተካ ኣድራሻ ክ/ከተማ ሰሜን ፣ ጣብያ መስፍን ፣ ቀጠና 4ተ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ጉዳይ ኮይኑ ተኸሳሲት መዝገብኩም ኣብ ከይዲ ስለ ዝርከብ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 04/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ ኣብ ግዜ ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ከምዝወሃበሉ ነፍልጥ ክብል ሰሜን ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሰሜን ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ - ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ - ሓጎስ ካሳ ተስፋይ ኣድራሻ መቐለ ክ/ከ/ዓይደር ፣ ጣብያ ማርታ ፣ ቀጠና 11 ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ጉዳይ ኮይኑ ተኸሳሲ መዝገብኩም ኣብ ከይዲ ስለ ዝርከብ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 16/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ ኣብ ግዜ ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ከምዝወሃበሉ ነፍልጥ ክብል ሰሜን ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሰሜን ምድብ መጋባእያ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ፡-ኣይተ ፅጋብ ግደይ

ኣፈ/ተኸሰስቲ፡-1, ወ/ሮ ርብቃ ተስፉ ፣ 2, ወ/ሮ ኤልሳቤጥ ዘታኦስ ፣ 3, ወ/ሮ መታሰብያ ዮሴፍ ፣ 4, ወ/ሪት ሰዓረትእምቤት ዮሴፍ ፣ 5, ህፃን ሚኪኤለ ዮሴፍ ሞግዚት ኤልሳቤጥ ዘታኦስ ኣብ ሞንጎኦም ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ዝብል ክርክር ኣብ ከተማ መቐለ ክ/ከተማ ቀዳማይ ወያነ ዝርከብ ገዛን ቦታን መዋሰኒኡ፡ - ብምብራቕ መንገዲ ፣ ብምዕራብ ኣይተ ኣርኣያ ፣ብሰሜን ወ/ሮ ድንቅነሽ ፣ ብደቡብ መንገዲ ስፍሓቱ 135 ካሬ ሜትር ዝዓረፎ ገዛን ቦታን ብመበገሲ ጨረታ ብር 4,027,510.62/ኣርባዕተ ሚልየንን ዒስራን ሽውዓተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ዓሰርተን ብር ምስ ሱሳን ክልተን ሳንቲም/ ንብረትነቱ ናይ ኣፈፃፀም ተኸሰስቲ ዝኾነ ብጨረታ ክሸወጥ ሰለዝተኣዘዘ ከትጫረቱ እትደልዩ ተጫረትቲ 25% ቀድሚያ ክተትሕዙ ጨረታ ዕለት 26/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንጉሆ ክሳብ 6፡30 በግልፂ ጨረታ ክሸወጥ ኣብቲ ዕለትን ቦታን ተረኺብኩም ክትጫረቱ ውፅኢት ጨረታ ሰዓት 8፡30 ክቐርብ ክልል ትግራይ ላዕ/ቤት ፍርዲ ፍታብሄር መጋባእያ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ፍታብሄር ምድብ መጋባእ**

ኸሳሲ ፡- ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ፡- ተመስገን ሓጎስ ኣበርሃ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለ ዝተመስረተኩም ንዕለት 21/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምዃኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ፡- ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ፡- በረኸት ኪዳነ መሓሪ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ፈተነ ስርቂ ገበን ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለ ዝተመስረተኩም ንዕለት 24/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምዃኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ፡- ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ፡- ቴድሮስ ገ/መድህን ኣፅበሃ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለ ዝተመስረተኩም ንዕለት 24/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምዃኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ፡- ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ፡- 1.ኣሸናፍ ሓጎስ ጉዕለይ መንጎ ዘሎ ናይ ፈተነ ስርቂ ገበን ክትዕ ጉዳይ ንምፅራይ ንዕለት 21/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ 1ይ ወያነ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣፍቲ ዝተጠቐሰ ዕለት እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝዋሃብ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ**

መመልከትቲ ፡-እኒ ወ/ሮ ካሕሱ ካሳ ኣረፋይነ 4ተ ቁ/ሰባት

ወኪል ወ/ሮ ሙሉ ካሳ ኣረፋይነ

ተፀዋዒት፡- ወ/ሮ ኣስካል ካሳ ኣረፋይነ መንጎ ብዘሎ ናይ ምጥፋእ ውሳኔ ጉዳይ ተፀዋዒት ወ/ሮ ኣስካል ካሳ ኣረፋይነ ኣብ ከተማ መቐለ ክ/ከተማ ሰሜን ጣብያ ኢንዳስትሪ ቀጠና ወርዒ ዝነብራ ዝነበራ ብዕለት 28/09/1991 ዓ/ም ምስወፃ ኣይተመለሳን ስለዚ ብሂወት እንተሃሊክን ንዕለት 30/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርባ እንድሕር ዘይቐሪብክን ግና ኣብ ልዕሌክን ናይ ምጥፋእ ውሳኔ ከምዝዉሃብ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሰሜን ምድብ መጋባእያ**

ብሽም ግርማይ ግደይ ኣባይ ኣብ ጣብያ መለስ ነባር ትሕዝቶ ኮሚቴ ብነባር ትሕዝቶ ዝሓዝዎ መሬት ይግበኦም እዩ ይፀነዕሎም ኢሉ ወሲኑ ስለዘሎ ኣብ ክ/ከተማ ሰሜን ገዛን ቦታን ብነባር ትሕዝቶ ይፅናዕ ስለዘሎ ተቓዋሚ እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ክቐርብ እንተዘይኪእሉ ግና ብሽም ግርማይ ግደይ ኣባይ ዋኒነት ተሰሪሑ እነመሓድሮም ምዃና ንሕብር፡፡

**ክ/ከተማ ሰሜን ቤት ዕሕፈት ከተማ ልምዓት ክ/ስ/መ/ም/ማናጅመንትን**

ብሽም ሰለሙን መብራህተን ታደሰ ኣብ ጣብያ መለስ ነባር ትሕዝቶ ኮሚቴ ብነባር ትሕዝቶ ዝሓዝዎ መሬት ይግበኦም እዩ ይፀነዕሎም ኢሉ ወሲኑ ስለዘሎ ኣብ ክ/ከተማ ሰሜን ገዛን ቦታን ብነባር ትሕዝቶ ይፅናዕ ስለዘሎ ተቓዋሚ እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ክቐርብ እንተዘይኪእሉ ግና ብሽም ሰለሙን መብራህተን ታደሰ ዋኒነት ተሰሪሑ እነመሓድሮም ምዃና ንሕብር፡፡

**ክ/ከተማ ሰሜን ቤት ዕሕፈት ከተማ ልምዓት ክ/ስ/መ/ም/ማናጅመንትን**

ብሽም መልኣኩ ገ/ታትዮስ ገ/ሂወት ኣብ ጣብያ መለስ ነባር ትሕዝቶ ኮሚቴ ብነባር ትሕዝቶ ዝሓዝዎ መሬት ይግበኦም እዩ ይፀነዕሎም ኢሉ ወሲኑ ስለዘሎ ኣብ ክ/ከተማ ሰሜን ገዛን ቦታን ብነባር ትሕዝቶ ይፅናዕ ስለዘሎ ተቓዋሚ እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ክቐርብ እንተዘይኪእሉ ግና ብሽም መልኣኩ ገ/ታትዮስ ገ/ሂወት ዋኒነት ተሰሪሑ እነመሓድሮም ምዃና ንሕብር፡፡

**ክ/ከተማ ሰሜን ቤት ዕሕፈት ከተማ ልምዓት ክ/ስ/መ/ም/ማናጅመንትን**

ኣፈ/ኸሳሲት፡-ወ/ሮ ብርሃን ተ/ማሪያም

ኣፈ/ተኸሳሲ፡- ኣይተ ኣታኽልቲ ሃፍቱ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ጉዳይ ኣብ ወረዳ ወርዒለኸ ዝረከብ ገዛን ቦታን መዋሰኒኡ፡-ብምብራቕ፣ኣሚት ሃይሉ ብምዕራብ፣ ኪዳን መዝገበ ብሰሜን፣ፅርግያ ብደቡብ፣ኣርኣያ ሃይሉ ስፍሓቱ 176 ካሬ ሜትር ዝኾነ ብመበገሲ ጨረታ 117,679.37 /ሓደ ሚኢትን ዓሰርተ ሸውዓተ ሽሕን ሽድሽተ ሚኢትን ሰብዓን ትሽዓተን ነጥቢ ሳላሳን ሸወዓተን ሳንቲምን/ መበገሲ ዋጋ ንክጫረት ሰለዝተደለየ ዝጫረት ኣካል እንተሃልዩ ንዕለት 15/12/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ 5፡00 ኣብቲ ወረዳ ወርዒ ለኸ ከተማ ዕዳጋ ዓርቢ ቀበሌ 01 ኣብቲ ገዛ ዘለዎ ቦታ ቀሪቦም ንክጫረቱ ክ/ከ ዓይደር ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ዓይደር ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ**

ኣፈ/ኸሳሲት፡-ወ/ሮ ትሐሽ ኪሮስ

ኣፈ/ተኸሳሲ፡- ኣይተ ሑሉፍ ተስፋይ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ጉዳይ ኮድ 2-2291 ት.ግ ዝኾነት ሞተር ሳይክል ብመበገሲ ዋጋ ብር 22,658.66 /ዒስራን ኽልተን ሽሕን ሽድሽተ ሚኢትን ሓምሳን ሸሞንተን ብርን ሱሳን ሽድሽተን ሳንትምን/ ከጫረት ስለዝተደለየ ዝጫረት ኣካል እንተሃልዩ ኣብቲ ሞተር ዘላቶ ቦታ ክ/ከ ዓይደር ምምሕዳር ቀሪቦም ንዕለት 30/11/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡30 ክሳብ 5፡00 ሰዓት ቀሪቦም ንክጫረቱ ክ/ከ ዓይደር ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ዓይደር ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ፡- ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ፡- ሚኪኤል ገ/መስቀል ሃ/ስላሴ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለ ዝተመስረተኩም ንዕለት 24/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምዃኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ፡-ጥዕና ፍቅረ ሰላም ዓርሰ ምትሕግጋዝ ሕ/ስ/ማ

ኣፈ/ተኸሳሲ፡-ኢብራሂ ዓብደል ቀደር ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ዝብል ክትዕ ታ/ቁፅሪ 75349 ኮድ 3 ኢት ዝኾነት መኪና ብመበገሲ ዋጋ ብር 1,217,216.00 ብጨረታ ከምትሸየጥን ናይ ጨረታ ዕለት ድማ 27/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 - 6፡00 ንክጫረት ናይ ጨረታ ቦታ ኣውን ኣብ ቀፅሪ ግቢ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ከምዝኾነ ክልል ትግራይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣብ መቐለ ዝተሰየመ ፍታሓብሄር መጋባእያ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክልል ትግራይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፍታሓብሄር መጋባእያ**

መመልከቲ፡- ሓየሎም በዳኣስ ያየ ካብ ክርስትና ሃይማኖት ናበ እስልምና ሃይማኖት ዝኣተኹ ምኳነይ ብእስልምና ሃይማኖት ሽመይ ዓሊ በዳኣስ ያየ ተባህለ ንክፅዋዕ ዝቃወም እንተሃልዩ ንዕለት 22/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክቐርብ ዞባ መቐለ ሸሪዓ ቓዲ ቤት ፍርዲ ኣዙ ኣሎ፡፡

**ዞባ መቀለ ሸሪዓ ቃዲ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ኣረጋዊ በርሀ ሃይላይ መንጎ ብዘሎ ናይ ከ/ስርቂ ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 22/11/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ**

ኸሳሲ፡- ከተማ መቐለ ዓ/ሕጊ

ተኸሳሲ 1.ኣይተ ሃ/ስላሴ ኪዳኑ ገብሩ መንጎ ብዘሎ ናይ ምትላል ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 4/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ**

ኸሳሲ፡- ክ/መ/ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ዮናስ ገ/ትንሳኤ ፍስሃ መንጎ ብዘሎ ናይ ክ/ኣካል ምጉዳል ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 12/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ**

**ናብ ገፅ 6 ይዘውር**

# ህዝቢ ትግራይ ዳግም ኣብ ኣንፃባራቒ ዓወት

ብይርጋ ኣብርሃ

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣብቶም ዝሓለፉ ዓመታት ስራሕቲ ልምዓት፣ ዴሞክራሲን ሰናይ ምምሕዳርን ዘረጋገፁ ዓበይቲ ኣዋጃት፣ መምርሕታትን ደንብታትን ብምውፃእ ብምምርማርን ብምፅዳቕን ልምዓትን ሰላምን ክልል ትግራይ ዘውሓሱ ህዝባዊ ሓላፍነት እንትፍፅም ፀኒሑ እዩ፤ ሕዚ'ውን ይፍፅም ኣሎ።

እቲ ቤት ምኽሪ ዘውፅኦም ኣዋጃት ኣብ ባይታ ይፍፀሙ ምህላዎም ድማ ብዘጣየሸን ቀወምቲ ኮሚቴታት ኣቢሎም ኣብ ባይታ ዳህሳስ ብምግባር /oversight/ ከይዲ ኣፈፃፅማ እቶም ስራሕቲ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ዘረጋግፁ ኣካይዳታት ተኸቲሉ እንዳሰርሐ ይርከብ።

ተኣማንነቱ ንሕገ መንግስቲ ፌደሪኢን ንሕገ መንግስቲ እቲ ክልልን ጌሩ ሓላፍነቱ ብዝግባእ ብምፍፃም እቲ ብደም ደቁ ዘረጋፆ ሕገ መንግስታዊ መሰሉ ዝሕልወሉን ፍረ መስዋእቱን ቃልሱን ዘስተማቕረሉ ኩነታት እዩ ዘሎ። እቶም ብደረጃ ሃገር ይኹን ብደረጃ ትግራይ ዝወፁ ኣዋጃትን ደንብታትን ፀገም ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ህዝቢ ትግራይ ዝፈትሑ፣ ሰላምን ዴሞክራሲን ዘረጋግፁ ክኾኑ ምልኣተ ህዝቢ ዘሳተፈ ካብ ክልልን ወረዳን በቢ ብርኩ ዝርከቡ ኣብያተ ምኽሪ ኣጣይሹ በጀቱን ሃፍቱን ከውሰን፣ ከመሓድር፣ ክቆፃፀርን ክግምግምን ዘኽእሎ ሕገ መንግስታዊ መሰል ተጎናፂፉ እዩ።

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣብዚ ቕነ ኣብዘካየዶ ጉባኤኡ ፍሉይን ታሪኻውን ውሳነ ኣመሓላሊፉ ኣሎ። ህዝቢ ትግራይ መላምል ደቁ ዝገበረሉ፣ ኣካሉ ዝጎደለሉ ንብረቱ ዘወፈየሉ ዴሞክራሲያዊ ሰርዓቱ ዝሕሉ፤ ኣንፃር ህዝቢ ትግራይ ዝተልዓሉ ሓይልታት እንዳመከተን ሕማም ኮሮና እንዳተኸላኸለን ከይዲ ሕገ መንግስቲ ዘረጋገፀሉ ዴሞክራሲያዊ መረፅኡ ከካይድ ዝነበሮ ልዑል ድሌት ዘግህድ ብምንባሩ ህዝቢ ትግራይ ዝለዓለ ሓጎስ ተሰሚዕዎም ኣሎ።

እቲ ኣዋጅ መረፃ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 351/2012 ዓመተ ምህረት ንህዝቢ ትግራይ ጠስሚ ዘስተየ፣ ንገባታይ ፅግዕተኛን ትምሕክታዊ ሓይሊ ቅስሚ ዝሰበረ ኮይኑ ታሪኽ ብድሙቕ ቀለም ከቲብዎ ኣሎ። እቲ ኣዋጅ "ህዝቢ ትግራይ መንነቱ ንምዕቃብን ምእንተ ሰላም፣ ልምዓትን ዴሞክራሲን ብዝኸፈሎ ከቢድ መስዋእቲ ሉኣላዊ በዓል ዋና ፖለቲካዊ ስልጣን ክልሉ ክኸውንን ኣብ ውሽጢ ብሄራዊ ክልሉ መሰል ዓርሰ ውሳነን ምሕደራን ከይተሸራረፈ ክረጋገፀሉን ኣብ ሕገ መንግስቲ ብግልፂ ዝተደንገገ ስለዝኾነ፣ መሰል ዓርሰ ውሳነን ምሕደራን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ዘይግደብ ሕገ መንግስታዊ ውሕስና ዘለዎ ትካል ስለዝኾነ" እዩ ይብል።

" ሉኣላውነት ህዝቢ፣ መሰል ዓርሰ ውሳነን ምሕደራን ዝረጋገፅ ህዝቢ ብነፃ ፍቓዱ በቢ ሓሙሽተ ዓመቱ ብዝመረፆም ተወከልቱን ባዕሉ በቢ ብርኩ ኣብ ዘለው ኣካላት ምምሕዳር ብዝገበሮ ቀጥታዊ ዴሞክራሲያዊ ተሳትፎን ስለዝኾነ፣ ስልጣን መንግስቲ ካብ መረፃ ወፃእ ብዝኾነ ይኹን ኣግባብ ምሓዝ ዘተኸልከለ ምዃኑ ኣብ ሕገ መንግስቲ ብግልፂ ዝተደንገገ ብምዃኑ" ኢሉ ኣድላይነት መረፃ የቐምጥ።

እቲ ሕዚ ኣብ ኮርቻ ስልጣን ደይቡ ኣታ ብመስዋእቲ ህዝብታት ዝተነደቐት ሓዳሽ ፌደራ ላዊት ዴሞክራሲያዊት ሃገር ናብ ኣሃዳዊት ኢትዮጵያን



ኣሃዳዊ ስርዓትን ንምምላስ ዝህንደድ ዘሎ ገባታይ ሓይሊ፣ ብዘይ መረፃ ናብ ስልጣን ክድይብ ዝገብሮ ዘሎ ፃዕረ ሞታዊ ቃልሲ ብግልፂ ዝኹንን፣ ካብ መረፃ ወፃኢ ናብ ስልጣን ምድያብ ከምዘይከኣል ብደሙን ኣዕፅምቱን ኣብ ዝተኸሎ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ቖልጭ ኣቢሉ ዘርኣየ፤ ህዝቢ ትግራይ ሕገ መንግስቲ ዘኽብር፣ ብስርዓት ዝምራሕ ምዃኑ ኣብዚ ዘውፅኦ ኣዋጅ መረፃ ትግራይ ብግልፂ ኣቐሚጥዎ እዩ።

ትግራይ መረፃ ከካይድ እየ ምባላ ሕገ መንግስታዊ መሰላ ተጠቒማ እምበር ቀይዲ በተኽ ከምዘይኮነት ኣሸምባይዶ ካሊእ ህዝቢ፤ ባዕሉ እቲ ንጃኬት ኢህወደግ ተጎልቢቡ ናብ ስልጣን ምስ ደየበ ናብ ኣሃዳውነት ዝቐየረን ከዳሚ ሓይልታት ምዕራብን ዝኾነ ጉጅለ ብልፅግና እውን ኣንዳዕዲዑ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ።

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዘውፅኦ ኣዋጅ መረፃ ትግራይ ቁፅሪ 351/2012 ዓ/ም "ኣብዚ ክልል መንግስታዊ ስልጣን ብውክልና ህዝቢ ንምሓዝ ዝግበር መረፃ ንኹሉ ብማዕረ ዘሳትፍ፣ ነፃ፣ ሰላማዊ፣ ፍትሓዊ፣ ዴሞክራሲያውን ሕጋውን ክኸውን ዘኽእል ሕጊ ምውፃእ ስለዘድለየን ነዚ ዘፈፅም ኣካል ብሕጊ ምጥያሽ፣ ኣወዳድብኡ፣ ስልጣኑን ተግባሩን ብሕጊ ግልፂ ምግባር ኣድላዪ ምዃኑ ስለዝተኣመነሉ" እዩ ኢሉ ብግልፂ ኣብቲ ኣዋጅ ኣቐሚጥዎ ኣሎ። ምስዚ ብተወሳኺ እቲ ኣዋጅ ኣብ ሕድሕድ ክልል መረፃ ዝህልው ተወዳዳራይ ሰዓራይ ምዃኑ ዘረጋግፁ መጠነ ድምፂ እውን ብግልፂ ከምዝስዕብ ኣቐሚጥዎ ኣሎ። "ኣባላት ቤት ምኽሪ ኣብ ሕድሕድ ክልል መረፃ ካብ ዝህልው ተወዳደርቲ ኣብዝሓ ድምፂ ዝረኸበ ተወዳዳሪ ሰዓሪ ዝኾነሉ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት መረፃ ብኣግባቡ ንምትግባር ግልፂ ሕጊ ክወፀሉ ኣብ ሕገ መንግስቲ ክልል ስለዝተደንገገ" ምዃኑ የብርህ።

ኣመራርሓ፣ ኣባላትን ተወዳደርቲ ውድባትን ፖለቲካን ከምኡ'ውን ውልቀ ተወዳደርቲ ካብ ቅድመ ክሳብ ድሕረ-መረፃ ዝህልዎም ምንቅስቓስ፣ መሰልን ግቡእን ከምኡ እውን ስነ ምግባር መረፃ ዝምልከት ሕጊ ክህልዎ ስለዝግባእ እቲ ኣዋጅ ምውፃእ ከምዘድለየ ኣብቲ ኣዋጅ ብግልፂ ሰፊሩ ኣሎ።

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ዝተመሓየሸ ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትገራይ ዓንቀፅ 48 ንኡስ ኣንቀፅ (2) ዝተውሃቦ ስልጣ እዚ ኣዋጅ ወፂኡ ኣሎ። እቲ ኣዋጅ ኣብ ክፍሊ ሓደ ሓፈሻዊ ትርጉም ኣብ ዘቐመጠሉ ዓንቀፅ ክልተ ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝተጣየሸ ኮሚሽን መረፃ ምዃኑ ብግልፂ ኣቐሚጡ ኣሎ።

> ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ካብ ዘውፅኦ ኣዋጅ መረፃ ትግራይ ቁፅሪ 351/2012 ዓ/ም "ኣብዚ ክልል መንግስታዊ ስልጣን ብውክልና ህዝቢ ንምሓዝ ዝግበር መረፃ ንኹሉ ብማዕረ ዘሳትፍ፣ ነፃ፣ ሰላማዊ፣ ፍትሓዊ፣ ዴሞክራሲያውን ሕጋውን ክኸውን ዘኽእል ሕጊ ምውፃእ ስለዘድለየን ነዚ ዘፈፅም ኣካል ብሕጊ ምጥያሽ፣ ኣወዳድብኡ፣ ስልጣኑን ተግባሩን ብሕጊ ግልፂ ምግባር ኣድላዪ ምዃኑ ስለዝተኣመነሉ" እዩ ኢሉ ብግልፂ ኣብቲ ኣዋጅ ኣቐሚጥዎ ኣሎ። ምስዚ ብተወሳኺ እቲ ኣዋጅ ኣብ ሕድሕድ ክልል መረፃ ዝህልው ተወዳዳራይ ሰዓራይ ምዃኑ ዘረጋግፁ መጠነ ድምፂ እውን ብግልፂ ከምዝስዕብ ኣቐሚጥዎ ኣሎ።
>
> "ኣባላት ቤት ምኽሪ ኣብ ሕድሕድ ክልል መረፃ ካብ ዝህልው ተወዳደርቲ ኣብዝሓ ድምፂ ዝረኸበ ተወዳዳሪ ሰዓሪ ዝኾነሉ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት መረፃ ብኣግባቡ ንምትግባር ግልፂ ሕጊ ክወፀሉ ኣብ ሕገ መንግስቲ ክልል ስለዝተደንገገ"

ካብዚ ብምብጋስ እቲ ኣዋጅ ኣብ ክፍሊ ክልተ ዓንቀፅ ሓሙሽተ ብብርኪ ክልል፣ ወረዳ፣ ከተማ፣ ክፍለ ከተማን ጣብያን ክልል መረፃ ነፃን ትኽክለኛ መረፃ ዘይሻራዊ ብዝኾነ ኣገባብ ንኽካየድ ካብ ዝኾነ ፅዕንቶ ነፃ ዝኾነ ዓርሱ ዝኸኣለ "ኮሚሽን" እናተብሃለ ዝፅዋዕ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ቤት ዕዮ በዚ ኣዋጅ ተጣይሹ ምህላዉ እቲ ቤት ምኽሪ ኣፅዲቑ ኣሎ።

እቲ ኮሚሽን ተፀዋዕነቱ ንቤት ምኽሪ እቲ ክልል ከምዝኾነ፣ ኣወዳድባን ቤት ፅሕፈትን እቲ ኮሚሽን ኣመልኪቱ እውን እቲ ዋና ቤት ፅሕፈት ኣብ መቐለ ክኸውን፣ ከከም ኣድላይነቱ ጨንፈር ኣብያተ ፅሕፈት ኣብ ዞባታት፣ ወረዳታትን ከተማታትን ቀዋሚ ወይ ግዚያዊ ጨናፍር ክህልዎ ከምዝኽእልን ኮሚሽነርን ምኽትል ኮሚሽነርን ሓዊሱ ሓሙሽተ ኣባላት ኣመራርሓ ስራሕ ከምዝህልውዎ እቲ ኣዋጅ ኣቐሚጡ እዩ።

ብመሰረት እዙይ ሕፁያት ኣባላት ኣመራርሓ ስራሕ ዝምልምል ዘይኣድላዊ ኮሚቴ ከጣይሽ ብመሰረት ዝወፀ ኣዋጅ ካብ ጉባኤ ትካላት ሃይማኖት ትግራይ ክልተ፣ ካብ ማሕበር ሰራሕ ተኛታት ትግራይ ሓደ፣ ካብ ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበረትን ትግራይ ሓደ፣ ካብ ሲቪል ማሕበራት ኣርባዕተ፣ ካብ ቤት ምኽሪ ዘፈር ማሕበራት ትግራይ ሓደ ሰብ ዘካተተ ኮሚቴ ብርእሰ ምምሕዳር ትግራይ ሓደ ኮሚቴ ተጣይሹ ኣሎ።

እቲ ኮሚቴ ህዝቢ ትግራይ ነፃ፣ ዴሞክራሲያዊ፣ ሰላማዊ፣ ፍትሓውን መረፃ ንኽካየድ ኣባላት ኣመራርሓ ስራሕ ኮሚሽን መረፃ ትግራይ ክኾኑ እዮም ዝብሎም ካብ ዝኾነ ውድብ ፖለቲካ ኣባልነት ነፃ ዝኾኑ፣ ንሕገ መንግስቲ ዝቕበሉ፣ ብመዳይ ትምህርቶም ድማ ምስ ዋኒን መረፃ ርክብ ዘለዎ ሞያ ዘለዎም ማለት ብሕጊ፣ ብፖለቲካል ሳይንስ፣ ወይ ብምምሕዳር ብስታስቲክስ፣ ብኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ ወይ ካልኦት ርክብ ዘለዎም ወገናት ዘለዓለ ሞያ ዘለዎም ወገናት ብስልኪ እዚኦም ኣባላት ኮሚሽን መረፃ ትግራይ ይኹኑለይ ኢሉ ህዝቢ፣ ሪኢቶ ህዝቢ ዝቕበል ሓበሬታ ክህብ፣ ኮሚቴ ምልመላ ስርሑ ብዕሊ ጀሚሩ ኣሎ።

እቲ መልማሊ ኮሚቴ ካብ ህዝቢ ብዝረኸቦ ሓበሬታ ካብ ዝተሓረዩ 700 ዝፅግዑ /ድግግም ኣስማት/ ዘለዎም ወገናት ተመልሚሎም እቶም 100 ዝኾኑ ነቲ ረቛሒ ዘማልኡ ምስተሓረዩ ካብኣቶም እቶም 10 ናብቲ መወዳእታ መፃረዪ ተመልሚሎም ብመቕረባይነት ዶክተር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል ምስ ተናሓናሕቲ ውድባት ባይቶና፣ ሳልሳይ ወያነን ውናትን እቶም 8 ክሕረዩ ተጌሩ ናብ ቤት ምኽሪ ምስ ቀረቡ፣ እቲ ቤት ምኽሪ 9 ሓምለ 2012 ዓ/ም ኣብ ዘሳለጦ ኣኼባ እቲ ቤት ምኽሪ መምህር ሙሉወርቅ ኪዳነማርያም ኮሚሽነር ኮምሽን መረፃ ትግራይ፣ ምክትል ኮሚሽነር ወ/ሮ ፅጌረዳ ዱበ ኩሉ ሓዊሱ ኣባላት እቲ ኮሚሽን ዝኾኑ ኣይተ መረሳ ፀሃየ፣ ኣይተ መሓመድ ስዒድ ፣ ዶክተር ፀጋ ብርሃነን እቲ ቤት ምኽሪ ኣባላት እቲ ኮሚሽን ክኾኑ ሽሙቶም ብሙሉእ ድምፂ ኣፅዲቑ እዩ።

# ቋንቋ ከምመዐቀኒ ባእታ መንነት

ብዳንኤል ተኸሉ ረዳ (ዶር.)

ቋንቋ፥ ወዲ ሰብ ዘጥርዮን ዝውንኖን መግለፂ ፍሉይ ብቕዓቱን ክእለቱን እዩ። እዚ ሃፍቲ፥ ኣብ ሓደ ዓውደ ልሳን (Linguistic Context) ንዘለዉ ሰባት (ወይ ኣባላት ማሕበረሰብ) ዘረዳድእን ኣብ ነገራት ብውሑድ ተቐራራቢ ግንዛበ ክህልዎም ዝሕግዝ ቀንዲ መሳርሒ እዩ። ኣብ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ዝረአይ ብቕዓትን ክእለትን ግን ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለይ። ገሊኡ ሰብ ኣብ ቋንቋ ኣዝዩ ልዑል ብቕዓት ይውንን። ተጠቃምነቱ እውን ብእኡ መንፅር መጠነ ሰፊሕን ብጭዕን ይኸውን። ገሊኡ ሰብ ከዓ ኣብ ዙርያ ኣጠቓቕማ ቋንቁኡ ዘለዎ ዓቕሙ ድሩት ይኸውን'ሞ ሓሳቡ ብዝርርብ ኮነ ብፅሑፍ ንምግላፅ ይፅገም።

ተዛረብቲ ሓደ ቋንቋ፥ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት እናተረሓሓቑ እንተኸዱ ኣብ መንጎ ቋንቁኦም እውን ፍልልይ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ይፍጠር። ቋንቋ እውን ከከም ኲነታቱ ኣብ ውሽጡ ፍልልያት ክህልዉዎ ይኽእሉ። ምኽንያቱ፥ ፍልልይ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ባህርያዊ እዩ። ኣብዞም ፍልልይ ኣጠቓቕማታት ናብ ጫፋት ከይድካ ክፍተት ወይ ጋግ ካብ ምፍጣርን ነቲ ጋግ ካብ ምስፋሕን ግን ናይቲ ቋንቋ ሃፍትን ፀጋታትን ገይርካ ክጭፀሩ ይግባእ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ቋንቋ ዝፍጠሩ ፍልልያት ብኣዞ እንድሕርተታሒዞም ናይቲ ቋንቋ ዓቕሚ እዮም። ከም ፀጋታት ኰይኖም ድማ ነቲ ቋንቋ ዝዛረብ ማሕበረሰብ ኣማራፂታት ገላፅነቱ የስፍሑን የዕብዩን። ቋንቋ የሀፍትሙ።

ትግርኛ፥ ኣብ ዝዝረበሉ ዓውደ ልሳን ንዘለዉ ማሕበረሰባት ዘረዳድእ መሳርሒ እዩ ። ዓውደ-ልሳን ትግርኛ፥ ትግራይ፣ ከበሳታት ኤርትራን ክፋል ሰሜን ጐንደርን ከምዝኾኑ ምሁራት ብዙሓት ፅሒፎሙሉን ተመራሚሮሙሉን። ነዚኦምን ንኻልኦትን ሓዊሱ ትግርኛ ብድምሩ ልዕሊ ዓሰርተ ሚልዮን ህዝብታት ይዛረቡዎ። ኣብዞም ከባብታት ንዘለዉ ኣካላት ብዘይካ ዝኾነ ዓይነት ፀገም ከረዳድእ ዝኽእል ዓቕሚ ኣለዎ። ኣብ ትግርኛ ብዝተፈላለዩ ኲነታት ክዉን ዝኾኑ ፍልልይ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ኣለዉ። እዚኣቶም ብሓደ መግለፂ፥ ኣፍንዳ ይበሃሉ። "ኣፍንዳ" ዝብል ቃል ንብዙሕ ኣንባቢ ትግርኛ ብሩህ ዘይከኾነሉ ይኽእል። "ኣፍንዳ" ሓደ ሓደ ጊዜ "ላህጃ" ካሊእ ጊዜ ከዓ "ከባብያዊ ፍልልይ" እናተበሃለ እውን ይፅራሕ። ዝኾነ ኰይኑ፥ "ኣፍንዳ" ዝብል ቃል "dialect" ንዝብል ቃል እንግሊዝኛ ተኪኡ ኣብ ረብሓ ዝወዓለ ኣምር እዩ።

ኣፍንዳ፥ ጥቕልል ብዝበለ መልክዑ ኣብ መንጎ ሓደ ቋንቋ ዝዛረቡ ኣባላት ማሕበረሰብ ብሰንኪ ዝፍጠር ጂኦግራፍያዊ ምርሕሓቕ፣ ብፆታ፣ ብዕድመን ብሰንኪ ውልቃዊ ቅዲ ኣጠቓቕማ ቋንቋን ዝኽሰት ፍልልይ ኣጠቓቕማ ቋንቋ እዩ። ኣፍንዳ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ይፍጠር። ሓደ ቋንቋ ብዙሓት ተዛረብቲ ምስ ዝህልዉዎ ዝነብረሉ ቦታ ስፍሓቱን ምብትታንን ምስ ዝህልዉ፤ ዓንቀፅ ርክባት (communication barriers) ከምጐቦታት፣ ወሓዝቲ ሩባታት፣ ዓዘቕትታት፣ ምክፍፋላትን ከምኡ እውን ፅልዋታት ጐረባብትን መዳውብትን ምስ ዝሕይሉ፤ ኣርዑት መግዛእቲ ምስ ዝብርትዖ ... ዝተፈላለዩ ኣፍንዳታት ክህልዎ ባህርያዊ እዩ። ኣፍንዳዊ ፍልልያት ኣጠቓቕማ ቋንቋ ፤ ከባብያዊ ፣ ፆታዊ ፣ ዕድማዊ ፣ ሙያዊ ወዘተ. ክኾኑ እኳ እንተኽኣሉ ንሎሚ ኣብ ከባብያዊ ላዛታት ክነተኵር።

ከባቢ፥ ንምፍጣር ፍልልይ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ሓደ ምኽንያት እዩ። ሓደ ቋንቋ ዝዛረቡ ሰባት፥ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣብ ማሕበራዊ ርክባት፣ ብንግድን ካልኦት ንጥፈታትን እንተይተራኸቡ ይተርፉ። ቋንቋ ብባህሪኡ ተለዋዋጥን ዓባዪን እዩ'ሞ ቋንቋ እዞም ማሕበረሰባት፥መልክዑን ቅርፁን እናተለወጠ ይኸይድ። ንኣብነት፡- ቅድሚ ምኢቲ ዓመት ዝነበሩ ኲነታት ትግራይ ንሕሰብ እሞ፣ ኣብ ዞባ ምዕራብ ዘለዉ ተዛረብቲ ትግርኛ ኣብ ዞባ ደቡብ ምስ ዝነበሩ ተዛረብቲ ትግርኛ ኣብ ንግዲ፣ ማሕበራዊ ንጥፈታትን ሃይማኖታዊ ተሳልጦታት ዝራኸቡሉ ዕድል ድሩት ምንባሩ ንርዳእ። ኣብ ክልቲኦም ቦታታት ይነብሩ ዝነበሩ ተዛረብቲ ትግርኛ ኣብ ኣጠቓቕማ ቋንቀኦም ውሱን እንተኾነ እውን ፍልልይ ኣለዎም።

ኣፍንዳ፥ ኣብ ቋንቋ ባህርያዊ ከምዝኾነ ሓ'ቢርና። ኣፍንዳ፥ ኣብ ኣጠቓቕማ ትግርኛ እውን ብስፍሓት እነስተውዕሎ ነጥቢ እዩ። ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ዝተዘረበ ይዘረብ ብዘየገድሽ ትግርኛ እዩ። ተዛረብቲ ትግርኛ ብገዛእቲ ደርቢ ኣምሓራ ፀቕጥን ዕብለላን ባህልን ቋንቋን ነይሩና። ኣብ ልዕሊ ትግርኛ እውን ሰፍ ዘዩብል ዓፈና ይግበር ነይሩ። ተዛረብቲ ትግርኛ ብቋንቀኦም ክዛረቡ ሕንኪ ኰይኑዎም። ኣብ ሓዘን፣ ኣብ ሓጐስ፣ ኣብ ካልኦት ማሕበራዊ ንጥፈታት ከምድላዮም ኣዩራኸቡን ነይሮም። ሕብረተሰብ ድማ ብድልየት ገዛእቲ ደርቢ ናብርኡ እናመረሐ ነይሩ። ቀስ ብቐስን በብንኡሽተይን በብኸባቢኡ ፍልልያት ኣጠቓቕማ ትግርኛ ተፈጢሮም። እዞም ፍልልያት ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ እናሰፍሑ መፂኦም። ኣብ ከይዲ፥ ትግርኛ ጠርናፊ ስኢኑ።

ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተሓ'በረ፥ ኣብ ሓደ ቋንቋ ዘለዉ ፍልልይ ኣጠቓቕማታት ናብ ጫፋት ከይድካ ክፍተት ካብ ምፍጣርን ነቲ ክፍተት ካብ ምስፋሕን ናይቲ ቋንቋ ሃፍትን ፀጋን ገይርካ ምቕጻር ግንዛበ ክነሕድረሉ ዝግባእ ኣገዳሲ ጉዳይ እዩ። ብርግፅ፥ ፍልልያት ሓደ ሓደ ጊዜ ናብ ክልተ ጫፋት ዝኸዱ ክኾኑ ይኽእሉ። ኣፍንዳ፥ ንኽልቲኦም ዘልዐልናዮም ዛዕባታት መልክዓት ይውንን። ብሓደ ገፅ፣ ኣፍንዳ ንሓደ ቋንቋ ፀጋ እዩ። ብኻሊእ ገፅ፣ ኣፍንዳ ንሓደ ቋንቋ ሓደጋ እዩ። ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ዘለዉ ኣፍንዳታት እውን ንቋንቋ ትግርኛ ሓደጋታት ክኾኑ ይኽእሉ፤ ፀጋታት እውን ክኾኑ ይኽእሉ። ንምንታይን ብኸመይን? ዝብሉ ሕቶታት ምልዓል ግርም እዩ። በብኸባቢኡ ዝዝረቡ ኣፍንዳታት ኣኪብናን ሰኒድናን ማዕረ ዕድል ክረኽቡ ገይርና ናብ ረብሓ እንድሕርኣውዒልናዮም፥ ከባብያዊ ስምዒታትን ምስሕሓብን ንቕትል። ብተወሳኺ፥ ትግርኛ ሃፍቲ ቃላቱ ይልዕል'ሞ ብዓቕሚ ድልዱልን ናይ ምግላፅ ዓቕሙ ዝበረኸ ይኸውን። ትግርኛ፥ ኣምራትን ነገራትን ንምግላፅ ዝተፈላለዩ ኣማራፅታት ይውንን። ፀጋነት ከባብያዊ ላዛ እዙይ እዩ።

ብኻሊእ ገፅ፥ ኣፍንዳታት ኣብ ትግርኛ ሓደጋ ክኾኑሎም ዝኽእሉ ዕድላት ሰፊሕ እዩ። ከምቲ ዝበሃል "ሓጭን ይበሃል ... ኣይፋሉን ሓፂን ደኣ" ኣብ ዝብሉ ደቀቕቲ ነገራት እንድሕርኣድሂብና፤ "ዕቡኖ ማለት ኣዳኖ እዩ ... ኣዳኖ ማለት እውን ዕቡኖ እዩ" ኣብ ክንዲ ምባል "ዕቡኖ ይበሃል ... ኣይፋል'ባ ኣዳኖ ይበሃል" እናበልና ጊዜ ነጥፍእ እንድሕርኬንና ንትግርኛ ሓደጋ እዩ። እዞም ስምዒታት፥ ተራ ወነ ዝወልዶም ኣበራት እዮም። እዞም ስምዒታት ንትግርኛ ኣብ ክንዲ ዘህጥሩዎን ዘማዕብሉዎን ዝመናጥሉዎ ሰይፍታት እዮም። ብምዃኑ እውን ወነና ብውነ ቃኒና ትግርኛ ክርጉድየሎም ዝግባእ መትከላት ክንክተል ይግባእ። ከባብያዊ ኣገላልፃታት ከካብ ዘለዉዎ ብምእካብ ሰኒድና ንወሓሶም። ጠቓሮም እናነገፍና ናብ ግብሪ (ናብ ፅሑፍን ዝርርብን) ክንመልሶም ዝግባእ ርሱዓት ቃላት ትግርኛ ብዙሓት እዮም። ድሕሪ እዚ ትግርኛ ናብ ምእኹልነት ዝገብሮ ጉዕዞ የቕልሉሉ።

ኣብ ኣፍንዳን ዝህቦም ረብሓታትን ዘለና ግንዛበና ትሑት ይመስል። ኣብ ምጥቃም ትግርኛ ውጥጣት ኣለዉ። ብዙሕ ጊዜ "እዙይ ትግርኛ እዩ ... እዙይ ትግርኛ ኣይኮነን" ንበሃሃል። ከባቢ እናፈላለና ንገሊኡ ኣጠቓቕማ (ቃላት) ነቑናዕብ፤ ንገሊኡ ኣጠቓቕማ (ቃላት) ከዓ ነተዓባቢ። ገሌና ንናይ ገሊኡ ከባብያዊ ላዛ እናጠቐስና መሳለቒ ንገብሮ። ሰባት ብኣዘራርበኦም ብላዘኦምን ክሓፍሩ ላሕ ንብል። ኣብ ክሊ እዙይ ሓደ ምስቲ ካሊእ ይታኸን። ናብ ስምዒት ይኣትው። ካብ ትግርኛ ንቑሸትና ዝያዳ ነቕርብን ክብሪ ንህብን። ምስ ጐጣዊ መንነትና ብምትእስሳር ምስ መበሃልትና ንኰራኺሕ። ናብ ንሕንሕ ኣቲውና ንጐናፈጥ። ቃላትን ኣገላልፃታትን ኣብ ዝተዘረቡ ከባቢ ይዘረቡ "ኲሎም ናትና ... ኲሎም ይብፅሑና" ዝብል መንፈስ ኣየጥረናን። ከምቀልዲ፥ ትግርኛ ኣብ ፅላል ኰፍ ኢልና ነዋልዳ። "ኣብዙይ ተወሊዳ ... ኣብዙይ ባፂሓ ... ኣብዙይ ኣሪጋ ... ኣብዙይ ሓሚማ ... ኣብዚ ሞይታ ... ኣብቲኡይ ተቐቢራ ወዘተ." እናበልና ንጭርቕ። ብዙሕ ለዋህ ተዛራቢ ትግርኛ ከምዋዛ እንተውግዖ ትሰምዕ። ገዚፍ ጌጋ እዩ። እዙይ መርዚ እዩ። እዙይ ሓደጋ እዩ። ንዕብየት ስነ-ፅሑፍ ትግርኛ ዓንቂ እዩ። ብተወሳኺ፥ ብዙሓት መዘዛት እውን የኸትል። እምበርማ፥ ቅፅሊት፣ ፍጮ፣ ፍርንግጥ፣ ፍራጕጣ፣ ድርብ ስኒ፣ ጣውኖን ፈንጠቔረን ንሓደ ኣምር ዝገልፁ ዝተፈላለዩ ላዛታት እዮም። ከም ንቡር'ማ፥ ሬማ፣ ቃዕዮ፣ ዕየት፣ ላዕባን ሌማን ሓደ እዮም።ትግርኛ፥ ኣይሞተትን ኣይተቐበረትን። መሳርሒ ክትመውትን ክትቅበርን ዝደልዩዋ ትምክሕተኛታት ኣይንኹን።

ከባብያዊ ላዛ ትግርኛ ቅቡል ብዘይምግባርናን ኣፍልጦን ክብርን ብዘይምሃብና ኣብ መንጎና ምትሕርፋፍ ይፍጠር። ዘይምቅድዳው የጓንፍ። ማሕበራዊ ርክብና ዓንቂ ይኣትዎ። ኣብ መንጎ ተዛረብቲ ትግርኛ ክህልው ዝግባእ እወንታዊ ርክብ የሻሕኽር፤ ከም ተዛረብቲ ትግርኛ፥ ኣብ ቋንቋና ክህልወና ዝግባእ ማዕራዊ ስምዒት ዒባ ዝጥፍንን ዝበትዕን እዩ። እዞም ነገራት ብውሕሉል ኣገባብ እንድሕርዘይ-ተታሒዞም ብሰንክነቶም ዝፈጥሩዎ ጋግ ማሕበራዊ ምኵርኳሕ ገዚፍ እዩ። ውሽጢ ውሽጢ ዝቀማሰል ክዉል በሰላ ኣለዎም። ከምተጋሩ ነዓና ኣይድንቅን። ከም ኣተሓሳስባን ተግባርን እንተሰሪቱ ንትግርኛ እውን ሕማቕ እዩ። ሓደጋ ከስዕብ ዝኽእል ኣረኣእያ እዩ። ክቕረፍን ካብ ኣእምሮና ሓፂብና ክንጕሕፎን ይግባእ። እዚ ውፅኢት ብግዲኡ ንዕብየት ስነ-ፅሑፍ ቋንቋና ክንወፍሮ ዝግበአና መንገዲ ሰጊ ዝመልእ፤ ንዕብየት ስነ-ፅሑፍ ቋንቋና ክነዋድዶ ዝነበረና ሓባራዊ ትርኑዕ ቅልፅምና ዘማህምን ይኸውን። ትግርኛ፥ "ብእኒ እከለ ሓሚማ ... ሞይታ ዶ ተቐቢራ" ዝብሉ ኣበሃህላታት ሓደነት ህዝቢ ትግራይ ከምረመፅ ዝልብልቦም ትምክሕተኛታት ካብ መንነትና ክንንፀል፣ ከምተጋሩ ነንባዕልና ክንቈራቔስን ሕንን ክንበሃሃልን ኰነይ ኢሎም ዝፈጠሩዎ ነበረያ ነበረ እዩ። እማን እዩ፥ ሓደነት ህዝቢ ትግራይ ብዳእላ ኣዩፍከኽን። ዝኾነ ኰይኑ ግን ኣያም ምባል የድልይ።

ትግርኛ ሃፍታም ቋንቋ እዩ። ንሓደ ተገላፂ ኣምር ወይ ሓሳብ ብዙሕ ኣማራፂ ዝህብ ቋንቋ እዩ። ትግርኛ ተዓፃፃፊ ቋንቋ እዩ። ኣተሓሳስባናን ኣስተንትኖታትናን ክንዲ ድላዮም ይበርኹ ክንገልፆም እንተፈቲና ትግርኛ ኣየሕንኽናን። ሰገጥ ኣዩብልን። ነዚ ፀጋ ህላውኡ ፈሊጥና ብተግባር እንዋሰኣሉ ክንደየናትና ንኸውን? ብወገነይ ኣዝዩ ውሑድ ሰብ ኢለ'ለኹ። ትግርኛ ናብቲ ዘለዎ ርሾን ሃፍትን ኣገላልፃታትን ቃላትን በብኸባቢኡ ዝዝረቡን ኣብ ኣገልግሎት ዝውዕሉን ኣፍንዳታት እንድሕር-ወሲኽናሉ ይምዕብል። ዝያዳ ይግብል። ኣፍንዳታት ትግርኛ ፀጋታት ምዃኖም ብምእማን ብኣግባቡ ብመልክዕ መዝገበ-ቃላት ኣኪብናን ሰኒድናን ከፅነዖን ክጥቀመሉን መሊስና ናብ ህዝቢ እንድሕር-ኣቕሪብናሉ፤ እንትንዛረብን እንት ንፅሕፍን ኣብ ኣፍንዳታት ሌላን ጉሌላን እንድሕር-ዘይፈጢርና፤ ጥበባዊ ድርሰታትናን ካልኦት እንፅሕፎም መፃሕፍቲ ታሪኽን ከከምኣድላይነቱ ብከባብያውያን ላዛታት እንድሕርኣማዕሪግናዮም ... ትግርኛ ተወሳኺ ዓቕሚ ይረክብ። ትግርኛ ይበስል። ኣብ ልዕሊ ዘለዎ ሃፍቲ ካሊእ ሃፍቲ ይውስኽ። ንላዛታት ትግርኛ በዚ መንፅር እንድሕርዘይጠሚትናዮም ግን ሓደግኡ ከቢድ እዩ። ተኽሊ ብዘይጨናፍራን ብዘይ ቈፅላን ህይወት ኣዩህልዋን። ነዚ ጉዳይ፥ ስነ-ህይወታዊ ትንታነን መረዳእታ ክልስ ሓሳብ ምቕራብን ኣየድልዮን። ንትግርኛ ህይወቱ ከባብያውያን ላዛታቱ እዮም። ነዚኦም እናነፀልና ነጓንዮም እንድሕርኳንና ንብርሰት ንፈርደሉ ኣለና። ኣንፃር ላዛታቱ እንድሕርተሰሊፍና፣ ትግርኛ ውዒሉ ሓዲሩ ይስጥር።

ኣብ ከባብያውያን ላዛታት ትግርኛ ንዝፍጠሩ ክፍተታት ንምፍኳስን ብእኡ ኣቢልካ ንምዕባስን ካብዚ ንታሕቲ ንዝቐረቡ ነጥብታት፥ ተጠቀምቲ ልቢ ክንብሎም ይግባእ። ክንገብሮም ዝግብኡና ገዝፍቲ ዋኒናት ኣለዉ። መፍትሒ መሲሎም ዝረኣዩኒ ሓሳባት ወስ ከብል። ሓደ፣ በብኸባቢኡ ዝዝረቡ ላዛታት ትግርኛ ናብ ሓደ ቡኸራ ይዋህለሉ። ብተደጋጋሚ ከምዝተለዓለ፥ ቃላት ንሓደ ቋንቋ ዓቕሙን ሓይሉን እዮም። በብኸባቢኡ ዝዝረቡ ቃላዊ ፍልልያት ትግርኛ ናብ ሓደ ተኣኪቦም ተዛራቢ ትግርኛ ክጥቀመሎም እንድሕርክኢሉ ትግርኛ ዓቕሚ ይረክብ። ትግርኛ ይድልድል። እዙይ ጥሉል ሓቂ እዩ። ክንከራኸር ኣዩግባእን። ክልተ፥ ምሁራት ቋንቋ ብኣማእኻልነት ሓደ ትካል (ኣብነት፡- ኣካዳሚ ቋንቋታት ትግራይ) ተኣኪቦም ንዝተዋህለሉ ላዛታት ሳይንሳዊ ትንተናታት ብምሃብን ብኣግባቡ ብምስናድን ትግርኛ ናብ ምእኹል ኣጠቓቕማ ቋንቋ (standardized Language) ዝወስድ መንገዲ ክኽተል ይሓግዙ። ትግርኛ ምእኹል እንድሕርኰይኑ ንተጠቃሚኡ ብዘይሕርኽራኽ ከረዳድእ ይኽእል። ሰለስተ፥ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዘለዉ ተምሃሮ ኣብ ከባብያዊ ላዛታት ትግርኛ ግንዛበ ኣሕዲሮም ብእኡ መንፅር ትግርኛ መሊኾም ከም ዓይነት ትምህርትን ከም መምህሪ ቋንቋን ብኣግባቡ ክጥቀምሉ ባይታ ክፍጠረሎም ይግባእ። ብፍላይ መምህራን ትግርኛ፣ ብሓፈሻ ትግርኛ ከም መምህሪ ቋንቋ ዝጥቀሙ መምህራን ኣብ ትግርኛ ፍልልያት ምህላዎም ፈሊጦም ብእኡ መጠን ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ግቡእ ጥንቃቐ ክገብሩ ይግባእ። ኣርባዕተ፥ ሓንፀፅቲ ስርዓተ ትምህርትን ኣዳለውቲ መምህሪ መፃሕፍትን ኣብ ዝሰርሑዎም ስራሕቲ ውፅኢት ስርሖም ናብ ተጠቃሚ ቅድሚ ምብፀሖም፤ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ምስ ካልኦት መድረግቲ ኣካላት (stakeholders) ብምዃን ኣብ ኣጠቓቕማ ቋንቀኦም ገምጋማዊ ተፍትሽ ክገብሩን ንዘጓንፉ ክፍተታት መኣረምታ ክቕምጡን ዘሎ ወድዓዊ ሓቂ ይጠልብ።

ዘይሩ ዘይሩ፥ ንኣፍንዳታት ትግርኛ ግቡእ ቈላሕታ ብምሃብ፣ ብምፅናዕን ብምስናድን ሓደ ድልዱል ቋንቋ ኣብ ምፍጣር ኣብ እንገብሮ ምምጥጣር ከም ዘዩንቕነቕ ሸኻል ገይርና ክንወስዶ ይግባእ። ኣውራጃዊ ስምዒት ብምርሓቕ ንኹሎም ላዛታት ትግርኛ ማዕረ ዓይኒ ብምሃብ ትግርኛ ደልዲሉ ኣብ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ቊጠባዊ፣ ባህላውን መሰል ምንቅስቓስ ማሕበረሰብ ንዝለዓሉ ዛዕባታት ብም'ሉእነት ንምግላፅ ድልዱል እንግዳዕ ዘጥርየሉ ዕድል ክንፈጥር ይግባእ።

ክርሳዕ ዘይብሉ ነጥቢ፥ ዕብየት ትግርኛ ምግሃድ ማለት ኣብ ማሕበራዊ፣ ቊጠባዊ፣ ባህላውን ፖለቲካውን መዳያት እውን ስሉጥ ምዕባለ ምርግጋፅ ማለት እዩ። ብተደጋጋሚ ከምእንዕዘቦ "ትግርኛ ብስነ-ፅሑፍ ይዕበይ።" ይበሃል። እዙይ ክንጀሃረሉን ምስ ካልኦት ቋንቋታት እናነፃፀርና ክንንየተሉን እንተይኰነስ ዕብየት ትግርኛ ዕብየት ኲለንተናና ዘረጋግፀልና ስለዝኾነ እዩ። ዕብየት ትግርኛ እንተዓብዩ ንሕና ከም መጠን ተዛረብቱን ተጠቀምቱን ብማሕበራዊ፣ ቊጠባዊ፣ መንፈሳዊ፣ ባህላውን ፖለቲካውን ሸነኻት ንዓብይ ምኳንና ር'ጉፃት ክንከውን ይግባእ። ዕብየት ትግርኛ ግን ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ይጕተት ኣሎ። ቀንዲ ምኽንያት ኣብ ከባብያዊ ላዛታት ትግርኛ ዝረአይ ሻራውን ጐጣዊ ኣተሓሳስባ እዩ። መንግስቲ ነዚ ኣተሓሳስባ ዝሰብር፣ ላዛታት ትግርኛ ብማዕረ ዓይኒ ዝጥምት፣ ትግርኛ ብስነ-ፅሑፍ ገቢሉ ተዛረብቱ ኣብ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ባህላውን ቊጠባውን ግስጋሰታቱ ግቡእ ኣገልግሎት ክህበሉ ዝኽእል ባይታ ንምንፃፍ ዝሕግዝ ኣካዳሚ ቋንቋታት ትግራይ ከጣየሸ ገይሩ። እዚ ትካል፥ ዘኽቲ እናተነጠፈሎም ንዝፀንሑ ምንቅስቓሳት ኣፍልጦ ዝህብን ተወሰኽቲ ስራሕቲ ብምዕማም ንጥፈታት ዘርጕዱን ዘተባብዑ ጅማሮታት ኣብ ምዕማምን ኣብ ምውጋንን ይርከብ። ንጥፈታቱ ንቕድሚት እውን ተጠናኺሮም ክቕፅሉ እዮም። ቋንቋ ካብቶም ባእታታት መዐቀኒ መንነትና፣ ዝገዘፈ ባእታ እዩ'ሞ ዓቕሚ ቋንቋና ኣብ ዘስሕዉ ዕግሽግሻት ጊዜና እናሰዋእና ብመንነትና ኣይንግጣላዕ።



# መናእሰይን ስፖርትን





## ስምረት-ጥበባት!

ብግርማይ ተ/ብርሃን

ኣብ ከተማ ማይጨው ሎሚ ዓመት ን1634 መናእሰይ ስራሕ ዕድል ተፈጢርሎም። ሕ/ሰብ ዝደልዮ ልቓሕ ንምሃብ 25 ሚልዮን ብር ንምዕቋር ተተሊሙ። ካብዚ 20 ነጥቢ 5 ሚልዮን ብር ተዓቒሩ።ን941 መናእሰይ ስራሕቲ ንምጥንኻር 26 ሚልዮን ብር ልቓሕ ተዋሂቡ። ካብዚ ድማ 18 ነጥቢ 4 ሚልዮን ብር ወይ 79 ሚኢታዊ ተመሊሱ ይብሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት ዘርፊ ጉዳይ ሰራሕተኛ ተሳትፎን ተጠቃምነትን ሕ/ሰብ መተሓባበሪ ምልዕ ዓልን ምውዳብን ኣይተ ሳምኤል ረዳኢ።

መስርሕን መሸጥን ቦታ ን370 መናእሰይ ንምሃብ ተተሊሙ፤ ካብዚኦም ን186 ተዓዲሉ።እዚ ሽትኡ ክወቅዕ ዘይካኣለ ገሊኡ ምስ ዘሎ ዘይምምላእ መሰረተ ልምዓት ዝተሓሓዝ እዩ።ከምኡ እውን መናእሰይ ኣብ ዝደለኹዎ ቦታ እንተዘይኮይኑ ኢሎም ዝተወሃቦም ቦታ ከይኣተዉ ዝተርፉ ኣለዉ።መጠሻ ብምሃብ መዳይ እውን ን629 መናእሰይ መጠሻ ንምሃብ ተተሊሙ።ካብዚኦም ን432 ተዋሂቦም።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ምንፃፍ ምዕሩግ እምኒ /ኮብልስቶን/ ተዋፊሮም፣ ከባቢኦም ኣልሚዖም ዝረኸብወን ገንዘብ ኣብ ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ዓቑሮም። ልቓሕ ወሲዶም። ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ተዋፊሮም። በብእዋኑ ዝረኸብዎም ኣታዊ ብኣግባቡ ብምጥቃም ካፒታሎም ዘዕበዩ ናብ ዝሓሸ ብርኪ ዝሰጋገርሉ ኣሰራርሓ ኣሎ።በዚ መሰ ረት ዓሚ ኣብ ግዝያዊ ስራሕ ካብ ዝነበሩ 400 መና እሰይ እቶም 314 ናብ ቀወምቲ ደኣንት ምስግ ጋሮም ኣረዲኦም፡፡

ኣብቶም ለወጥቲ ዝበሃሉ ስራሕቲ ማኑፋ ክቸሪንግ፣ ኮንስትራክሽንን ከተማ ልምዓትን ኣብ ምውፋር ደቂ ተባዕትዮ ግንዛበኦም ኣዕብዮም ለዋ ጥነቶም ጠለቦምን ተረዲእዎም።ናብ ተግባራዊ ምንቅስቓስ ይኣትዉ ኣለዉ።ነዚኣቶም ንምትብባዕ መንግስቲ ኣድላይ ደገፋት ይገብር ኣሎ።ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ግና ልቓሕ ምፍራሕን ክወፆ ድየ ዝብል ስግ ኣትን ይራኣየን እዩ።ነዚ ንምእላይ ግንዛበአን ንምዕባይ ምስራሕ ኣድላይ ምዃኑ ኣይተ ሳምኤል ይዛረቡ፡፡

ኣብታ ከተማ ዘሎ ምንቅስቓስ ተዓዚበ፣ ሕዚ ድማ ናይ ሓደ መእሰይ ተመኩሮ ከቕርበልኩም ሰዓቡኒ።ኣብ ሓሸንገ ተወሊዱ።ገዝኡ ካብ ቤት ትምህርቱ ርሑቕ ስለዝነበረ፣ ናብ ትምህርቲ ብጉያ እናተመላለሰ ተማሂሩ።በዚ ምኽንያት ጉያ እናመ ለኸ ብምኻዱ ብ1999 ዓ/ም ኣብ ወረዳ ኦፍላ ውድ ድር ጉያ ምስታፍ ጀሚሩ። እናጎየየ እናተማሃረ እንከሎ 10ይ ክፍሊ ነጥቢ ኣይመፀሉን።

ናብ ሰቓጣ ብምኻድ ብዲፕሎማ ኣርቲቴክቸር ወይ ድራፍቲንግ ቴክኖሎጂ ተመሪቑ። ድሕሪኡ ኣብ ጣንቋ ኣበርገለ ብስራሕ መንግስቲ ተቖፂሩ ክሰርሕ ጀሚሩ።ኮይኑ ግና ፍቕሪ ኣትሌቲክስ ስለዝሓየሎን ዝተማሃርክዎ ሞያ ኣብ ኮንስ ትራክሽን ክጥቀመሉ ኣለኒ ኢሉ ወሲኑ። ናብ ከተማ ማይጨው ተመሊሱ፣ ብሎኬት ምፍራይ ሓደ ኢሉ ጀሚሩ። ናይ ውልቀ መማኸሪ ዲዛይን፣ መሃንዲስ፣ መፍረያይ ብሎኬት፣ ኣትሌት፣ ሰኣሊ መንእሰይ ሓለፎም ኣብራሃ፡፡



ጥበበኛ መንእሰይ ሓለፎም ኣብራሃ

ሓለፎም ፅቡቓት ሞያታት ኣለዉዎ።ንባዕሉ ጥራሕ ዘይኮኑ ንካልኦት መናእሰይንን ንክልልናን ረብሓ ዘለዎም እዮም። ካብዚኦም እቲ ኣብ ሰቖጣ ዝተምሃሮ ናይ ባዕሉ ስራሕ ንምስራሕ ብምሕሳብ እዩ።በዚ መሰረት ብሎኬት ንምፍራይ ኣብ ማይጨው ገዛ ተካርዮ ኣስተኻኺሉ፣ ዓብዪ ቐፃሪ ብምእታዉ ብሎኬት ምፍራይ ጀሚሩ። ኣብኡ ኮይኑ ብዙሕ ሰሪሑ፣ ብዙሕ ተፈሊጡሉን ፅቡቕ ዕዳጋ እውን ረኪብሉን እዩ። ድሕሪ ጊዜ ግና ሰብ ገዛ ውፀልና ክንጥቀመሉ ኢና ኢሎምዎ። ሰብ ገዛ ድማ ብሎኬት ንምፍራይ ተጠቂሞምሉ። ካባይ ሪኡ ንዓይ ዝመስል መንእሰይ ብምፍጣሩ ሕጉስ እየ።ካልኣይ ሓለፎም ኣፍርየ ኣለኹ ይብል፡፡

ደኣንት ፀገሙ ሪኡ ፅቡቕ መንገዲ፣ ማይን መብራህትን ዘለው መስርሕን መሸጥን ቦታ ብዝሓተቶ መሰረት ሂብዎ። መስርሒ ቦታ ምስቀየረ ፀገም ዕዳጋ ኣየጋጠሞን። ፈለማ ሓንቲ ማሽን ነይራቶ። ሎሚ እቶቱ ንምዕባይ ተወሳኺ ማሽን መፍረይ ብሎኬት ንምግዛእ ምድላዉ ወዲኡ ኣሎ። ሓለፎም በብእዋኑ ዝረኸቦ ገንዘብ ብኣግባቡ ዝዓቁር መንእሰይ እዩ።ፈለማ 30 ሽሕ ዳሓር ድማ 60 ሽሕ ብር ተለቒሑ ብኣግባቡ ብምጥቃም ብእዋኑ መሊሱ። ሕዚ ግን ልቓሕ ስለዝ ደንጎዮ ካርታ ገዛ ኣትሒዙ ክልቃሕ እንተደለየ እውን እቲ ኣሰራርሓ ደው ብምባሉ ከባቢ 6 ኣዋርሕ ልቓሕ ከምዘይረኸቦ ይገልፅ፡፡

ካብ ፈለማ ጀሚሩ ሰለስተ ቀወምቲ ሰራሕተኛታት ኣለውዎ። መዓልታዊ 500 ብሎኬት የፍርይ። በዝሒ ትእዛዝ ብሎኬት እንትህልዎ፣ ተወሰኽቲ ሰራሕተኛታት ይቖፅር። እቲ መንእሰይ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት፣ ተጫሪቱ ገዛ ብሊዝ ብምግዛእ መዕረፊ ጎኑ ወኒኑ ኣሎ። ብስግግር ደኣንት መሰረት እውን ናብ ማኑፋክቸሪንግ ካብ ዝተሰጋገሩ መርኣያታት መንቀሳቐስቲ ደኣንት ሓደ እዩ። ከምቲ ንደልዮ ንከይሰርሕ ሕፀረት ስሚንቶን ዋጋ ምንሃርን ንስራሕ ዕንቅፋት ይኮነና ኣሎ። በዚ ክንረኽቦ ዝግበኣና ዝነበረ ኣታዊ ካብ ኢድና የምልጠናን ቀልጢፍና ንከይንልወጥ ይገብረና ኣሎ ይብል፡፡

ሓለፎም ዋላ ብዙሕ ዕንቅፋት እንተገጠሞ ጠንኪሩ ብምስርሑ ይልወጥ ኣሎ።ብእግሩ ዝጓዓዝ ዝነበረ፣ ብብሽክሌት ሎሚ ድማ ብሞተር ይጓዓዝ ኣሎ።ሳላዝተማሃረ ኣብ ወረቀት ዝፅሕፍ ዝነበረ ብኮም ፒተር ይፅሕፍ ኣሎ። ካብ ሳእኒ፣ ክዳን፣ ማልያን ቱታን ግዝኡለይ እናበለ ንስድራ ምፅጋም ወፂኡ።ዓርሱ ክኢሉ ንስድራ እውን ንምድጋፍ ፀዓርዓር ይብል ምህ ላዉ ሓቢሩልና፡፡

ካሊእ ሞያ ሓለፎም ጉያ እዩ።ንዓርሱ ጎያይ እዩ። ካልኣይ ብርኪ ሞያ ኣሰልጣንነት ኣትሌቲክስ እውን ኣለዎ።ቅድሚ ሕዚ ዘሰልጠኖም ኣትሌታት ኣብ ክለብ ኣትሌቲክስ መስፍን ኢንዳስትርያል ኢንጅነሪንግ ተሓቑፎም ኣለዉ።ነዚ ኣጠናኺሩ ንክቕፅለሉ ድማ ሓሸንገ ኢንተርናሽናል መሰልጠኒ ኣትሌቲክስ ክለብ ዝብል ማእኸል መሰልጠኒ ንምኽፋት ምንቅስቓሳት ጀሚሩ ኣሎ።ንዓርሱ እውን ብኣትሌቲክስ ኣብ ዝለዓለ ብርኪ ንምብፃሕ ምስ ስራሕቲ ምፍራይ ብሎኬት፣ ምምካር ምህንድስናን እናዋደደ ልምምድ ኣትሌቲክስ ይሰርሕ ኣሎ፡፡

ሓለፎም ስእሊ ከድንቕ ዝጀመረ ህፃን እናሃለወ እዩ። ሓደ እዋን ምስ እንኡ ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ቤተ ክርስትያን እንዳ ቅዱስ ጊዮርጊስ ከይዱ። ሽዑ ስእሊ ቅዱስ ጊዮርጊስ ምስራኣየ ኣዝዩ ተደሚሙ። እቲ ስእሊ ካበይ መፂኡ መንን ብከመይን ስኢልዎ ኢሉ ንኣዲኡ ይሓተን? ኣዲኡ እቲ ስእሊ ቅዱስ ጊዮርጊስ ከምኡ ህፃን ወዲ እቲ ከባቢ ከምዝሰኣሎ ኣረዲኣነኦ። ድሕሪ እዚ ፍቕሪ ስእሊ ስለዝሓየሎ፣ ምስ እንኡ ስእሊ ኣብያተ ክርስትያን ንክሪኡ ኩልሻብ ቤተክርስትያን ይኸድ ነይሩ። ድሕሪ ጊዜ ዘዝራኣዮ ነገር እናሳኣለ ምውዓል ጀሚሩ።በዚ ድማ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ እናመሓየሸ መፂኡ፡፡

ሓለፎም ናብ ሰቖጣ ከይዱ።ዲፕሎማ ክምሃር ከሎ ዝነበሮ ሞያ ስእሊ ዘዕብየሉ ኩነታት ተፈጢርሉ። ምስኡ ትጎይይ ዝነበረት ኣትሌት ክእለት ስእሉ ንከዕብዮን ንክጥቀመሉን ኢላ፣ ምስ ሓዉ ኣቦኣ ሰኣሊ ብራና ኣፋሊጣቶ። በዚ ኣዝዩ ተሓጉሱ። እቶም ሰብኣይ ምስረኸቦም፤ ስእሊ ቅዱስ ጊዮርጊስ ንክስእል ብምሕታት ዓቕሙ ክምዝ ንዎ ጀሚሮም።

ሓለፎም እውን ቅዱስ ጊዮርጊስ ጎረቤተይ ኮይኑ ስለዘዕበየኒ ተበላሽየዮ ክቑጠዐኒ እዩ ብምባል ክብሪ ቅዱስ ጊዮርጊስ እናገለፀ፤ ኣብቲ ገዛ ኮይኑ ንሓፍቱ ብሓሳብ /ስእሊ ከይራኣየ/ ብምስኣል ነቶም ሰብኣይ ኣርእዩዎም። በዚ እቶም ስኣሊ ኣዝዩም ተገሪሞም በል ጀወርግስ ስኣሎ ኢለሞ። ምኽንያቱ ኣብ ቤተ ክርስትያን ናይ ቅዱስ ጊዮርጊስ ስእሊ ከቢድ እዩ ዝበሃል ይብል።ንሱ እውን ኣብ ገዛይ ኮይነ ክስእሎ ኢሉ ንገዝኡ ከይዱ ስእሊ ቅዱስ ጊዮርጊስ ከይራኣየ ብምስኣል ድሕሪ ሓደ መዓልቲ ኣርኣዮም። በዚ እውን ኣዝዮም ተሓጎሶም ምስኦም ንክሰርሕ ከምዝገበርዎ ገሊፁለይ፡፡

ኣብ ሰቖጣ መዓልታዊ ሸቕሊ ክሰርሕ ዉዒሉ 18 ቅርሺ ይክፈሎ ነይሩ። ምስቶም ስኣሊ ሰብኣይ መስተፋለጠን ንዓይ ስኣለለይ እሞ ክሸጦ እየ ምስበልዎ ግና በብመዓልቱ እናሳኣለ 300 ቅርሺ ክረክብ ጀሚሩ። ሞያ ስእሉ እናዕበየ ዝሓሸ ክፍሊት እናተከፈለ ትምህርቱ ቀፂሉ። ብሞይኡ ቅርሲ ሃገሩ ብስእሊ ክሕለዉ ብምግባር ዓብዪ ስራሕ ሰሪሑ፡፡

ሓለፎም ስራሕቲ ስእሊ ብራና፣ ቅርሲ ኣያታትና ኣብ ምሕላው ዕዙዝ ግደ ከምዘለዎ ስለዝፈልጥ፣ ብስፍሓት ክሰርሐሉ ትልሚ ኣለዎ። ኣብ ሓሸንገን ማይጨውን ብራና ኣዳሊዉ ዘቕርበሉ ሰብ ይደሊ ኣሎ። ሓለፎም ስእሊ ኣብቲ ብራና እናሳኣለ ንወፃኢ ብምሻጥ ታሪክን ስእልን ኣሰኣእላን ዓዱ ንምፍላጥ ዓብዪ ባህጊ ኣለዎ። ገዝኡ ምስሰርሖ እውን ሓንቲ ክፍሊ መቐመጢ ስእሊ ብምግባር ዝመፅዎ ኣጋያሽ ዘዳለዎ ስእሊ ኣያታትና ብምርኣይ፤ ንሶም እውን ታሪክ ኣያታቶም ንክዕቑብ ዘዝዓቕሞም ንክገብሩ ከምመርኣያ ከምዝጥቀመሉ ይገልፅ፡፡

ኣብ ትግራይ ዘለዋ ገዳማትን ኣብያተ ክርስ ትያንን ዘለዉ ጥንታዉያን ስልእታትን ፅሑ ፋትን ብሰንኪ በዝሒ ዕድመ፣ ብማይ ብኣናፁን ካልኦትን ዝተቀዳደዱን ሃሲሶም ዝበላሸውን ቁፅ ሮም ቀሊል ኣይኮነን። ገሊኦም ፈፂሞም ክርከቡ ዘይኽእሉ ስእልታት፣ ታሪካትን ምሽጥራትን ኣያታትና ክልል ናን ሃገርና ዝሓዙ እናሃለዉ ግና እናጠፍኡ ይርከቡ።

ቅርስታትና ናብ ውሉድ ወለዶ ክሓልፉን ክዕቀቡን እንተኾይኖም፤ ብራና ምድላው ኣብኡ ምስኣልን ምፅሓፍን ዝኽእሉን ከም ሓለፎም ዝበሉ መናእሰይ ብምውዳብ፤ ነቶም መፃሕፍቲ ብራና ኣኪብካ ወይ ኣብ ዘዘለዉዎ ብምኻድ ዳግም ክፃሓፉን ክሳኣሉን ምግባር ወሳኒ እዩ።እዚ ሰለስተ ረብሓ ኣለዎ። ፈለማ ንመናእሰይ ስራሕ ዕድል ይፍጥር፣ ታሪክና ይዕቀብ ተወሳኺ እቶትን ፍለጠትን ንረኽበሉ ዕድል ክሰፍሕ ይገበር ክንብል ንፈቱ፡፡

**ሕዚ'ውን መስመርና ኣፅኒዕና ንመኸተ !**